# ኣስተርእዮ

መጽሔት ቍጽሪ ፪

7 ጥሪ 2022



# ትሕዝቶ ኣርእስታት

ቃል ኣሰናዳኢ . . . . . . . . . . . . . . 1

ብሥራት ልደት . . . . . . . . . . . . . . 2

መንፈስካ’የ ዝደሊ . . . . . . . . . . . . 6

ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን . . . . . . . . . . . 9

ዓስቢ በለዓም . . . . . . . . . . . . . 15

ክርስቲያናዊ ቤተ-ሰብ . . . . . . . . . . .22

ሾብዓተ ልማዳት መንፈሳዊ ሕይወት . . . . . . 29

ጥምቀት ሕፃናት ብትምህርቲ ኦርቶዶክስ . . . . . 32

እዚ መጽሔት ብግዱሳት ኣገልገልቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ-ክርስትያን ዝዳሎ ኢዩ። ኣብዚ መጽሔት’ዚ ብሥነ-ጽሑፍ ክሳተፍ ዝደሊ እንተ ኣሎ ኮይኑውን እቲ ዕድል ርሕው ኢዩ። ንዝህልወኩም ሕቶ ይኹን ርእይቶ ወይ እውን ናብ ኣንበብቲ ክዝርጋሕ እትደልይዎ መንፈሳዊ ጽሑፍ፣ በዚ ዝስዕብ ናይ ኢ-መይል ኣድራሻና ምስ ትጽሕፉልና ከም ኣድላይነቱ ከነቕርቦ ኢና።

ኢ-መይል ኣድራሻና ፡- astereyo.magazine@gmail.com

# ቃል ኣሰናዳኢ

እዚ ዘለናዮ ቅንያት ዘመነ ኣስተርእዮ፡ በዓላት ልደትን ጥምቀትን ናይ ጐይታና እንዝኽረሉ እዋናት ኢዩ። እዚ ቅንያት ብፍሉይ ነቲ ኣብ ዝኃለፈ ዓመት ከምዚ እዋን ዝተመነናዮ ኩሉ፡ ብምልኣት ኲነ ብኽፊል ብምሃብን ምኽላእን ኣባና ፍቕሩን ምሕረቱን ኣዕዚዙ ዝገለጸ እግዚኣብሔር፣ ክሳዕ እዛ ሰዓት እዚኣ ስለ ዝዓቀበናን ዘጽንሓናን እነመስግነሉን ሓዲስ ምንዮትና ኣብ ምሕረቱ ተወኪልና እነቕርበሉን ቅንያት ኢዩ።ነቲ ካብቲ ቀዳማይ ፍጥረት ዝኾነ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ናይ መወዳእታ ነብያት ብሉይ ፡ብሃንቀውታ ዝጽበይዎ ዝነበሩ ምዱብ እዋን ምድኃን፡ ጐይታና ካብ ብፅዕቲ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ሥጋና ወሲዱ ምሳና ብምውኃድ፣ ኣብ መብልዒ ማል ዝተወልደሉ በዓል ቅዱስ ልደት እንዝክረሉ ቅንያት ስለ ዝኲነ፡ እዚ ቅንያት ሕልፈ ካልኦት እዋናት፡ ብዛዕባ ፍቕርን ምሕረትን ተበጃውነትን ኣምላኽ እነስተንትነሉን፡ ጐይታ ኣብ ልብና ክውለድ ሃረር እንብለሉን ብሩኽ ቅንያት ኢዩ።

ፍቕሪ እግዚኣብሔር ኣብ ደቂ-ሰባት ካብ ፈለማ ክንፍጠር ከሎና፡ ምሕረቱ ኸኣ ካብቲ ብኃጢኣት ወዲቕና ካብ ገጹ ዝሃደምናሉ እዋን ኢዩ ዝጅምር። ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ ካብ ሓመድ ወሲዱ፣ እስትንፋሱ ሂቡ ብጽባቐ ምስ ፈጠሮ፡ ውድቀት ናይ ደቂ-ሰባት ነቲ ኣምላኽ ኣባና ዘሎዎ ፍቕሩ ኣይቀየሮን። ንሰብ ሓንሳብ ምስ ኣፍቀሮ፡ ድኅሪኡ ፍቕሩ ኣይቀነሰን። ድኅሪ ውድቀቱ እውን ካብ ውድቀቱ ኣልዒሉ ዳግማይ ከልዕሎን ከሕድሶን ደኣ ፈትዉ'ምበር፡ ሙውት ኮይኑ ክቕጽል ኣይኃደጎን። እግዚኣብሔር፣ ማዕረ'ቲ ፈቃር ምኳኑ ካብኡ ብዘይፍለ ድማ መሓሪ ኢዩ። ደቂ-ሰባት፣ ካብ መጀመርታ እዋን ጀሚረን፣ ምሕረትን ፍቕርን እግዚኣብሔር ስለ ዘይተፈለየኦም፡ ማዕረ እቲ ዝገብርዎ ኃጢኣት ከይቀጽዐ ንንስሓ ዝኸውን ጊዜ ሂቡ ብድኃን ዘንብሮም ዘሎ።

“ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብእኣ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፡ ንሕና፡ ብበደልና ምዉታት ከሎናስ፡ ምስ ክርስቶስ ሕያዋን ገበረና፡ብጸጋ ኢኹም ዝደኃንኩም።” (ኤፌ 2፡ 4-5)

እምበኣር ፡ብምኽንያት እዘን ነሕልፈን ዘሎና ቅንያት በዓላት ልደትን ጥምቀትን፡ እቲ ናይ ልባትና ንጉሥ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ከምቲ ብሥጋ ካብ ድንግል ዝተወልደ ኣብ ልባትና ክውለድ፣ ከምኡ እውን ኣብ ማየ ዮርዳኖስ ሰማያዊ ምሥጢሩን ኣምላኽነቱን ዝገለጸ ኸኣ፣ መንፈሳዊ ኃይሉን ጥበቡን ክገልጸልና እናተመነና፣ እዛ ኣስተርእዮ ኢልና ዝሰመናያ መጽሔትና፡ ኣብ ዝኽሪ እዞም ዓበይቲ በዓላት ምርኵስ ገይርና ብረድኤት መንፈስ ቅዱስ ተደጊፍና፡ ምስ'ዚ ቅንያት ብዝሳነ ዛዕባታት መሪጽና ብምድላው፡ ክንዝርግብ መሪጽና ኣሎና። ወርኃትና ዝኽሪ ልደትን ጥምቀትን ብምኳኑ፡ ርሑስ ቅንያት ዝኽሪ በዓል ቅዱስ ልደትን ጥምቀትን እናበልና፡ ኣዳለውቲ ናይ'ዚ ዕዮ፡ ንብሥራት ልደትን ነቲ ናይ ክርስትያን ልደት ዝኲነ ጥምቐት ሕፃናትን መእተውን መዛዘምን ዛዕባና ጌርና፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ኣብ እዋን ጥምቀት ብማይ ዝወልደና መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወትና ተንኪፍና፡ ንክርስትያናዊ ቤተ-ሰብን ኣገልግሎትን ልማዳት መንፈሳዊ ህይወትን እዋናዊ ዛዕባና ጌርና፡ ብታሪኽ ቤተ ክርስትያን ንኣፍልጦና ኣላጊስና፡ መጽሔት ኣስተርእዮ ቍጽሪ 2 ጀባእ ንብለኩም ኣሎና።

**ስብሓት ንእግዚኣብሔር!**

# ብሥራት ልደት

*“እቲ ብሥራት ዜበሥር፣ ሰላም ዜውሪ፡ ሠናይ ዜበሥር፡ ምድኃን ዜውሪ፥ ንጽዮን ከኣ ‘ኣምላኽኪ ነጊሡ ኢዩ’ ዚብላ፥ ኣኽራን ኣቋሪጹ ዂመጽእ ከሎ፥ ክንደይ ግሩም ኢዩ!” (ኢሳ 52፡7)*

ብሥራት ልደት፣ እቲ ንድኅነት እቲ መሲሕ ዝጽበ ዝነበረ ኵሉ ዘርኢ ኣዳም ክሰምዖ ዝጽበዮ ዝነበረ ናይ ድኅነትን ነፃነትን ቃል ኢዩ።እቲ መልኣኽ ነቶም ጓሶት ኣብቲ መሮር ረኺቡ ከምዚ ክብል ትዛረቦም፡- ***“እንሆ ንዅሉ ሕዝቢ ዚኸውን ዓቢይ ሓጐስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሁ።”( ሉቃስ 2፡10)*** እቲ ብሥራት ተራ ብሥራት ኣይነበረን፣ ንዅሉ ሕዝቢ ዓለም ዝኸውን ብሥራት ኢዩ። እወ፣ ብሥራት ልደት ናይቲ ሕይዋይ ጓሳ ዝዀነ ሓቀኛ መሲሕ፣ ብሥጋ ተገሊጹ ድኅነት ኵሉ ዘርኢ ኣዳም ክፍጽም ዝተገለጸሉ ኣገዳሲ እዋን ኢዩ። ነዚ እዋን ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ‘ምልኣት ዘመን’ እናበለ ዝጽውዖ፣ እቲ መልኣኽ ኸኣ ‘ሎሚ’ እናበለ ዘበሥሮ፣ ናይ ድኅነትና እምነ-ኩርናዕ ዝዀነ ፍጻሜ ኢዩ። ***“ሎሚ፣ መድኃኒ ክርስቶስ ጐይታ፥ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ኣሎ። ምልክት ከኣ እዚ ይዅነልኩም፡- በጭርቕቲ ዝተጠቕለለ ሕፃን ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱ ክትረኽቡ ኢዅም።” (ሉቃ 2፡ 11-12)*** ኣቐዲሙ እውን እቲ መልኣኽ ንቅዱስ ዮሴፍ ከምዚ ኢልዎ ነይሩ ኢዩ፡- ***“ወዲ ኽትወልድ ኢያ፡ ንሱ ኸኣ ንሕዝቡ ኻብ ኃጢኣቶም ኬድኅኖም ኢዩ እሞ፡ ስሙ ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኻ።” (ማቴ 1፡ 21)***

ናብቲ ናይ መጀመርታ ታሪኽ ሥነ-ፍጥረት እንተ ደኣ ተመልኪትና፣ እግዚኣብሔር ንኣዳም ክፈጥሮ ከሎ፣ ካብ መሬት ሓመድ ወሲዱ ገበሮ፣ ኣብ ኣፉ ኸኣ እስትንፋስ ኡፍ በለሉ። ብድኅሪ’ዚ ኣዳም ካብ ትንፋስ እግዚኣብሔር ብመልክዕን ምስልን ኣምላኽ ዝተፈጥረ እንኮ ፍጡር ኰነ። እግዚኣብሔር ንኣዳም ምስ ፈጠሮ ኣብ ገነት ኣቐመጦ፣ ኵሉ ዘድልዮ ነገራት ሂቡ ኸኣ ሓደ ትእዛዝ ገበረሉ። ኣብ ገነት ዘሎ ዅሉ መግቢ ክበልዕ፣ እንተዀነ ነታ ኣብ ገነት ዘላ ሕማቕን ጽቡቕን እተፍልጥ ገረብ ግና ከይበልዓ ኣዘዞ። እንተዀነ ግና፣ ኣዳም ብምኽሪ ናይ ሰይጣን ተታሊሉ ክሳዕ መወዳእታ እሙን ኮይኑ ስለ ዘይተረኽበ፣ከም ኣምላኽ ክኸውን ኢሉ ነቲ ዅሉ ብኣምላኽ ተዋሂብዎ ዝነበረ ጸጋ ዕሽሽ ብምባል ካብታ ገረብ ወሲዱ በልዔ’ሞ፣ ሞት ሞተ፣ ባሕርያቱ ተበላሸወ ከም ኣምላኽ ናይ ምምሳል ጸጋኡ ጠፍኤ፣ መልክዑ ኸኣ ማሰነ። ሥጋኡ መሬት ኢኻ ናብ መሬት ተመለስ ዝብል መቕጻዕቲ ክብበየነሉ ከሎ፣ ነፍሱ ኸኣ ካብቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎዋ ኅብረት ኣጥፊኣ ኣብ መንፈሳዊ ሞትን ጸልማትን ወደቐት። በዚ ምኽንያት ኸኣ ዕጫ ሲኦል ኣብ ኣዳምን ኵሎም ከም ኣዳም ሓደ ባሕርይ ዝነብሮም ዘርኡን በጽሐ። ***“ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ኃጢኣት ናብ ዓለም ኣተወ፣ ብምኽንያት ኃጢኣትውን ሞት መጸ፣ ኵላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ ሞት ናብ ኵሉ ሰብ ተመኃላለፈ። …………ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ሙሴ፣ ኣብቶም ከምቲ ናይ ኣዳም ትእዛዝ ብምጥሓስ ኃጢኣት ዘይገበሩውን፣ ነጊሡ ነበረ” (ሮሜ 5፡12, 14)***


ድኅሪ’ዚ ፍጻሜ፣ ኣምላኽ ንኣዳም ከምዚ ክብል ሓደ ተስፋ ሂብዎ ነይሩ፡- ***“ኣብ ሞንጎኻን ኣብ ሞንጎ እዛ ሰበይትን፡ ኣብ ሞንጎ ዘርእኻን ኣብ ሞንጎ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ። ንሱ ርእስኻ ኪጭፍልቕ ኢዩ፡ ንስኻ ድማ ሸዀናኡ ኽትነክስ ኢኻ።” (ዘፍ 3፡ 15)*** ኣብ ሞንጎ ዘርኢ ተመንን (ዲያብሎስ) ኣብ ሞንጎ ዘርኢ ሔዋንን (ክርስቶስ) ሓድሽ ናይ ጽልኢ ዘመን ክእውጅ ምኳኑ፣ እግዚኣብሔር ንኣዳም ኣተስፈዎ።እዚ ማለት፣ እግዚኣብሔር ባዕሉ ሕነ ክፈዲ ንርእሲ እቲ መታለሊ ዝዀነ ተመን (ዲያብሎስ) ክጭፍልቕ ምኳኑ ንኣዳም ኣቐዲሙ ነጊርዎ ነይሩ። ነቲ ብሰንኪ ዘይምእዛዙ ዝተፈርዶ ሞት፣ ብትንሣኤ ክስዓር ምኳኑ ተስፋ ሃቦ። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል ***“ስለዚ ኸምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ፣ ከምኡ ኸኣ ትንሣኤ ሙታን ብሓደ ሰብ ኢዩ ዝመጸ። ከምቲ ኵላቶም ብኣዳም ዝሞቱ ከምኡ ድማ ኵላቶም ብክርስቶስ ሕያዋን ኪኾኑ ኢዮም።” (1ይ ቆሮ 15፡21)*** ኣዳም ሕያዉ ክኸውን እንተ ኮይኑ ነቲ ብናይ ሓሶት መርዚ ኣቢሉ ናብ ኣእምሮ ኣዳም ኣትዩ ዝነበረ ዲያብሎስ፣ በቲ ካብ ዘርኢ ሔዋን ዝውለድ ክርስቶስ ክጭፍለቕ ኣለዎ። ሞት ናብ ኵሉ ዘርኢ-ኣዳም ኃሊፉ፣ ሓጢኣት ከኣ ብሞት ኣቢሉ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ሰባት ክገዝእ ጀመረ። ኵሎም ኃጢኦም ክብሪ ኣምላኽ ስኢኖም ከም ዝበሎ እቲ ጽሑፍ፣ ደቂ-ሰባት ብመርበብ ኃጢኣት ዝወድቑ፣ ኣብ ኣርዑታ ዝንብርከኹ ኰኑ። ካብዚ ናብ ሞት ዝወስዶም ኣብ ውሽጦም ዝነበረ ዝተበላሸወ ባሕርይ ከውፅኦም

ዝኽእል ሓደ ተስፋ ነይሩ፡ ንሱ ኸኣ እግዚአብሔር ባዕሉ ጥራኅ ኢዩ። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፥ *“ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፣ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለው፣ ተሻይጡ ምእንቲ ኼውጽኦም፣ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ኽንረክብሲ፣ ኣምላኽ ነዚ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኾ።” (ገላ 4:4-5)* ተሻይጡ ከውፅኦምን ውልድነት ክንረክብን ዝብላ ቃላት ሓዋርያ ጳውሎስ ክልተ ኣገደስቲ ነገራት ኢየን።

ኣዳም ኃጢኣት ምስ ገበረ ዘጥፍኦ ቀዳማይ ነገር ናይ ጸጋ ውልድነት ኢዩ። እዚ ውልድነት ኣብ ወራስነት ኣገዳሲ ነገር ኢዩ። ሓደ ሰብ ውሉድ ከይኰነ ወራሲ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ስለዚ፣ ንኣምላኽ ወረስቱ፣ ንክርስቶስ መዋርስቱ ኽንከውን እንተ ደኣ ኴንና እዚ ውልድነት ግድነት የድልየና። እቲ ካልኣይ ክሻየጠና ዝብል ከኣ ካብቲ ብፍቓድና ናይ ኃጢኣት ባሮት ዝነበርናዮ ኵነት ኣውፂኡ፡ ነጻ ሰባት ኴንና ንእግዚአብሔር ክንክተል መገዲ ክጸርገልና ኢዩ። *ሥጋ* ዝለበሰሉ ቀንዲ ዕላማ እውን ካብቲ ብፍቓድና ኣቲናዮ ዝነበርና ባርነት ክሻየጠና ኢዩ። ክሻየጠና እንተ ኮይኑ ኸኣ ግድነት ኣምሳያና ዝኸውን ዋጋ ክኸፍል ኣለዎ። ስለዚ እግዚአብሔር እቲ ዋጋ ዕዳ ኃጢኣትና ኮይኑ ምእንቲ ክኸፍለልና፣ ብሥጋ ተገልጸ። እቲ ዋጋ ኮይኑ ዝመጸ ከኣ ካብቶም ሠለስተ ኣካላት ቅድስት *ሥላሴ* ሓደ ዝኾነ እግዚአብሔር ወልድ ኢዩ። *“ኣምላኽ፡ ብእኡ ምእንቲ ብሕይወት ክንነብር ኢሉ፡ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ብምልኣኹ፣ እታ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኣና በዚ ተገልጸትልና። ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና፣ ብናይ ኃጢኣትና መተዓረቒ ክኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና ኢዩ እንበር፣ ንሕና ንኣምላኽ ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኰነን፣ እታ ፍቕሪ በዚ ኢያ።” (1ይ ዮሓ 4: 9-10)*

ኣምላኽ ብዘይካ እቲ ሓደ ወዱ ካልእ ናይቲ ዕዳ መሥዋዕቲ ክኸውን ዝኽእል ካልእ ዋጋ ኣይረኸበን። ስለዚ ነቲ ሓደ ወዱ ለኣኾ ክንብል ከለና፡ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ዘርኢ ኣዳም ዘለዎ ፍቕሪ ማዕረ ክንደይ ልዑል ምዃኑ ካብቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ክንርድኦ ኣየጸግመናን ኢዩ። ናይ ድኅነትና ዋጋ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ። ናይ ድኅነትና ዋጋ ክርስቶስ ኢዩ እንተ ደኣ ኢልና፣ እቲ ኣምላኽ ኣብ ደቂ ሰባት ዘለዎ ፍቕሪ ከኣ ብመሥዋዕቲ ናይ ክርስቶስ ኢና ንርእዮ። ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ዋጋ በደልና ሓደ ውሉዱ ክሥውዖ ዘይበቀቐ፡እቲ ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ ልዑል ስለ ዝኾነ ኢዩ። ዕብየት ፍቕሪ ናይ እግዚአብሔር ኣብ ደቂ ሰባት ልኽዕ ክንዲ እቲ ኣብ መስቀል ዝፈሰሰ ደም ክርስቶስ ኢዩ። ንሱ እንተ ኮይኑ እቲ ዋጋ፡ ሚዛን ፍቕሪ እግዚአብሔር ኣባና ኣብ ደቂ ሰባት ከኣ ክንዲ እቲ ውዕለት ክርስቶስ ኣብ መስቀል ኢዩ። *“ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኾሉ ናይ ዘለኣዓም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ።” (ዮሓ 3:16)*

በዚ መሠረት፣ ብዙኃት ቅዱሳን ኣቦታት ንምድኃን ናይቲ መሲሕ ምእንቲ ክርኢዩ ንብዙኅ ዓመታት ተጸብዮምን ንክርእይዎ ጸልዮምን ኢዮም። ነዚ ሓቂ ዘብርሃልና ሓደ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ፍጻሜ ኣሎና። *“እንሆ ድማ፡ ኣብ ኢየሩሳሌም ስምዖን ዚብሃል ሰብኣይ ነበረ። እዚ ሰብኣይ እዚ ጻድቕ፡ ንኣምላኽ ዚፈርህ፡ ምጽንናዕ እስራኤል ዚጽበ ነበረ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ነበሮ። ነቲ ቐቡእ እግዚኣብሔር ከይረአዮ፡ ሞት ከም ዘይርኢ ድማ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጽሉ ነበረ። ብመንፈስ ከኣ ናብ ቤተ መቕደስ መጸ። ነቲ ኢየሱስ ሕፃን፡ ወለዱ ኸም ልማድ ሕጊ ኺገብሩሉ ምስ ኣእተውዎ፡ ንሱ ድማ ኣብ ኢዱ ሐቘፎ፡ ንኣምላኽውን ኣመስገነ እሞ፥ ዎ ጐይታይ፡ ነቲ ንምብራህ ኣሕዛብ ብርሃን፡ ንሕዝብኻ እስራኤልውን ክብረት ምእንቲ ኪኸውን፡ ኣብ ቅድሚ ኹሎም ኣሕዛብ ዘዳሎኻዮ ምድኃንካ ኣዕይንተይ ካብ ረኣያስ፡ ሕጂ ኸምቲ ዘረባኻ ንባርያኻ ብሰላም ተፋንዎ ኢኻ፡ በለ።” (ሉቃ 2: 25-32)* ነቲ መድኃኒ ዝኾነ መሲሕ ኣብ ቤተ-መቕደስ ረኺቡ ምስ ሓቖፎ፣ ኵሉ እቲ ኣምላኽ ንኣዳም ኣተስፍይዎ ዝነበረ ተስፋ ብኣዕይንቱ ረኣየ፣ ድኅነት ኵሉ ዓለም ከም ዝተፈጸመ ኣረጋጊጹ ብሰላም ካብዚ ዓለም ክፋኖ ጸለየ። ምኽንያቱ፣ እቲ ብኣዕይንቱ ዝርእዮ ዘሎ ሕፃን ካብ ድንግል ዝተወልደ ሥግው ቃል ምዃኑ ስለ ዝተረድኦን ዝፈለጠን ኢዩ።



ብዙኃን ነብያት ስለ ልደት ናይቲ መሲሕ ኣቐዲሞም ተነብዮም ነይሮም ኢዮም። ነቢዩ ኢሳይያስ ኣቐዲሙ ከምዚ ኢሉ ነይሩ፦ ***“ስለዚ እግዚኣብሔር ባዕሉ ትእምርቲ ኺህበኩም ኢዩ፥ እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ኸኣ ክትወልድ ኢያ፡ ስሙውን ኣማኑኤል ክትሰምዮ ኢያ።” (ኢሳ 7፡14)*** ቀጺሉውን ከምዚ ይብል፦ ***“ሕፃን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተዋሂቡናዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኩቡ ኢዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለዓለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ ኢዩ።”(ኢሳ 9፡ 6)*** ክብል እግዚኣብሔር ወልድ፣ ሥጋና ለቢሱ ከም ዝውለድ ኣቐዲሙ ተነብዩ ነበረ። እቲ ነብዪ ኢሳይያስ እግዚኣብሔር ባዕሉ ትእምርቲ ክህበኩም ኢዩ ኢሉ ዝተነበዮ ቃል ምስቲ መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል ናብ ቅድስት ድንግል ማርያም መጺኡ ብሥራት ልደት ከበሥራ ከሎ ዝተዝረቦ ቃል እንተ ደኣ ኣነጻጺርናዮ ዕሙቕ ዝበለ መረዳእታ ክንረክብ ንኽእል። እቲ መልኣኽ ከምዚ ኢልዋ ነይሩ፦ ***“መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ኃይሊ ልዑልውን ክጽልለኪ ኢዩ። ስለዚ ኸኣ እቲ ካባኺ ዚውለድ ቅዱስ፡ ወዲ ኣምላኽ ኪብሃል ኢዩ።” (ሉቃ 1፡ 35)*** እቲ መልኣኽ ነዚ ቃል ዝተዛረቦ፣ ወዲ ክትወልዲ ኢኺ ዝብል ቃል ንቅድስት ድንግል ምስ ኣበሠራ፣ ኣነ ድንግል ኢየ፣ ብዘይ ሰብኣይ ከመይ ኢሉ ይኽውን፣ ዝብል ሕቶ ምስ ሓተተቶ ዝሃባ መልሲ ኢዩ። ምኽንያቱ፣ ሰብ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ካብ ሰበይቲ ክውለድ ባሕርያዊ ተፈጥሮኡ ኣየፍቅድሉን ኢዩ። እንተኾነ ግና፣ ክርስቶስ ብዘይ ዘርኢ ሰብኣይ ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብሥራሕ መንፈስ ቅዱስ ብድንግልና ተወልደ። እቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ሓድሽን ዘደንቕን ትእምርቲ ኸኣ እዚ ኢዩ።

እቲ ኵሉ ነብያት ዝተነበይዎ፣ ኣቦታት ዝተጸበይዎ ናይ ሕይወት እንጌራ፣ ኣብታ ቤተ-እንጌራ እናተባህለት እትስመ ቤተ-ልሔም ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ በዓቲ ኣብ መብልዕ እንስሳታት ተወልደ። ልደቱ፣ ካብ ኵሉ ሰብ ሕቡእ ኢዩ ነይሩ፣ ምኽንያቱ እቲ ንድኅነት ናይ ዓለም ዝመጽአ መሲሕ ምዃኑ ዝፈልጥ፣ ብዘይካ እቶም እቲ መልኣኽ እግዚኣብሔር ብጋህድን ብሕልምን ዝገለጸሎም ቅድስት ድንግል ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን እንተ ዘይኮይኑ፣ ካልእ ወላሓደ እኳ ኣይነበረን። እቲ ኵሉ ዝፈጠረን ኵሉ ክገብር ዝኽእል ኣምላኽ ኣብ ዘይተጸበናዮ ቦታን እዋንን ኣብ መብልዒ ናይ ማል ተወልደ።ነዚ ዘደንቕ ብሥራት ልደት መጀመርታ ዝሰምዑ ኸኣ፣ እቶም ሃብቲ፡ ክብሪ፡ ልዕልናን ፍልጠትን ዝነበሮም ዘይኮኑ፣ እቶም ንጽሕና ጥራኅ ዝነበሮም ኣብ መሮር ዝውዕሉ ትሑታት ጓሶት ነበሩ። እቲ ሓቀኛ ጓሳ፣ ነቶም ናይ ሕዝቢ ኣምላኽ ጓሶት ኢና ዝብሉ እንተኾኑ ነቲ መጓሰ ብዝግባእ ዘይጓስዩ ዝነበሩ ፈሪሳውያንን ናይ ሕጊ ምሁራትን ዘይኮነ ገሊጽሎም፣ ነቶም ብንጽሕናን ትግሃትን ኣብ መሮር ዝጓስዩ ዝነበሩ ናይ እንስሳታት ጓሶት ብሥራት ልደቱ ደኣ ገለጸሎም። ምኽንያት፣ ንሱ እቲ ሕያዋይን ሓቀኛ ጓሳን ስለ ዝኾነ ኢዩ። ነብዩ ሕዝቅኤል ከምዚ ኢሉ ተነብዩ ነበረ፦ ***“ኣነ ባዕለይ ነባጊዔይ ኽውፍረን ባዕለይ ድማ ከስፍረን ኢየ፣ ይብል እግዚኣብሔር ኣምላኽ። ዝጠፍኣት ክደሊ፣ እተባረረት ክመልስ፣ እተሰብረት ክዘንን፣ ዝሐመቕት ከኣ ከጽንዕ፣ ነታ ዝሰብሐትን ዝበርትዔትን ግና ከጥፍእ፣ ብፍርዲውን ክጓስየን ኢየ።” (ሕዝ 34፡ 15-16)*** ቀጺሉ ክርስቶስ ባዕሉ እውን ከምዚ በለ፦ ***“እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ ኢየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ሕይወቱ በጃ ኣባጊዑ የሕልፋ።” (ዮሓ 10፡ 11)*** እቲ ሕያዋይ ጓሳ በጃ ኣባጊዑ ኮይኑ ንክሓልፍ፣ ብሥጋ ተገልጸ!

ኣብ እዋን ልደት ናይ ጐይታ ካብቲ ዘደንቕ ነገር ሓደ ኸኣ እቶም ጓሶት ምስ መላእኽቲ ኮይኖም ብመዝሙር ምሥጋና ንኣምላኽ ምምሥጋኖም ኢዩ። ደቂ-ሰባት ኣብ ታሪኽም ንፈለማ እዋን ምስ መላእኽቲ ኮይኖም ንእግዚኣብሔር ከምዚ ክብሉ ኣመስገኑ፦ ***“ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፡ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ ምንጎ እቶም ሰምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት።” (ሉቃ 2፡ 14)*** እቶም ኣብ ብሉይ ኪዳን ናብ ሰዶምን ጎሞራን መዓትን መቕጻዕትን እግዚኣብሔር ናብ ደቂ-ሰባት ከውርዱ ዝተላእኩ መላእኽቲ፣ ኣብዚ እዋን ግና ምስ ደቂ ሰባት ኮይኖም ብመዝሙር ምሥጋና ዘመሩ።እቶም ናይ መሮር ጓሶት፣ ምስ ሱራፌልን ኪሩቤልን ምኅዝነት ፈጢሮም ንኣምላኽ ወደሱ። ምኽንያቱ፣ እቲ ኣብ ዝፋን ክብሩ ብኣእላፋት መላእኽቲ፣ ኃይልን ሥልጣናትን እናተወደሰ ዝነብር ኣምላኽ፣ ምእንቲ ድኅነትና ክብል ብሥጋ ኣብዚ ምድሪ ስለ ዝተገልጸ፣ መላእኽቲ ኸኣ ምስ ደቂ ሰባት ኮይኖም ንኽብሩ ዘመሩ። እታ ምድራዊት ቤተ-ልሔም ኸኣ መንግሥተ-ሰማይን ክብሪ ኣምላኽ ዝተገልጸላን ሥፍራ ኮነት። እቲ ዘለዓለማዊ ዕርቂ ክፍጽም ዝተገልጸ ኣምላኽ ብሥጋ ካብ ድንግል ተወልደ፣ ነቲ መለኰታውን ሥጋውን ባሕርያት ኣብኡ ብምውኅኃድ ኸኣ ንምድሪ ምስ ሰማይ ዓረቐ። ***“ኣምላኽ በቲ ወዱ ኣብ መስቀሉ ዘፍሰሶ ደም ገይሩ ሰላም ገበረ፣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት***

*ዘሎን ዘበለ ኸሉ ኸኣ ምስ ገዛእ ርእሱ ዓረቐ።"* *(ቈላ 1:20)*

ኣብ መወዳእታ ኸኣ:- *"ዎ ኣቦይ፡ ቅድሚ ምስራት ዓለም ኣፍቂርካኒ ኢኻ እሞ፡ እዞም ዝሃብካኒ ነቲ ዝሃብካኒ ኽብረይ ምእንቲ ኺርኢዩስ፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎኽዎ ንሳቶምውን ኣብኡ ምሳይ ኪህልዉ እደሊ ኣሎኹ።"* *(ዮሓ 17፡24)* ኢሉ ኣብ ክንዳና ኮይኑ ጸለየ። ጸልዩ ጥራኀ ዘይኮነ ኸኣ ነቲ ዋጋ ድኅነትና ብምኽፋል፣ ናብቲ ካብ መጀመርታ ንዓና ኢሉ ዘዳለዎ ሥፍራ ከም ንምለስ ገበረና።

(ዲያቆን ሓበን ደጀን)



"ኣምላኽ እንታይ ክገብር ነበሮ፤ ሰብ ደጊሙ ንኣምላኽ ክኽፈልጥ፡ ነቲ ኣብ ሰብ ዘሎ መልክዑ ንኽሐድሶ እንታይ ክገብር ይኽእል፤ እዚ ግን በቲ መልክዕ ኣምላኽ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ መድኃኒና ጥራኀ እንተ ዘይኮይኑ ብመን ክኸውን ይኽእል፤ ሰብ ክገብሮ ኣይክእል ምኽንያቱ ሰብ ብመልክዕ ኣምላኽ ደኣ ተፈጥረ እምበር መልክዕ ኣምላኽ ኣይኮኑን፡ መላእኽቲ ከይገብርዎ መልክዕ ኣምላኽ ኣይኮኑን። ቃል ኣምላኽ ብናቱ እቕኑም [ኣካል] ብምምጻእ ገበሮ ምኽንያቱ ንሱ ንበይኑ መልክዕ ኣቦ ኢዩ። ንሱ ንበይኑ ንፍጥረት ዳግም ከሐድስ ይኽእል።"

(ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዘእስክንድርያ)

# መንፈስካ'የ ዝደሊ

ኣብ ሕይወቱ መንፈስ ኣምላኽ ዘሎዎ ሰብ፣ እቲ ጕዕዞ ሕይወቱ ዘማእዘነ፣ ብፍቓድ ኣምላኽ ዝኸይድ፣ ንኹሉ ግብሪ ሥጋ ዝጽየፍ፣ ብቅድስና ዝጕዓዝ ሰብ ኢዩ። እቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝመላለስ ሰብ፣ ሕይወት ኣሎዎ። እታ ብመጀመርታ ካብ ኣምላኽ ዝተዋበትና ሕይወት፣ ሕያው ኮይና ክትነብር እንተ ኮይና ካብቲ ጕንዲ ሕይወትና ዝኾነ ኣምላኽ ክትፍለ የብላን። ምኽንያቱ፣ ንሱ ጕንዲ፣ ንሕና ኸኣ ጨናፍር ስለ ዝኾንና። ካብኡ ብዝተፈለናሉ እዋን፣ ብቕጽበት ንመውት። ጐይታ ነዚ ሓቂ የብርሃልና:- *"ኣባይ ጽንዑ ኣነውን ኣባኻትኩም። ጨንፈር ኣብቲ ጕንዲ ወይኒ እንተ ዘይጸንዐ፣ ካብ ርእሱ ኺፈሪ ኸም ዘይክእል፣ ንስኻትኩምውን ኣባይ እንተ ዘይጸናዕኩም፣ ከምኡ ኢኹም። እቲ ጕንዲ ወይኒ ኣነ ኢየ፣ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፣ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፣ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፣ ንሱ ኢዩ ብዙኅ ፍረ ዚፈሪ።" (ዮሓ 15፣ 4-5)* ቀጺሉ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል :- *"ሕይወት ብመንፈስ እንተ ኣልያትናስ፣ ብመንፈስ ከኣ ንመላለስ።" (ገላ 5፣ 25)* እቲ ብመንፈስ ክመላለስ ዝፈቕደ ሰብ ኵለንተናኡ ንኣምላኽ ዘወፈየ፣ መኣዝን ናይ ሕይወቱ ብመሠረት ቃል ኣምላኽ ዝመርሐ፣ ልዕሊ ሕግን ትእዛዝን ጸብለል ዝበለ ሰብ ኢዩ። ብመንፈስ ክመላለስ ከሎ፣ ብዘይካ ፍቕሪ ኣምላኽን ደቂ-ሰባትን ካልእ ኣብ ኣእምሮኡ ዝመላለስ ሓሳባትን ትምኒትን የብሉን። እቲ ኹሉ ዝገብሮውን ፍቓድ ኣምላኽ ንኽፍጽምን ናብ ምሉእ ምስሊ ኣምላኽ ንኽዓቢ ኢሉ ዝገብሮ ዕዮን ገድልን ጥራኅ ኢዩ። ከምዚ እናበለ ኸኣ ኵሉ ጊዜ ይጽሊ:-

*"ኦ ኣምላኽ፣ ኣነ ባርያኻ ኣብዚ ምድሪ ዝደልዮ ሓደ ነገር እንተ ኣሎ፣ መንፈስካ ጥራኅ ኢዩ። ምኽንያቱ፣ እቲ ናባኻ ክመርሓንን ኣብ ዘዕርፈሉ ቦታ ከብጽሓንን ዝኽእል ንሱ ጥራኅ ስለ ዝኾነ። መንፈስካ ምሳይ ኣብ ዝህልወሉ ትብዓት ይረክብ፣ ነቲ ቃል ሓቂ ዝኾነ ቃላትካ ይዝክር፣ ኵሉ ዘሎኒ ሥጋውን ኣእምራውን ጽገማተይ ይፍወስን ቍስለይ ይዝነንን። እቲ መንፈስካ ናባይ ክወርድ ከሎ፣ ብዝያዳ ንስምካ የኽብሮ'ም ዘለዓለማዊ ሓጐስ ይሕጐስ። መንፈስካ ንዓይ ኵሉ ጊዜ ናይ ትዕግሥትን ጥበብን መምህረይ ኢዩ። መንፈስካ ናባይ ኣብ እትልእከሉ ጊዜ ብመገድኻ ይመርሓኒ'ም፣ ኵሉ ጊዜ ብትሕትናን ፍርሃትካ ናባኻ ኣቢለ ይጕዓዝ። ኦ ጐይታ! ብምልባምካ ክልቡ፣ ብፍቕርካ ክማረኽ፣ ብምድኃንካ ክፍወስ ምእንቲ፣ ኵሉ ጊዜ መንፈስካ ካብቲ ብደምካ ኣብ ቀራንዮ ዝተበጀኽዮ ባርያኻ ኣይትፍለዮ። ኣሜን!"*

ብዛዕባ ብመንፈስ ኣምላኽ ምጕዓዝን ንግብሪ ሥጋ ምቍዋምን ከመይ ምኳኑ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ክብል ኣስፊሑ ገሊጽዎ ኣሎ:- *"ብመንፈስ እንተ ተመራሕኩም ግና፣ ትሕቲ ሕጊ ኣይኰንኩምን። እቲ ግብሪ ሥጋ ግሁድ ኢዩ፣ ንሱ ኸኣ ምንዝርና፣ ርኽሰት፣ ዕብዳን፣ ኣምልኾ ጣዖት፣ ጥንቈላ፣ ጽልኢ፣ ባእሲ፣ ቅንኢ፣ ቍጥዓ፣ ሻራ፣ ምፍልላይ፣ ዝርግርግ፣ ቅንኣት፣ ቅትለት፣ ስኽራን፣ ጓይላ፣ ከምዚ ዘመሰለ ኻልእውን ኢዩ። እቶም ከምዚ ዘመሰለ ዚገብሩ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዋ፣ ከምቲ ቐደም ዝበልክዎ ኣቐዲመ እብለኩም ኣሎኹ። እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቕሪ፣ ሓጐስ፣ ዕርቂ፣ ዓቕሊ፣ ለውሃት፣ ሕያውነት፣ እምነት፣ ህድኣት፣ ይእኽለኒ ምባል ኢዩ። ነዚ ኸምዚ ዘመሰለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን። እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ኸኣ ነቲ ሥጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒሎምዎ ኢዮም።" (ገላ 5፣ 18-24)*

ብዛዕባ መንፈስ ቅዱስ ክሓስብ ከለኹ፣ ብመጀመርታ ኣብ ኣእምሮይ ዝመጻኒ ፍጻሜ፣ እቲ ሓዋርያት ብኅብረት ኣብ ኢየሩሳሌም እናጸለዩ ከለው ዝወረደ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ። ነቶም ፈራሓት ዝነበሩ ሓዋርያት ትብዓት፣ ፍልጠት፣ ቋንቋ ሂቡ፣ ንስሙ ክምስክሩ ናብ ሞንጎ ቶኳሉ ዝለኣኸ መንፈስ፣ ኣብዚ እዋን ኸኣ ኣብ ልዕሊ ቤተ-ክርስትያኑ ኣብጸጽባሕ እናተገልጸ ነቶም ናቱ ሕዝቢ ኣብ ልዕሊ ኵሉ መሰናኽላት ናይ ሕይወቶም ትብዓት፣ ጥበብን ፍቕርን ስለ ዝህቦም፣ ክብርን ምሥጋናን ንዕኡ ይኹኖ!

እቲ ጐይታ ሓደ ኢዩ፣ እቲ መንፈስ እውን ዘይልወጥ ዘለዓለማዊ ሓደ ንሱ ኢዩ። ውህበታት ጸጋታቱ ብስፍርን ቍጽርን ክልካዕን ክምዘንን ዘይክእል፣ ነቶም ዝደልዩዎን ዝብህግዎን ኸኣ ከይበቐቐ ጸጋኡን ውህበታቱን ኣብዚኁ ዘፍስስ ኣምላኽ ልዕሊ ጊዜን ኣእምሮን ስለ ዝኾነ፣ ዓቐኑን ዓይነቱን በቲ ናትና ጸቢብ ኣእምሮና ክንበጽሖ ዘይንኽእል፣ ብጊዜ ዘይልካዕ፣ ብሚዛን ዘይምዘን፣ ብዕምቆት ዘይብጻሕ፣ ብባሕርይ ዘይምርመር ኃያልን ድንቅን መንፈስ ኢዩ።



እቲ ኵሉ ጊዜ ምሳኹም ኣሎኹ ኢሉ ዝነገረና መንፈስ፣ ምስ ጊዜን ኵነታትን ከም ዘይቅየር ዓቢ እምንቶ ኣሎና። ምኽንያቱ፣ ምእንቲ ኣብ ሞንጎናን ምሳናን ክህሉ፣ ካባና ዝደልዮ ነገር ልባዊ ንጽሕናና ጥራኅ ኢዩ። *"ወደየ፡ ልብኻ ሃበኒ፡ ኣዒንትካ ድማ ብመገደይ ደስ ይበለን።"(ምሳ 23፡ 26)* ልብና ክንከፍተሉ ኵሉ ጊዜ ኣብ ኣፍ-ደገ ኮይኑ ከም ዝጽበየና ብዘይሕሰው ቃሉ ከምዚ እናበለ ተዛሪቡና ነይሩ፡- *"እንሆ፡ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምፀይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኸኣ ክድረር ኢየ፡ ንሱውን ምሳይ።" (ራእይ 3፡ 20)*

እቲ ንኣምላኽ ብልቡ ዝደልዮ ሰብ፣ ንሱ ብመንፈስ ኣምላኽ ይጒዓዝ። ኣብ ልቡ ፍቕሪ ኣምላኽ ስለ ዘሎዎ ውሽጡ ብናፍቖት ዝመልአ ኢዩ። እቲ ናፍቖት ዘሎዎ ሰብ ከኣ ንኣምላኽ ኣብ ደገ ዘይኮነ ኣብ ውሽጡ ኢዩ ዝደልዮ። እወ ብርግጽ በቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ መገዲ ኢዩ ናብ ኣምላኽ ክበጽሕ ዝደሊ። ኣኅዋተይ፣ ንኣምላኽ ካብ ውሽጥኹም ወፃኢ ትደልይዎ እንተ ደኣ ኣሎኹም፣ ብፍጹም ክትረኽብዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ናብ ኣምላኽ ዝወስድ መገዲ ኣብ ውሽጥና ኢዩ ዘሎ። ስለዚ፣ ኢዩ እቲ ቅዱስ ቃል ንስኹም ሕያው ቤተ-መቕደስ ኣምላኽ ኢኹም ዝብለና። እቲ ንኣምላኽ ዝኸውን ጥጡሕ መዕረፊ ኣብ ውሽጥና ኢዩ ዘሎ። እቲ ካብ ልቡ ዘይጽሊ ሰብ ከናፍሩ እንተ ተንቀሳቐሰ እንታይ ይጠቕሞ፤ እቲ ዘምልኽ እቲ ኣምልኾኡ ልባዊ እንተ ዘይኮይኑ፣ ኣብራኹ ስለ ዝተንበረከኸ ወይ መሥዋዕቲ ናብ ኣምላኽ እንተ ኣቕረበ እንታይ ክረብሕ ይኽእል፤ምኽንያቱ መንግሥቲ ኣምላኽ ኣብ ውሽጥና ደኣ እንበር ኣብ ወፃኢ የላን።(ሉቃ 17፡ 21)

ካብቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ግብሪ ሥጋ ኢሉ ጠቒስዎ ዘሎ ምንዝርና፣ ርኽሰት፣ ዝርጋን፣ ኣምልኾ-ጣኦት፣ ጥንቆላ፣ ጽልኢ፣ ባእሲ፣ ቅንኢ፣ ቁጥዓ፣ ገዛእ-ርእስኻ ምፍታው፣ ምፍልላይ፣ መናፍቅነት፣ ቅናት፣ ስኽራን፣ ጓይላ ንርሓቕ። እዚ ግብሪ ሥጋ ነቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ መንግሥቲ ኣምላኽ ከይንደልዮን ከይንረኽቦን ከም ዕንቅፋት ኮይኑ ክሓልከና ኢዩ። እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበልና ኣንጻር ውዲት ሰይጣንን መናፍስቱን ክሳብ ሞት ክንቃለስ ግዴታና ኢዩ። "እምብኣርስሲ ንኣምላኽ ተገዝእዎ። ንድያብሎስ ግና ተጻረርዎ እሞ፡ ንሱ ካባኻትኩም ኪሀድም ኢዩ።"(ያዕ 4፡7) ምኽንያቱ፣ ክሳብ ሞት እንተ ዘይተቓሊስና ኣብ መወዳእታ እቲ ኣኽሊል ዓወት ክንረኽቦ ኣይንኽእልን ኢና።ክሳዕ ሞት ንቃለስ፣ እንተኾነ ኣብ ናትና ኃይልን ጥበብን ኣይንወከል፣ ምኽንያቱ እቲ ቅልስ ብመንፈስ ደኣ እንበር ብሥጋ ኣይኰነን። እቲ ቅልስ ከም ቅልስ ናይዚ ዓለም ስለ ዘይኮነ። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ

ይብለና፦ “ኣጽዋር ውግእና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምፍራስ ጽኑዕ ዕርድታት ብርቱዕ ኢዩ እምበር፡ ሥጋዊ ኣይኰነን፡ ብእኡ ኸኣ ሓሳባትን ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ንዚጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ኵሉን እናፍረስና፡ ኵሉ ኣእምሮውን ንምእዛዝ ክርስቶስ ንማርኾሉ ኢና።” (2ይ ቆሮ 10፡ 4-5)

መንፈሳዊ ምምልላስ ማለት፣ ኣብ ኣሰር እቶም ብእምነትን ብግብርን ኣርኣያ ኮይኖም ዝሓለፉ ናይ እምነት ኣቦታትን ሓርበኛታትን ምጉዓዝ ማለት ኢዩ። “ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝነገሩኹም መራሕቲኹም ዘክርዎም፡ መወዳእታ ንብረቶም እናተቐመትኩም፡ ኣሰኣሰር እምነቶም ስዓቡ።” (ዕብራ 13፡7) ንሕና፣ ነቶም ቅድሜና ዝነበሩ ናይ እምነት መማህራንና ንኽተሎም፣ ኣብቲ መንፈሳዊ ምምልላስ ብእምነትን ቅድስናን ከም ቃል ኣምላኽ ገይሮም ስለ ዝተመላለሱ ኢዩ። ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ነቲ ናይ እምነት ወዱ ዝነበረ ጢሞቴዎስ ክመኽሮ ከሎ ዝተዛረቦ፦ “ነቲ ኻባይ ዝሰማዕካዮ ጥዑይ ቃል ከኣ በቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዘሎ እምነትን ፍቕርን ንምሳሌ ሓዞ። ነቲ እተቐበልካዮ ጽቡቕ ሕድሪ በቲ ኣባና ኃዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ሓልዎ።” (2ይ ጢሞ 1፡ 13-14) ነዓኦም ከም ጽቡቕ ኣብነትን ኣርኣያን እንወስዶም፣ በቲ መንፈሳዊ ምምልላስ ተመላሊሶም፣ ናብ ኣኽሊል ዓወት ስለ ዝበጽሑ ኢዩ። ኣብዚ ምድሪ ከሎው ነቲ ድኅሪ ሞት ዘሎ ምስ ክርስቶስ ዝንበር ሕይወት ይናፍቑ ነበሩ ደኣ እንበር ነዚ ዓለምን ፍትወቱን ግዲ ኣይነበሮምን። “ብሕይወት እንተ ነበርና፡ ንጐይታ ኢና እንነብር፡ ወይስ እንተ ሞትና፡ ንጐይታ ኢና እንመውት እሞ፡ ብሕይወት እንተ ነበርና ወይስ እንተ ሞትና፡ ናይ ጐይታ ኢና።” (ሮማ 14፡8) ብተወሳኺ፣ ብዘይካ ንኣምላኽ ንኻልእ ከሐጕሱ ድልየትን ሓሳባትን ስለ ዘይነበሮም ከኣ ብዓውታ ከምዚ ይብሉ ነይሮም፦ “ሕጂኸ ንሰብዶ ወይስ ንኣምላኽ ኢየ ባህ ዘብል ዘሎኹ፡ ወይስ ንሰብ ከሐጕስ ድየ ዝደሊ ዘሎኹ፡ ገና ንሰብ ከሐጕስ እንተ ዝብልሲ፡ ባርያ ክርስቶስ ኣይምኾንኩን ነይረ።” (ገላ 1፡ 10)

እቶም ብመንፈስ ዝመላለሱ ብሠናይ ድልየቶምን ፍቓዶምን ኢዮም ንኣምላኽ ዝስዕብዎ። ኣምላኽ ኹሉ ጊዜ ብነፃ ፍቓድና ክንስዕቦ ኢዩ ዝደሊ። ኣምላኽና ናይ ነፃ ምርጫ ኣምላኽ ኢዩ። ካብ ፈለማ ናይ ሥነ-ፍጥረት እዋን ኣትሒዙ፣ ደቂ-ሰባት ብምርጫኦም ክስዕብዎ ምእንቲ ምሉእ ነፃነት ሃቦም። ኣብቲ ዳኅራይ እዋን እውን ጐይታና መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ኵሎም እቶም ዝስዕብዎ ዝነበሩ ሓዲጎምዎ ክኸዱ ከሎው ነቶም ምስኡ ተሪፎም ዝነበሩ ሓዋርያት፥ “ንስኻትኩምከ ኽትከዱ’ዶ ትደልዩ ኢኹም” ክብል ዝሓተቶም። ሓርነትና ብምርጫና እንውስኖ ዕድል ኢዩ። ጐይታ ነቲ ቅኑዕ ምርጫ ካብ ምሕባር ሓሊፉ፣ ኣብ ውሳነ ደቂ-ሰባት ዘይምእታው ክንርኢ ከሎና፣ ማዕረ ክንደይ ፍትሓውን ናይ ነፃነት ኣምላኽ ምዃኑ ኢዩ ዘረድኣና።እንተኾነ፣ ንሕና ከምቲ ናይ ቅዱስ ጴጥሮስ ምርጫ ክንውስን ኣሎና። ከምዚ ንበሎ ንጐይታ፦ “ጐይታይ ንስኻ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ቃል ኣሎኻ ናብ መን እሞ ኽንከይድ” እዚ ቃል እዚ ናይ ምሉእ ሕይወትና ውሳነ ክኸውን ኣሎዎ። ምስ ጐይታ ክነብር እንተ ደኣ መሪጽና እታ ናብ ኣምላኽ እትወስድ ቀጣን መገዲ መሪጽና ኣሎና ማለት ኢዩ። ብእኣ ምስ እንመላለስ ኸኣ ናብቲ ዘለዓለማዊ ብርሃን ዝኾነ እግዚኣብሔር ክንበጽሕ ኢና።

( ኃውትና ሥምረት ሓዲሽ)

> “ክርስቶስ ኢየሱስ እቲ ወዲ ኣምላኽ ብምኽንያት እቲ ጸብለል ዝብል ፍቕሩ ኣብ ፍጡራቱ፡ ካብ ድንግል ንኽውለድ ርእሱ ኣትሓተ። በዚ ድማ ንሰብ ምስ ኣምላኽ ኣኅበሮ።”
>
> (ቅዱስ ሄሬኔዎስ)

# ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ካብ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ክሳብ ዘሎናዮ ዘመን

እዚ ጽሑፍ ንታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ካብ መጀምርታ ክሳብ ዘለናዮ ዘመን ዝድህስስ ኢዩ፡ ኣብ ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ዝተራእየ ሠናይ ሥራሕ እግዚኣብሔርን ጎዳኢ ባሕርያት ሰባት። እቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ኣብታ መርዓቱ ዘርኣዮን ዘርእዮ ዘሎ ሓልዮት ካብ ብዙኅ ብኸፊሉ ኣብዚ ተኸታታሊ ክፋላት ክቐርብ ኢዩ። ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ዓቢ ዓውደ መጽናዕቲ ዘድልዮ ትምህርቲ ከም ምዃኑ መጠን፡ ኵሉ ፍጻሜታት ኣብዚ ብዘይምዝዛሩ ዝኾነ ነባቢ ቕሬታ ክህልዎ ኣይግባእን። ኣተኵሮ እዚ ጽሕፈት ድማ ነቲ ኣብ ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ዘጋጠመ ዝነኣድ ተግባርን ዝንቐፍ ሥራሕ ውልቀ ሰባት ክትንክፍ ኢዩ። ንታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ብሓፈሻ ክቕርብ ኢዩ፣ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ንታሪኽ እታ ኣብ ምድሪ ሓበሻ ዘላ ቤተ-ክርስቲያን ከርኢ ክፍትን ኢዩ። ብዛዕባ ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ከነጽንዕ ነቲ ርእሲ ቤተ-ክርስቲያን ዝኾነ ክርስቶስ ክንፈልጦ ስለ ዘድሌና ብዛዕባ ጐይታ ኢየሱስ ኣብዚ ክንገልጽ ኢና። ክርስቶስ ኣብ ከመይ ዝበለ ኵነታት ከም ዝተገለጸ ንርአ፡ ንሳቶም ድማ ኣብ ሠለስተ ብምኽፋል ንርኣዮም።

## ሀ. ኣረማውያን

ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ኵሉ ሕዝቢ ዓለም ኣብ ኣምልኾ ጣኦት ተሸሚሙ ነበረ፡ ንባሕርያዊ ተፈጥሮ ምምላኽ ድማ ከም ሓደ ተራ ልምዲ ነበረ። እቶም ደቂ እግዚኣብሔር ዝነበሩ ዕብራውያን ጥራሕ ንበይኖም ነቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ብምምላኽ ካብ ካልኦት ሕዝቢታት ዝተፈለየ ልምዲ ነበሮም። ብዙኃት ኣማልኽቲ ተባሂሎም ከም ኣምላኽ ክምለኹ ንቡር ተግባር ነበረ፡ እዚ ብልሽው ተግባር ኣብ ዝበዝኃሉ ጊዜ ድማ እቲ መድኃኒ ተገለጸ። ኣብ ግብጺ ንፀሓይ ዘምልኹ፡ ኣብ መሶጶጦምያ ንከዋኽብቲ ከም ኣምላኽ ዘምልኹ፡ ኣብ ጽርኢ ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነናቱ ኣምላኽ ብምግባር ክሳብ ንዘይተፈልጠ ኣምላኽ ዝብል መሠውዒ ክሳብ ምሥራሕ በጽሑ። ኣብ ከምዚ ኵነታት ዝነበሩ ኣረማውያን ድኅነት ደቂ ሰባት ንምርኣይ ሃረር ይብሉ ነበሩ፡ ብፍላይ ድማ እቶም ጽርኣውያን ፍላስፋታትን ንእኒ ሶቅራጥስ፡ ፕሎቶ፡ ሰኔካ፡ ኣሪስቶትል ናይ ኣምልኾ ጣኦት ከንቱነት ተረዲኦም። ስግደት ንሓደ ኣምላኽ ከም ዝግባእ ብምርምር በጺሖሞ ክበሃል ይከኣል፡ በዚ መዳይ ድማ ንምጽኣት ክርስቶስ መሰናደዊ መገዲ ገበሩ።

## ለ. ዕብራውያን

ዕብራውያን ካብቶም ጐረባብቶም ዝኾኑ ሕዝቢ ፍሉይ ኣካይዳ ነበሮም፡ ካብ ምጽዋዕ ኣብርሃም ድማ ብፍሉይ ዝጥመቱ ሕብረተ ሰብ ነበሩ። ደቂ እስራኤል መሰል ውሉድነት ብግዝረት ዝረኸቡ፡ ክብርን ኪዳንን ምሕጋግ ሕግን ካብ እግዚኣብሔር ብመገዲ ሙሴ ዝተቐበሉ ነበሩ፡ ተስፋ ኣምላኽ ድማ ናታቶም ነበረ። ክርስቶስ ድማ ብሥጋ ካብዞም ሕዝቢ ተገለጸ። እግዚኣብሔር ብተደጋጋሚ ነቢያት እናለኣኸ ዝገንሖምን ዝመርሖምን ዝመልሶምን ሕዝቢ ነበሩ፡ ምውላድ እቲ ቅቡእ (መሲሕ) ድማ ተስፋ ዝተቐበሉ ነበሩ። ብሃይማኖታዊ ደረጃ ድማ ኣብ ሠለስተ ዝኽፈሉ ሕዝቢ ኢዮም። ሰዱቃውያን ፍልስፍና ጽርኢ ዝተመሃሩ ኣይሁዳውያን ኮይኖም፡ ትንሣኤ ሙውታንውን ኣይኣምኑን ኢዮም ዝነበሩ (ማቴ 22፡23-30 ግ.ሓ 23፡6-8)። ነፍሲ መዋቲት ምዃና ስለ ዝኣምኑ ድማ ኣብዚ ምድሪ ንተሓጐስ ንብላዕ ንስተ ዝብል ርድኢት ነበሮም። ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ድማ ናቶም ፖሎቲካዊ ጕጅለ ሒዞም ዝኅዝዙ ብምንባሮም ብዙኃት ብርጅዋታትን ዓበይቲ ምሁራትን ሰዓብቲ ነበርዎም፡ ብዙኅ ሕዝቢ ግና ይስዕቦም ኣይነበረን። ፈሪሳውያን ዝተበሃሉ ኣይሁዳውያን ኣብ ጽኑዕ ሓለዋ ሕጊ ሙሴን ሥርዓት ኣቦታቶም ዝነብሩ ሰባት ኢዮም። ብዙኃት ካብኣቶም ኣብ ግዳማዊ ምሕላው ሕጊ ተጸሚዶም እንከለዉ ግፍዕን ዓመጽን ይፍጽሙ ስለ ዝነበሮም ካብ ጐይታ ተሪር ተግሳጽ ይበጽሖም ነበረ። እቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገራት ዕሽሽ ብምባል ኣብ ነኣሽቱ ነገራት ምርቓቕ ስለ ዘርከቡ ምስ ጐይታ ክጋጨዉ ንርኢዮም። ንኣብነት ቀዳም መዓልቲ ሰዊት ሓሲኻ ምብላዕ ሕጊ ዕረፍቲ ምፍራስ ኢዩ ብምባል ዝማጐቱ ነበሩ (ማቴ 12፡1-8)። ጐይታ ኢየሱስ ብዙኅ ጊዜ ይግስጾም ነበረ (ማቴ 23 ማር 7፡1-13 ሉቃ 11፡ 37-54 ዮሓ 7፡32-36 ርአ)። ኤሰናውያን ዝብሃሉ ጕጅለ ናይ እስራኤል ምጽንናዕ ዝጽበዩ፡ ናይቲ መሲሕ ምምጻእ ብሃንቀውታ ዝጽበዩ፡ ገለ ካብዚኣቶም ድማ ብምንኲስና ኣብ ገዳማት ዝቕመጡ ነበሩ። ገላ ካብዚኣቶም ከምእኒ ስምዖንን፡ ሓና ነብዮትን፡ ማርያም ኣደ ጐይታን፡ ኤልሳቤጥ ኣደ ዮሓንስ መጥመቕን ይርከብዎም።

ሐ. *መንግሥታዊ ምሕደራ*

በቲ ጊዜ እቶም ፍሉጣት ዝነበሩ ኣሕዛብ መብዛኅቶም ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ሮማ ይመሓደሩ ነበሩ። ነተን ኣብ ትሕቲ ሮማዊ ግዝኣት ዝነበራ ሃገራት ድማ መምስ ሃብተንን ባህላዊ ልምድታተን ክጥርንፍ ተራእዩ። ኣባ ጴጥሮስ ገብረሥላሴ ከምዚ ብምባል ጸሓፉ፡ “ክርስቶስ ብሓቂ ከምቲ ጳውሎስ ዚብሎ ኣብ ምቹእ ጊዜ ኢዩ ኣብ ዓለም ዚመጸ። ብሓደ ወገን ደቂ ሰብ ድኅነት ሃረር እንኪብሉ፡ ነቲ ኣምልኾ ሓቀኛ ኣምላኽ ጸሚኦም እንከሎዉ በቲ ሓደ ወገን ኸኣ ዓለም ኣብ ትሕቲ ሮማውያን ጸጥታ ረኺባ ድኅነት እንኪትጽበ ኢዩ ክርስቶስ ናብ ዓለም ዚመጸ” (ሓጺር ታሪኽ ክርስትና ገጽ. 9)።

**ልደትን ሕይወትን ኢየሱስ ክርስቶስ**

ኣይሁድ ብመግዛእቲ ሮማውያን ኣዝዮም ተመሪሮም ብምንባሮም እቲ ዝጽበይዎ መሲሕ ካብ መግዛእታዊ መቑረንቲ ሓራ ዘውፅእ እምበር ካብ ኃጢኣት ነጻ ዘውፅእ ኢዩ ኢሎም ኣይጽበዩን ነበሩ። መሲሕነት ናይ ክርስቶስ ኣይሁድ ዘይተጸበይዎ ዓይነት ዝነበረ። ብሩስ ሸሊይ ከምዚ ኢሉ ይጽሕፍ፡ “ኢየሱስ፡ ግዝኣት እግዚኣብሔር በቲ ናይ ምድኃን ኃይላ ብኣካለ ህልውናኡ ከም እተገልጸት ኣተንብሄ። ነዚ ድማ መረጋገጺ ሃበ። እቲ ናይ ፈውሲ ተኣምራቱ ኣገራሚ ጥራኅ ኣይኰነን ዝነበረ፡ ንሱ ምልክት ኢዩ፡ እዚ ኃይሊ እታ እትመጽእ ኣብዚ ዘመን እዚ ከም እተጋህደ ዚገልጽ ኢዩ” (Church History in Plain Language, 1982, pg. 19)። መሲሕ ኪውለድ ምኺኑ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ብትንቢት ይንገር ነበረ፡ ነዚ ክግለጽ ዘለዎ መድኃኒ ድማ ይጽበይዎ ነበሩ። መንፈስ ቅዱስ ብዝገለጸሎም መጠን ነቢያት ኣብ ብዙኅ ክፋልት መጻሕፍቶም ኣስፈሮሞ ኣለዉ። ንኣብነት ካብ ዓሌት ዳዊት ከም ዝኸውን (2ይ ሳሙ 7፡14) ካብ ሓንቲ ድንግል ከም ዝውለድ (ኢሳ 7፡14)፣ ዝውለደሉ ቦታ ቤተ-ልሔም ከም ዝኸውን (ሚክ 5፡2)፣ መድኃኒ ደቂ ሰባት ከም ዝኸውን (ኢሳ 43፡11)።

ዋላኳ ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ እቲ መሲሕ ኣነጺሩ ይጽሓፍ፡ ኣይሁድ ዝጽበይዎ ዝነበረ ግና ወተሃደራዊ ዓወታት ዝጐናጸፍ መሲሕ ኢዩ ዝነበረ። ኢየሱስ በዓል ናዝሬት ከምቲ ንሳቶም ዝጽበይዎ ዓይነት ኣገባብ ብዘይምምጽኡ፡ ነቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ተጻሒፉ ዘሎ መንግሥታዊ መሲሕ ደኣ እምበር ነቲ ኣብ ትንቢት ኢሳይያስ ዘሎ በዓል ሥቓይ ዚርእያ ኣዕይንቲ ኣይነበሮምን። ጕይታ ከምቲ ዝሃቦ ተስፋ በቲ ምዱብ ጊዜ ብሥጋ ኣብ ማእከል ሕዝቡ ተገለጸ። መጽሓፍ ቅዱስ፡ ነቲ ንጐይታ ዘይተቐበልሉ ኩነታት ከምዚ እናበለ ብዘሕዝን ቃላት ይገልጾ፡- “ናብቶም ናቱ መጸ፡ እቶም ናቱ ኸኣ ኣይተቐበልዎን” (ዮሓ 1፡11)። እቶም ናቱ ዝኾኑ ሕዝቢ ነጸግዎ፣ እንተኾነ ኣሕዛብ ግና ንዕኡ ተቐቢሎም ብስሙ ኣመኑ። ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤተ-ልሔም ምስ ተወልደ መልኣኽ እግዚኣብሔር ከምዚ እንዳ በለ ኣበሠረ፡ “እንሆ፡ ሎሚ መድኃኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊድልኩም ስለ ዘሎ፡- ንሱ ኸኣ ክርስቶስ ጐይታ ኢዩ፡- ንኹሉ ሕዝቢ ዚኸውን ሓጐስ ኣበሥረኩም ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሁ” (ሉቃ 2፡10-11)። ልደት ጐይታ ንኹሉ ሕዝቢ ዝኸውን ዓቢ ሓጐስ ነበረ፡ ብተኣምራታዊ ኣገባብ ካብ ድንግል ብዘይዘርኢ ሰብኣይ ተወለደ። ቅድሚ ኢየሱስ ብድንግልና ዝተወለደ የልቦን፡ ድኅሪኡ ድማ ብድንግልና ዝተወለደ የልቦን፡ ንሱ እቲ እንኮ ብድንግልና ዝተወለደ ኢዩ። “ኣብ ጸልማት ዚነብር ሕዝቢ ዓብዪ ብርሃን ረአየ፡ ኣብ ዓዲ ሞትን ድኔኣን ንዚነብሩ ድማ ብርሃን ወፀሎም” (ማቴ 4፡16)። ዶ/ር ኣማኑኤል ኤልያስ ከምዚ ብምባል የራጉዶ፡ “ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ገሊላ ኣብ እትርከብ ንእሽቶ ዓዲ ቤተ-ልሔም ኣብ 5ይ ዓመት ቅ.ል.ክ ኣብ መበል ኣርብዓ ዓመት ግዝኣት ኣውጉስጦስ ቄሣር፡ ኣንቶኒን ክሌዎፓትራን ካብ ዚሞቱ ኣብ መበል ዕስራን ሽዱሽተን ዓመቶም ከም ዝተወልደ ታሪኽ ይነግር። ኣብዚ እዋን እዚ ቄሬኔዎስ እተባህለ ፈራዲ ንሶርያ እናመኃደረ ከሎ ኢዩ፡ ቄሣር ኣውጉስጦስ ምቝጻር ሕዝቢ ኪግበር ኣዚዙስ ስድራቤት ኢየሱስ ድማ ናብ ዓዶም ቤተልሔም ዝኸዱ እሞ ማርያም ንኢየሱስ ዝወለደት (ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ገጽ. 41-42)።

ኣብቲ ጊዜ ብምኽንያት ዝተራእዮም ኮኾብ ካብ ምብራቕ ዝመጹ ተመራመርቲ ናብ ሄሮድስ ብምምጻእ ስለ ዝጠየቑ፡ ተቓናቓኒ ንጉሥ ዝተወለደ ስለ ዝመሰሎም፡ ነቲ ሕፃን ንምቕታል ተሃንደደ። በቲ እግዚኣብሔር ዝነገሮም ድማ ዮሴፍን ማርያምን ናብ ግብጺ ሃደሙ፡ ክልተ ዓመታት ድኅሪ ሞት ሄሮድስ ዓብዪ ኸኣ ናብ ዓዶም ተመለሱ። ኣብ ናዝሬት ዓበየ ብዛይካ እቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝገለጾ ኣብ 12 ዕድሚኡ ናብ ኢየሩሳሌም ንበዓል ፋሲካ ምኻዱን ካልእ ናይ ንእስነቱ ታሪኽ ኣይንርእን ኢና። ወንጌል ብቐጥታ ናብ ዘመን ኣገልግሎት ኣብ መበል 30 ዓመት ዕድሚኡ ኢዩ ዝሰግር። ልዑላውነት ሮሜ ኣብታ ዘመናዊት ዓለም

ዝተረጋገጸትሉ እዋን ነበረ፡ ንዝበዝሑ ሕዝቢታት ዓለም ድማ ትገዝኦም ነበረት። በቲ ሓደ መዳይ ድማ ፍልስፍና ጽርኢ ብፍላይ ኸኣ እስጦይካውነትን ኤጲቁሬኔዎስን ብሮማዊ ኣተሓሳስባ ፍልስፍና ዝተዋሕጠሉ ጊዜ ነበረ። ኣብ መንግሥታዊ ምሕደራ ኸኣ ሪፓብሊካዊ ፖሎቲካዊ ኣጠማምታ ብሓፀያዊ ምሕደራ ስለ ዝተተክአ ዓቢ መቐይሮ ዝነበረሉ እዋን ኢዩ። ግዝኣት ሮማውያን ብሠራዊትን መራኽብን ኃይሉ ዳርጋ ንመላእ ዓለም ኣብ ትሕቲ ቑጽጹሩ ኣእተዋ። ኣብቲ ጊዜቲ ኃይልን ዝናን ገዛእ ርእሰኻ ክብ ተብለሉ ብምንባሩ ኢየሱስ በዓል ናዝሬት ናይ ፍቕሪ መልእኽትን ገዛእ ርእሰኻ ኣብ ክንዲ ካልኦት ምውፋይን ጊዙ ናብዚ ምድሪ ተገለጸ። ኣገልግሎት ኢየሱስ ክርስቶስ ብተኣምራት ዝተሰነየ ብምንባሩ ብዙኅ ሰብ ኣብ ዙርያኡ ክእከብ ጊዜ ኣይወሰደሉን፡ ትምህርቱ ንሕዝቢ ዝምስጥ ነበረ።

ክርስቶስ ብዘረብኡን ኰነ ብሥልጣኑ ኣምላኽነቱ ኣግሃደ (ዮሓ 10፡30-33)፣ ብሓቂ ንሱ እቲ ሥጋ ዝለበሰ ኣምላኽ ምዃኑ ድማ ኣርኣየና (ሮሜ 1፡3 ሮሜ 9፡5 ዕብ 2፡14-16፣ 1ይ ዮሓ 1፡1-2)። ሠለስተ ጊዜ ምውታት ኣተንስአ (ሉቃ 7፡11-17፣ ማቴ 9፡18-26 ዮሓ 11፡1-44)፣ ንማይ ናብ ወይኒ ለወጠ (ዮሓ 2፡1-12)፣ ብክልተ ዓሳን ሓሙሽተ እንጌራን ንሓሙሽተ ሽሕ ሕዝቢ ኣጽገበ (ማቴ 14፡ 13-21)፣ ብዕውሩ ንዝተወልደ ድማ ብርሃን ኣዕይንቱ ሃቦ (ዮሓ 9፡1-34)። ኣብ መወዳእታ ድማ ገዛእ ርእሱ ኣብ ክንዲ ኵላትና ብምውፋይ ንሞትና ብሙማቱ ሕይወቱ ሃበና። ቃል እግዚኣብሔር ድማ ከምዚ ብምባል ይነግረና፡ “ኣነ ንነፍሰይ በጃ ኸሕልፋ፡ መሊሰውን ክወስዳ ኢየ እሞ፡ ስለዚ ኣቦ የፍቅረኒ ኢዩ። ባዕለይ ኢየ በጃ ዘሕልፋ እምበር ካባይ ዝወስዳስ የልቦን። በጃ ኽሕልፋ ሥልጣን ኣሎኒ፡ መሊሰ ክወስዳውን ሥልጣን ኣሎኒ። ነዛ ትእዛዝ ኻብ ኣቦይ ኢየ እተቐበልክዋ (ዮሓ 10፡17-18)። ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ጸላእቱ ብምማት ምስ ኣምላኽ ኣተዓረቐና (ሮሜ 5፡10)፣ ንሱ ሥጋ ዝለበሰ ኣምላኽ ብምዃኑ ኣብ ሞንጎ ሰብን ኣምላኽን ንምትዕራቕ ምሉእ ሥልጣን ዘለዎ ማእከላይ ሥጋ ኢዩ (1ይ ጢሞ 2፡5)።

እቲ ጻድቕ ጐይታ ስለ ኃጢኣትና መሥዋዕቲ ብምዃን ብደሙ ተሻየጠና፡ ብንጹህ ደም ገንሸል ድማ ዝተዓደጉ ሕዝቢ ኮንና (1ይ ጴጥ 1፡18-19)። ሞት ክርስቶስ ኣብ ክርስትና ዓንዲ ሕቖ ዝኾነ ናይ ተበጃውነት ሥራሕ ጐይታ ኢዩ፡ ብትንሣኤኡ ድማ ኣብ ሞት ዘለዎ ሥልጣን ብምግሃድ ሰዒሩ ተንሥአ።

እቶም ደቀ መዛሙርቱ ከም ናይ ስብከቶም ማእከል ዝገበርዎ ድማ ሞትን ትንሣኤን ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ፡ በዚ ተስፋ ድማ ብብዙኅ ጸበባ ንኽሓልፉ ገዛእ ርእሶም ኣዳለዉ። ንሓዋርያት ኣውራ ናይ እምነቶም ትብዓት ዝነበረት ኸኣ እታ ባዶ ዝተረፈት መቓብር ክርስቶስ ኢያ። “ክርስቶስ ዘይተንሥኤ እንተ ኮይኑስ፡ እምብኣርከ ስብከትና ኸንቱ ኢዩ፡ እምነትኩምውን ከንቱ ኢያ (1ይ ቆረ 15፡14)። ክርስትና ንምዕናው ክትግበር ዝነበራ ሓንቲ እንተ ደኣ ነይራ ጐይታ ካብ ምውታት ከም ዘይተንሥአ ኣብ መቓብር ከም ዘሎ ምርኣይ ነበረት። ክርስቶስ ግን ብኃይሊ ሥልጣኑ ስለ ዝተንሥአ ሥጋኡ ኣብ መቓብር በስቢሱ ኣይተረፈን፡ እኳ ደኣ ከምቲ ተስፋ እግዚኣብሔር ናብ ክብሪ ኣተወ (መዝ 16፡9-10)። እቶም ነቢያት እግዚኣብሔር ዝሃብዎ ተስፋ ትንሣኤ ክርስቶስ ሓዋርያት ግና ብዓይኖም ረኣይዎ፡ በዚ ኸኣ ኣብ መትከል እምነቶም ጽኑዓት ነበሩ። ኣዕይንቶም እናረኣዩ ድማ ድኅሪ 40 መዓልቲ ካብ ትንሣኤኡ ናብ ሰማያት ዓረገ፡ ደመና ድማ ተቐበለቶ (ግብ 2፡ 9)። ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐመጠ ኣብኡ ድማ ከም ሊቀ ካህናት የገልግል ኣሎ።

## <u>ምውራድ መንፈስ ቅዱስ</u>

ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝኣተወሎም ቃል ከምዚ ዝብል ነበረ፡ “ኣነ ኸኣ ነቦ ኽልምኖ ኢየ፡ ንሱ ድማ ንዘለዓለም ምሳኻትኩም ዝነብር ካልእ መጸናንዒ ኺህበኩም ኢዩ” (ዮሓ 14፡16)። እዚ ተስፋ ብበዓል ሓምሳ (ጴንጠቆስጤ) ተፈጸመ፡ ብዘገርም ተኣምራት ድማ ኣስታት ሠለስተ ሽሕ ነፍሳት ናብታ ማኅበር ተወሰኻ። ኣብዚ ናይ ኣይሁዳውያን ብዓል ሓዋርያት ተኣኪቦም እንከለዉ፡ “ብድንገት ከኣ ከም ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ካብ ሰማይ ደሃይ መጸ፡ ነታ ኣብኣ ተቐሚጦም ዘለውዋ ቤትውን ንብዘላ መልኣ። እተመቓቐለ ልሳን ሓዊ ዚመስል ድማ ተራእዮም፡ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም ከኣ ተቐመጠ። ኲሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ዝሃቦም ብኻልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ” (ግብ 2፡2-4)። ሓዋርያት ኵለንተናኦም ተሓደሰ፡ ወንጌል ብትብዓት ንምስባኽ ድማ ኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ረኸቡ። ከምቲ ቅድም ብፍርሃት ካብ ብዙኅ ነገራት ዝሃድሙ ዝነበሩ፡ ሕጂ ግን ካብ ላዕሊ ኃይሊ ረኸቡ። ኣብ እምነቶም ረጕጻት ጥራኅ ዘይኮነስ፡ ማረኽቲ’ውን ኰኑ። ሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ መሊእዎም ብቋንቋታት ናይቶም ኣብቲ በዓል ዝተኣከቡ ሕዝቢ እቲ ዓቢ ሥራሕ ኣምላኽ ክምስክርሎም ንርኢ። ጴጥሮስ ኣብ ማእከል እቲ

ሕዝቢ ኮይኑ ብዛዕባ እቲ ዓቢ ግብሪ ኣምላኽ ክምስክር ጀመረ፡ ክርስቶስ ካብ ሞቱ ተንሢኡ ንሰማይ ከም ዝዓረገ ኪሰብኽ እንከሎ ንበዓል ኢሎም ዝተኣከቡ ሕዝቢ ድማ ኣስታት ሠለስተ ሽሕ ተጠመቁ (ግ.ሓ 2፡1-42)። ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን በዚኣ መዓልቲ እዚ ኢዩ ዝጀምር።

**እታ ቀዳመይቲ ቤተ-ክርስቲያን**

"ስለዚ ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ማኅበር ጐይታን ክትጓስዩ፡ መንፈስ ቅዱስ ኤጲስቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኵሉ መጓሰ ሐልዉ" (ግብ 20፡28)። "ከምቲ ክርስቶስ ንማሕበሩ ዘፍቀራ፡ ኣቱም ሰብኡት፡ ኣንስትኹም ኣፍቅሩ። ክርስቶስ ብቓሉ ገይሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ ምእንቲ ኪቕድሳ፡ ርስሓት ወይስ ዕጣር ወይስ ገለ ነዚ ዚመስል ዜብላ፡ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን ክብርትን ማኅበር ገይሩ ንእኡ ምእንቲ ኬቕውማ ኢሉ፡ ርእሱ በጃኣ ሃበ" (ኤፌ 5፡25-27)። "ንሕና ብግዕዝ ቤተ-ክርስቲያን እንብሎ፡ ጽርኣውያን <<ካሌዎካሎ>> ካብ ዝብል ግሢ ኣውፂኦም ኤክሌስያ ይብልዎ። ትርጕሙ <<ጽውዕቲ፡ ኅርይቲ>> ማለት ኢዩ። ብልምዲ በቶም ቀዳሞት ጽርኣውያን ኣብ ሠፈር፡ ኣብ ዓዲ፡ ኣብ ሃገር ሓደ ጸገም እንተ ተቐልቀለ፡ ነቲ ዚተቐልቀለ ጸገም ንምእላይ ተኣኪቦም ንምምይያጥ፡ ዚምረጹ ሽማግሌታት ዚገብርዎ ባይቶ፡ <<ኤክሌስያ>> ይብሃል ነይሩ። ጉባኤ ምሩጻት ማለት ኢዩ። ብ284 ዓመት ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ብሉይ ኪዳን ካብ ቋንቋ ዕብራይስጢ ናብ ቋንቋ ጽርኢ ዝተርጐሙ ሰብዓ ሊቃናት ድማ፡ <<ካሃል>> ንዚብል ቃል ዕብራይስጢ፡ <<ኤክሌስያ>> ኢሎም ተርጒምዎ። እዚ ቃል እዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን 96 ጊዜ ተጠቒሱ ኣሎ። ትርጒሙ ድማ ናይቶም ኅሩያነ እግዚኣብሔር ሕዝቢ እስራኤል ጉባኤ ወይ ሓድነት ማለት ኢዩ" (ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ኣብ መድረኽ ዓለም ገጽ. 12)። ግብሪ ሓዋርያት ብንጹር ገሊጹዋ ከም ይርከብ፡ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝነበረት ማኅበር እታ ቀዳመይቲ ቤተ-ክርስቲያን ኢያ። ሓዋርያት ብመንፈስ ቅዱስ ተስኒዮም ሽኣ ወንጌል ክርስቶስ ብትምዓት መስከሩ፡ ናብ ክርስቶስ ዝመጻ ነፍሳት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ በዝኃ።

ኣብታ ቀዳመይቲ ቤተ-ክርስቲያን ሓደ ክንፈልጥ ዘሎና ነገር እንተ ደኣ ኣሊዩ፡ ብኣርባዕተ ነገራት ተሰንዮም ይዓዩ ምንባሮም ንግንዘብ። "ብትምህርቲ ሓዋርያትን ብሕብረትን ብምቍራስ እንጌራን ብጸሎትን ጸኒዖም ነበሩ። ኣብ ጸጽባሕ ብሕብረት ኣብ ቤተ መቕደስ ከየቋረጹ ጸኒዖም ይእከቡ ነበሩ፡ ኣብ ኣባይቲ እንጌራ እናቈረሱ፡ ብሓጐስን ብግሩህ ልብን ንኣምላኽ እናኣመስገኑ ብሓንሳእ ኮይኖም ይበልዑ ነበሩ" (ግ.ሓ 2፡42,46)። ነቲ ክርስትያናዊ ጕዕዞኦም ብትምህርቲ ሓዋርያት (ብቃል ኣምላኽ)፣ ብሕብረት (ሓባራዊ ጉባኤ)፣ ብምቍራስ እንጌራን (ብቅዱስ ቍርባን)፣ ብጸሎት (ናይ ሕብረት ኣምልኾ) የሰንይዎ ምንባሮም ንርኢ። ቅዳሴኣዊ ኣምልኾ ካብ ሓዋርያት ጀሚሩ ዝጐልሐ ኣገልግሎት ኢዩ። ብመጀመርታ ኣብ እምነት ክርስትና ዝመጹ ሰባት ዕብራውያን ኢዮም ዝነበሩ፡ ብኣንድነት ፍጽማት ከም ዝነበሩ መጽሓፍ ቅዱስ ይሕብረና። "እቶም ዝኣመኑ ኹላቶም ሓንቲ ልብን ሓንቲ ነፍስን ነበሩ፡ ብኹሉ ብርኪ ነበሩ እምበር፡ ሓደ እኳ ኻብ ገንዘቡ፡ እዚ ናተይ ኢዩ፡ ዚብል ኣይነበሮምን" (ግ.ሓ 4፡32)። ዘለዎም ንብረት ኣኪቦም ድማ ናብ እግሪ ሓዋርያት የምጽእዎ ብሓባር ድማ ሕይወቶም ይነብሩ ነበሩ። ሓዋርያት ብትእምርትን ተኣምራትን ተሰንዮም ኣገልግሎት ይቕጽሉ ነበሩ፡ ኣብ ገዛ እናተኣከቡ ድማ እንጌራ ይቖርሱ፡ ብሕብረት ይጽልዩ ነበሩ። ክርስትና ከም ሓደ ምንፍቕናዊ ጕጅለ ይርእይዎ ስለ ዝነበሩ ብዙኅ ስደት በጽሖም፡ በዚ ምኽንያት ናብ ብዙኅ ቦታታት ፋሕ በሉ፡ ኣብኡ ድማ ወንጌል ብምስባኽ ነፍሳት ማረኹ። ክርስትና ካብ ኢየሩሳሌም ኬስፋሕፍሕ ምስ ጀመረ፡ ብቐዳምነት ኣብ ኣንጾክያ ናይ ሶርያ ርእሲ ከተማ ዝነበረት ኢዩ ዝኣተወ (ግ.ሓ 11፡26)። ካብ ኣረሜናውነት ዝተመለሱ ብምኧኖም ዝኾነ ኣይሁዳዊ ልምዲ ኣይነበሮምን ስለዚ፡ ብቐጥታ እምነቶም ኣብ ክርስቶስ ኣንበሩ። ኣብዚ ከተማ ድማ ንመጀመርታ ጊዜ ክርስትያን ዝብል ስም ተዋህቦም። ወንጌል ኣስፋሕፊሑ ክሳብ ከተማ ሮሜ በጽሐ፡ ኣሕዛብ ክርስትና ተቐበሉ።

ሓዋርያት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እናኸዱ ወንጌል ሰበኹ፡ በቲ ዋጋ ዘሕትት ቃል ክርስቶስ ጸኒዖም ብሰማዕትነት ሓለፉ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዘይካ ሰማዕትነት ያዕቆብ ወዲ ዘብዴዎስ ካልእ ኣይነግረናን ኢዩ (ግ.ሓ 12፡1-2)፣ ትውፊት ቤተ-ክርስቲያን ብዛዕባ እዚ ብዙኅ ኣቐሚጡልና ኣሎ። ኣብ ዝኸድዎ ቤተ-ክርስቲያን እንዳ መሥረቱን ኣገልገልቲ እንዳ ቐብኡ ድማ ገስገሱ (ግ.ሓ 14፡22-23፣ ግ.ሓ 20፡17፣ 1ይ ጢሞ 3፡1-12፣ ቲቶ 1፡5)። ብዘይካ ሓዋርያ ዮሓንስ ኵላቶም ብሰማዕትነት ሓለፉ ንኣብነት እንድርያስ ስኪስያ ምብራቕ ኤውሮጳ ክሳብ

ፖላንድ ወንጌል ምስ ሰበኸ፡ ተመሊሱ ኣብ ክልል ግሪኽ እናመሃረ ከሎ ኣብ ኦም ብምስቃል ሰማዕት ኰነ። ቅዱስ ፊልጶስ ኣብ ፍርጊያ ብሰማዕትነት ተቐትለ፡ ቅዱስ በርተሎሜዎስ ምስ ቅዱስ ታዴዎስ ወንጌል እናመሃረ ከሎ፡ ብትእዛዝ ገዛኢ ክልል ኣልባኖ ፖሊስ ተቐትለ። ሓዋርያ ማቴዎስ ናብ ህንዲ ክሓልፍ ከሎ፡ ኣብ ገለ ከባቢ ምድረ ሓበሻ ከም ዝሰበኸ’ውን፡ ጸሓፊ ታሪኽ ቤተ-ክርስቲያን ሩፊኖስ ይገልጽ፡ ኣብ ሃገረ ፋርስ ክልል ፓርትያ ከተማ ናዳባር ምሂሩ ብሰማዕትነት ዓረፈ። ቅዱስ ቶማስ ንማኅበር ሰብ ኣይሁድ ተቐመጥቲ ህንዲ እናመሃረ፡ ብራሕማናውያን ሰብ ህንዲ’ውን ተሓዊሶምዎ፡ እምነት ክርስትና ኣሣቕዮምዎ፡ ብ72 ዓ.ም. ሰማዕት ኰነ። ሓዋርያ ታዴዎስ ኣብ ሃገረ ይሁዳ፡ ሰማርያን ኤዶምያስን ደኃር ኣብ ፋርስን ልብያን ካብኡ ኣብ ኤዴሳ፡ ኣርመንያ መሰጶጦምያን ወንጌል ሰበኸ። ኣብ መወዳእታ ተኸተልቲ እምነት ዞሮኣስትርያ ብበበይኑ መከራ ኣሳቕዮምዎ ብሰማዕትነት ዓረፈ። ወንጌላዊ ሉቃስ ድኅሪ ሰማዕትነት ጳውሎስ ኸኣ ኣብ ጋውል (ፈረንሳይ)፣ ኢጣልያ፡ መቄዶንያ፣ ግብጽን ፔሎፖኒሱስን እናመሃረ ኣብ ፔሎፖኒሱስ ተሰቒሉ ብሰማዕትነት ካብዛ ዓለም ሓለፈ እሞ ኣብ ፖትራስ ተቐብረ። “ማርቆስ ንኣገልግሎት ስለ ዝጠቕመኒ ምሳኻ ይምጻእ” (2 ጢሞ 4፡11፣ ቆሎ 4፡10፣ ፊል 24)። ኣብ ኣገልግሎት ምስ ጳውሎስን ምስ በርናባስን ተሳተፈ፡ ኣብ መወዳእታ ናብ ግብጺ ተመሊሱ እናመሃረ ከሎ፡ ብ68 ዓ.ም. ብሰማዕትነት ዓረፈ። ግብጻውያን ሰዓብቲ ቅዱስ ማርቆስ ድማ ክሳብ ኑብያ-ኢትዮጲያ ወንጌል ሰቢኾም ክርስትና ከም ዘብጽሑ ተመራመርቲ ታሪኽ ይሕብሩ።

ምውሳኽ ሓዋርያ ጳውሎስ ኣዚዩ ኣገዳሲ ጕዕዞ ክርስትና ኢዩ፡ ጐይታ ናተይ ሕሩይ ኣቕሓ ብምባል ዝመስከረሉ ሰብ ነበረ (ግብ 9፡15-16)። “ብእኡ ኸኣ ሓሳባትን ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ንዚጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ኲሉን እናፍረስና፡ ኲሉ ኣእምሮውን ንምእዛዝ ክርስቶስ ንማርኸሉ ኢና” (2 ቆረ 10፡5)። ብኹሉ ውርደትን መከራን ድማ ወንጌል ሰበኸ፡ ሠለስተ ሓዋርያዊ ዑደት ብምኻድ ድማ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ዝኾና ነፍሳት ማረኸ። ብመርሒነት መንፈስ ቅዱስ 14 መልእኽታት ስለ ዝጸሓፈ ድማ ኣዚዩ ፍሉጥ ሰብ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ብሓሶት ተኸሲሱ ክሳብ ሮሜ ክኸይድ ከኣለ (ግብ 21-28 ርእ)፣ ቅዱስ ጳውሎስ ድኅሪ ክልተ ዓመት ነፃ ተለቒቑ ናብ ዝደለዮ ክኸይድ ስለ ዝተፈቐደሉ፡ ክሳብ ስጳኛ እናተዛዋወረ ወንጌል ሰበኸ። ኣብ ሮሜ ስደት ክርስቶሳውያን ይቕጽል ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ቅዱስ ሓዋርያ ጴጥሮስን ጳውሎስን ሰማዕትነት ተቐበሉ። ብ67 ዓ.ም. ብትእዛዝ ኔሮን ጳውሎስ ተሰየፈ፡ ጴጥሮስ ድማ ተሰቕለ። ሓፀይ ኔሮን ኣብ ንግሥነት ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ክርስቲያን ብብዙኅ መከራ ይሓልፉ ነበሩ፡ ኣብ ሓምለ 64 ዓ.ም. ኔሮን ኰነይ ኢሉ ዝኣጐዶ ሓዊ ብታሕተዋይ ክፍለ ከተማ ሮሜ ጀሚሩ ንነዊኅ ዝጸንሐ ብዙኅ ህልቀት ዝፈጸመ ተግባር ነበረ። ኣብዚ ተኸሰስቲ ኮይኖም ዝተረኽቡ ድማ ክርስትያን ኢዮም፡ በዚ ምኽንያት ገሊኦም ብቖርበት ተጠቕሊሎም መግቢ ኣራዊት ኰኑ፡ ብሓዊ ተቓጸሉ፡ ብሰይፊ ድማ ተመተሩ (A Christian Biography, 1991, ገጽ. 747-748)። “ቬስፓስያን ብ69 ዓ.ም. ናብ ሮሜ ከይዱ ብኃይሊ ሠራዊት ነገሰ። ንጥጦስ (ቲቶስ) ወዱ ኸኣ ጀኔራል መዓርግ ሂቡ ንኣይሁድ ክቈጻጸሮም ኣዘዞ። ጥጦስ ብወገኑ ኣሽሓት ሠራዊት ኣሰሊፉ፡ ኣብ 70 ዓ.ም. ቅነ ፋሲካ ኢየሩሳሌም ብምኽባብ ንኃይልታት ኣይሁድ ኢዶም ክህቡ ሓቲትዎም ፍቓደኞታት ስለ ዘይኰኑ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን እምቢታ ኣይሁድ ንምጥፋእ ተዓጥቀ። ሠራዊቱ ዕርዲ ኣፍሪሶም ንዝረኸብዎ እናጨፍጨፉ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ሕዝቢ ኣህለቑ። ንከተማ ኢየሩሳሌምን ከባቢኣን ብሓዊ ተኰሱ፡ ዝፈርስ ኣፍረሱ፡ ዝድምሰስ ደምሰሱ። ሽዑ እቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኢየሩሳሌም ከልቅሰላ ከሎ፡ <<ኣየ ንስኺ በዚ መዓልት’ዚ ንሰላምኪ ዝኸውን ነገር ፈሊጥክዮ እንተ ትኾኒ፡ ሕጂ ግና ካብ ዓይንኺ ተኸዊሉ ኣሎ። ጸላእትኺ ቀጽሪ ቀጺሮም ዝኸቡኺ መዓልቲ ክትመጽእ ኢያ፡ በዝን በትን ድማ ከጽብቡልኪ ኢዮም፡ ዘመን ምሕረትኪ ሰኣን ምፍላጥኪ ንኣኽን ኣባኺ ንዝነብሩ ደቅኽን ምስ ሓመድ ክጽምብሩኺ፡ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ’ውን ኣይክሓድጉልኪን ኢዮም>> ዝበሎ ተፈጸመ ሉቃ 19፡42-44” (ትውፊት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ-ክርስቲያን ኤርትራ ገጽ. 39-40)።

ቤተ-ክርስቲያን ንመጀመርታ ዝገጠማ ስሕተታዊ ትምህርቲ ግሪኻዊ ፍልስፍና ፈሊጣውያነት (ኖስቲሲዝም) ኢዩ። እዚ ኵንነት ሰብ ክበጽሖ ይኽእል ኢዩ፡ ዝኸውን ኣካል መንፈስ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ሥጋ ኣይኰነን፡ ሥጋ እንተ ኾይኑ ድማ መንፈስ ኣይኰነን። ካብ እምነት ዝያዳ ፍልጠት ግምት ዝህቡ ወገናት ኢዮም፡ ፈሊጣውነት ብምንታዌ ኣማልኽቲ ዝኣምን ስሕተት ኢዩ። ግዙፍ ሥጋ ርኹስ ኢዩ ስለዚ ሰብ መውስቦ ሥራሕ ሰይጣን ብምዃኑ ብብሕትውና ብትሕርምቲ ብጾምን ብጸሎትን ክነብር ኣለዎ ዝብል ርድኢት ነበሮም።

በዚ ምኽንያት ኣምላኽ ሥጋ ለበሰ ዝብል ኣምር ብጠቐላላ ክቕበልዎ ኣይከኣሉን፡ ክርስቶስ ሰብ መሲሉ ይረኣዮም ነበረ እምበር ዝድህሰስ ሥጋ የብሉን ኢሎም ደምደሙ። ጐይታ ግን፡ “ኣነ ባዕለይ ምዃነይ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ርኣዩ። ከምዚ ንኣይ ዘሎኒ እትርእይዎ ዘሎኹም፡ ንመንፈስሲ ሥጋን ዓጽምን የብሉን እሞ፡ ኣረምሲስኩም ርኣዩኒ፡ በሎም” (ሉቃ 24፡39)። ምስ ፈሊጣውነት ዝተመሳሰለ ኸኣ ዶሰቲዝም ዝብል ስሕተት ተላዕለ። ዶሰቲዝም ድማ ክርስቶስ ምትሃት ደኣ እምበር ሥጋ ኣይለበሰን፡ ሰብ መሲሉ ይረኣዮም ነበረ። ንሱ ዝጭበጥ ሥጋና ኣይተዋሓደን ብምባል ይማጐቱ ነበሩ። “ኢየሱስ ክርስቶስ ብሥጋ ኸም ዝመጸ ዘይእመኑ ብዙኃት ምስሓትቲ ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለዉ። እቲ መስሓትን እቲ ጻረ ክርስቶስን እዚ ኢዩ” (2 ዮሓ 7)። ኣብዚ ጊዜ ቤተ-ክርስቲያን ኣብ ውሽጢ ብስሑት ትምህርቲ ኣብ ግዳም ድማ ብስደት ክትህወኽ ጀመረት። ዘውገ ምሁራን ይትባረክ በርሀ ከምዚ ኢሎም ይገልጽዎ፡ “ኣብ ምድረ ሓበሻ ብፍላይ ኣብ ዙርያ ነገሥታት፡ ይምለኹ ዝነበሩ ጣኦታት ለመቀሐ (ኣልሞቃሕ ናይ ወርሒ) ፣ ሸመሸ (ናይ ፀሓይ) ፣ ዓሠርተ (ናይ ሰማይ) ፣ መደር (ናይ ምድሪ) ፣ በሐር (ናይ ባሕሪ) ፣ መሓረም (ሓላዊ ነገስታት)። ኣብ ሓወልትታት፡ ኣኻውሕን ባጤራታትን ስሞም ተቐሪጹ ምስሎም ኣጊጹ ተረኺቡ። ኣብቲ ብምስሊ ጣኦታት ሀረከለስን (ኣምላኽ ኃይሊ) ፣ ሀርሙስን (ኣምላኽ ሃብቲ) ፣ ዝወቀበ ሓወልቲ ኣዱሊስ፡ ብቓላት ግሪኽ ዜውስ (ላቲን ጁፒተር) ፣ ኣረስ (ማርስ) ይጥቀሱ (ትውፊት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ-ክርስቲያን ኤርትራ ገጽ. 41)። እምበኣርከስ፡ ምድረ ሓበሻ ብኣምልኾ ጣኦት ዝተመልአት ነበረት፡ ገለ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ ከም ዝሕብርዎ ድማ ሓዋርያ ማቴዎስ መጺኡ ወንጌል ከም ዘበሠረና ይሕብሩ። ኣብ ምድረ ሓበሻ ክርስትና ብወግዒ ዝኣተወሉ ጊዜ ግን ብራብዓይ ክፍለ ዝመን ነበረ። “ንቕሑ፡ ኣብ እምነት ጽንዑ፡ ሰብኡት ኵኑ፡ በርትዑ” (1ይ ቆሮ 16፡13)።

ኣብ ዝስዕብ ኣታም ይቕጽል . . .

(ዲያቆን ኣሮን ገብረ-ሥላሰ)



# ስሕተት በለዓም

*"ብመገዲ ቃየል ስለ ዝኸዱ፡ ምእንቲ ዓስቢ ብስሕተት በለዓም ጸደፉ፡ ብዕልወት ቆሬ ኸኣ ጠፊኦም ኢዮም እሞ፡ ወይለኦም።" (ይሁዳ 11)*

በለዓም ኣብቲ ፈለማ ሕይወቱ፣ ውህበት ጸጋ እግዚኣብሔር ዝነበሮ ፣ ረጊሙን መሪቑን ድማ ዘስልጥ ሰብ፥ ከምኡውን በቲ ዝነበሮ ህያብ ከገልግል፣ ብእግዚኣብሔር ዝተኣመነ ኣገልጋሊ ነበረ። እንተኾነ፣ እዚ ናይ እግዚኣብሔር ውህበት ዝነበሮ ሰብ፣ ባላቅ ንጉሥ ሞኣብ ብደቂ እስራኤል ምስ ተሸበረ ንበለዓም ንስኻ ዝረገምካዮ ርጉም ንስኻ ዝመረቕካዮ ከኣ ምሩቕ ምኳኑ እፈልጥ ኣለኹ እሞ ንዓ በጃኻ ንደቂ እስራኤል ርገመለይ ኢሉ ክቡራት ሰባት ክቡር ህያባት ኣሰኪሙ ለኣኸሉ። በለዓም ነቶም ክቡር ህያባት ሒዞም ዝመጹ ክቡራት ሰባት ተቀቢሉ "ንሎሚ ኣብዚ ሕደሩ ንእግዚኣብሔር ክሓቶ ኢየ እግዚኣብሔር ዝበለኒ ከኣ ክነግረኩም ኢየ" በሎም። ንእግዚኣብሔር ምስቶም ልኡኻት ናብ ንጉሥ ሞኣብ ከይዱ ከም ድላይ ባላቅ ንደቂ እስራኤል ክረግመሉ ምስ ሓተቶ፣ እግዚኣብሔር ደቂ እስራኤል ምሩቅ ሕዝቢ ስለ ዝኾነ ኣይትርገሞ ምስኣቶምውን ኣይትኺድ በሎ። ብድኅሪዚ በለዓም ናብቶም ልኡካት ባላቅ መጺኡ እግዚኣብሔር ከይትኸይድ ከም ዝበሎን ከም ዘይከይድ ነገሮም። እቶም ልኡካት ናብ ንጉሥ ባላቅ ተመሊሶም ዝኾነ ኵሉ ምስ ነገርዎ፣ ተመሊሱ ንካልኣይ ጊዜ ካብቶም ኣቀዲሙ ዝሰደዶም ንላዕሊ ክቡራትን ሕፉራትን ሰባት ካብቲ ኣቀዲሙ ዝለኣኸሉ ህያባት ድማ ኣብዚሑ ሉኡኻት ሰዲዱ፣ "ንዓ በጃኻ ርገመለይ ካብዚ ህያባት ንላዕሊ ድማ ኣነ ከኽብረካ ኢየ ዝብል መልእኽቲ ንበለዓም ሰደደሉ። በለዓም እቲ ብዙኅ ህያባት ምስ ረኣየ ልቡ በቲ ክቡር ህያባት ስለ ዝተሳሕበ፣ ነቶም ልኡኻት ካልኣይ ጊዜ ንእግዚኣብሔር ክሓቶ ክኸይድ ምኳኑ ነገሮም። በለዓም እግዚኣብሔር ክልተ መልሓስ ከም ዘለዎ ንካልኣይ ጊዜ ምስ ሓተቶ፣ እግዚኣብሔር ልቢ በለዓም በቲ ባላኽ ዘቕረበሉ ዓስቢ ከም እተሳሕበ ምስ ረኣየ ኪድ በሎ። ኪድ ምስ ተባህለ ተሓጒሱ ናብ ምድረ ሞኣብ ንደቂ እስራኤል ክረግም ምብጋሱ ግና ኲራ እግዚኣብሔር ነደደ። በለዓም ዋላ'ኳ ናብ ባላቅ ከይዱ ከምቲ እግዚኣብሔርን እቲ መልኣኽን ዝበሎ እንተገበረ፣ ልቢ በለዓም ብዓስቢ ናይቲ ባላኽ ዘቕረበሉ ህያባት ስለ ዝሰሓተ ግና ሕይወትን ውህበትን በለዓም ካብ እግዚኣብሔር ዝጥቐመሉ ሰብ፣ ናብ ሰይጣን ዝጥቐመሉ ጠንቋሊ ሰብ ተቐየረ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብሴፍ ደቂ እስራኤል ተቐትለ። (ዘኍ ምዕ 22 ክሳብ ምዕ 31 ኢያ 13፡22)

ሓዋርያ ይሁዳ ንበለዓም ኣብነት ገይሩ ነቶም ኣብ ማእከል ሕብረቶም ሶሊኾም ዝኣተዉ ከም በለዓም ምእንቲ ዓስቢ ዝጸደፉ ናይ ሓሶት መሰኻኽር ሰይጣን ዝጥቐመሎም ኣገልገልቲ ክጥንቐቑሎምን ብስሑት ኣገልግሎቶም ከኣ ከይሕበሉን ዕላማ ብምግባር ኢዩ ዝጸሓፈሎም። እዚ ሓዋርያ ብተወሳኺ ኣብዛ ሓንቲ ምዕራፉ፣ ስፍራኦም ብፍታዎም ዝሓደጉ መዓርጎም ከኣ ዘሓለዉ መላእኽቲ ከም ዘለዉን ንዕኦምን ነቶም ንስሑት ትምህርቶም ዝስዕቡን ከኣ ካብ እግዚኣብሔር ዓቢይ መቕጻዕቲ ከም ዘለዎም ከረድእ ከሎ፡- "ነቶም ሠፈሮም ዝሓደጉ እምበር መዓርጎም ዘይሓለዉ መላእኽቲ እኳ ብናይ ዘለዓለም መቓውሕ ደኣ ትሕቲ ጸልማት ነቲ ፍርዲ እታ ዓባይ መዓልቲ ዓቚርዎም ኣሎ። ከምኡ'ውን ሶዶምን ጎሞራን እተን ኣብ ከባቢኤን ዝነበራ ከተማታትን፣ ከማታቶም ብመንገዶም ዝመንዘራ ደድኅሪ ሥጋ ኃናውን ዝሰዓባ፣ በቲ ዝወረደን ቅጽዓት ናይ ዘለዓለም ሓዊ ንመሰክሒ ኾይነን ኣለዋ።" ይብለና። (ይሁ 6-7 ዘፍ 19፡4-25 2ዩ ጴጥ 2፡ 4-10)

ካብዚ ንመለበሚ ከም ኣብነት ዝጠቐመጠልና **ናይ በለዓም ጸጋን ምእንቲ ዓስቢ ምስሓቱን ናይቶም ሥፍራኦም ዝሓደጉ ማዓርጎም ከኣ ዘይሓለዉ መላእኽቲ ድማ ጸጋኦምን ምእንቲ ክብሪ ገዛእ ርእሶም ምውዳቖምን ንብዙኃት ገርህታት ድማ ምስሓቶምን ኢዩ።** እዚ ዘለናዮ ዘመን ናይ ራእይ ውህበት ጸጋ ኣሎኒ እሞ ብዛዕባኻ ከምዚ ይርኣየኒ ኣሎ፣ ናይ ምፍዋስ ውህበት ጸጋ ኣሎኒ እሞ ክፍውሰካ፣ ናይ ምንባይ ውህበት ጸጋ ስለ ዘለኒ ክንበየልካ ወዘተ ብዝብሉ ካብ ኣምላኽ ምኳኖምን ዘይምኳኖምን ክሳብ ምፍላይ ትስእን ንሸገረሉ ዘሎና እዋን ኢዩ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ክስተታት ኣብ ዝበዝኅ ናይ ውልቂ መራኸቢ ብዙኃን መዓልታዊ ዝረኣዩ ዘለዉ ኢዮም። ብዙኃትውን ብከምዚ ገለ ተሸጊሮም፣ ገለ ድማ ቅኑዕ መሲልዎም ስሑት ንኣምላኽ ዘይወከለ ውህበታት ገንዘቦምን ትሕዝትኦምን ዘወፍዩን ከወፍዩ ዝእዘዙን'ውን ኣዚዮም ብዙኃት ኢዮም። እንተኾነ ግና ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ እዚ እንታይ ይብል፧ ኢልና ክንሓስብን ንቃል ኣምላኽ ምስ እንውከስን እዚ ኣብ

ዘመንና ኣዚዩ ኣሸጋርን ንብዙሓት ድማ ክጸድፉን ክጠፍኡን ዝገብር ዘሎ ምትሕውዋስ ቅኑዓትን ዘይቕኑዓትን ኣገልግልቲ ግቡእ መልሲ ክንረኽበሉ ንኽእል ኢና። እዚ ሒዝናዮ ዘሎና ትምህርቲ ንምርዳኡ መታን ክጥዕም መሠረታዊ ሓሳብን ትርጉምን እንታይነትን ውህበታት ክንዘራረብ ጽቡቕ ኢዩ።

- መንፈሳዊ ውህበት

ሓዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ቆሮንጦስ **"ኣኅተየ ብዛዕባ እቲ መንፈሳዊ ውህበት ግና ብዘይ ፍልጠት ክትኰኑ ኣይፈቱን ኢየ፤"** ብምባል ኣገዳስነት ምፍላጥ ውህበታትን ህያባትን እምላኽ ኣረዲእዎም ኣሎ። እምበኣር ብዛዕባ ኣዚ ብዘይ ፍልጠት ክንከውን ዘይተደለየ ሓሳብ ብዛዕባኡ ክንሓስብን ንዕኡ ዝኸውን ዋጋ ክንከፍልን ትርጉም መንፈሳዊ ውህበት ወይ ህያብ እንታይ ምዃኑ ምፍላጥ የድሊ ኢዩ። (1ይ ቆሮ 12፡1)

ትርጉም መንፈሳዊ ውህበት ብሕጽር ዝበለ ክንርእዮ ከሎና፤ **ካብዚ ዓለም ዘይኰኑ ብመንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጢ ሰባት ዝግለጹን ዝቕለሱን ኃይሊ ዝገብሩ ነፃ ናይ ኣምላኽ ህያባት ኢዮም።** እዞም መንፈሳዊ ህያባት እዚኦም **ዘይግብኣና ክነሱ ግናኽ ንኣካልን ማኅበርን ኣምላኽ ንምሕናፅ ንነገራት ብኽእለት ኣምላኽ ክትገብሮም ዘኽእሉካ መለኰታውያን ኃይልታት ብዘድልየናን ዓቕምናን መጠን ካብ ኣምላኽ ብነፃ ዝውሃቡ ልግስታት ኢዮም።** እዞም ህያባት እዚኦም መገባብሮ ኣምላኽ ኮይኖም ገሊኦም ንኣፉ ገሊኦም ንኣእዳው፤ ገሊኦም ድማ ንኣዕይንቱን ምሕደራኡን ዝውክሉን ዘግሁዱን ኣብ ውሽጢ ሰብ ዝተቐመጡ ብመንፈስ ቅዱስ ዝግለጹን ዝቕለሱን ውህበታት ኢዮም።

ሰብ ብሕይወት ሃልዩ ነቲ ኣምላኽ ቅድሚ ዓለም ምፍጣር ዘዳለዎ ሠናይ ግብሪ ንምግባርን ኣብ መንፈሳዊ ናብራ ብከፊል ኰነ ብምልኣት ክንነብር ጸጋ የድልዮ ኢዩ። ከም ዓቅምን ድሌትን ኃይልን ናይቲ ዝፈጠረናን ብምሕረት ዘሳልየናን ዘሎ ኣምላኽ ደኣ'ምበር ብኃይልናን ብዓቕምናን ክንነብሮ ክንበጽሖን ንኽእል ናብራን ብጽሕናን ፈጺሙ ከም ዘየለ ክንፈልጥ ይግብኣና ኢዩ። እምበኣር እዞም መንፈሳውያን ውህበታት ከኣ ኣምላኽ ኣባና ዘለዎ ሓያል ፍቕሪ ዘነጽሩ፤ ንኵሉ ሰብ ከከም ዓቕሙን ደረጃኡን ዝወሃቡ፤ ኣብ ምሕናፅን ዕብየትን ኣካሉን (ማኅበሩ) ዝውዕሉ ሓደ ካብቲ ብዙኅ እንድኅነሉን እንሳገረሉን ጸጋታት ኢዮም።

መጽሓፍ ቅዱስ ንዓይነታት ውህበታት ንገሊኦም ብእኩብ ንገሊኦም ብንጽል ኣስፊሑ ገሊጽዎም ኣሎ። በቶም ብእኩብ ተጠቒሶም ዘለዉ ውህበታት ምስ እንጅምር፦ ኣብ ሮሜ 12፡6-8 ትንቢት፡ ኣገልግሎት፡ ምምሃር፡ ምምዓድ፡ ምህብ፡ ምምራሕ፡ ምድንጋጽ ዝብላ "ናይ ጸጋ ህያባት" ብዝብል ተጠቒሰን ኣለዋ። ኣብ (1ይ ቆሮ 12፡8-10) ከኣ፡ ቃል ፍልጠት፡ ቃል ጥበብ፡ እምነት፡ ናይ ምፍዋስ ውህበት፡ ግብሪ ኃይሊ፡ ትንቢት፡ ምልላይ መናፍስቲ፡ በብዓይነቱ ቛንቛታት፡ ምትርጓም ቛንቛታት ዝብላ ትሽዓተ ውህበታት ተጠቂሰን ኣለዋ። ኣብ 1ይ ቆሮ 12፡28 ድማ፡ ነዘን ኣብ ላዕሊ ዘለዋ ምርዳእ ድኹማት ትብል ውህበት ወሲኹ ደጊሙ ጠቒሰወን ኣሎ። ኣብ ኤፌ 4፡11-14 ከኣ፡ ንሓዋርያነትን ወንጌላውነትን ጕስነትን ወሲኹ ሓሙሽተ ውህበታት ጠቂሱ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ሰባት ዝተገልጹ ውህበታት ከኣ ኣለዉ። ገለ ንምጥቃስ፡ ምምላድ፡ ጋሻ ምቕባል፡ ሕልሚ፡ ራእይ፡ መዝሙር፡ ናይ መሳርሒ መዝሙር ክእለት፡ ግጥሚ፡ ድርሰትን ካልእን ምጥቃስ ይከኣል። (ዮኤ 2፡28 ግ.ሓ 16፡9-10 , 1ይ ነገ 4፡32 1ይ ሳሙ 16፡23 2ይ ነገ 3፡15-16 )

**ዕላማ መንፈሳዊ ውህበት**

ዕላማ መንፈሳዊ ውህበት ከምቲ እቲ ሓዋርያ ዝበሎ፡ "ኵላትና ናብ ሕብረት እምነት፤ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፤ ናብ እኹል ሰብኣይ፤ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክሳዕ እንበጽሕ፤ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምሕናፅ ሥጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ክኾኑ ንሱ . . ንገሊኦም ሓዋርያት . . ." ኢዩ። እዚ ማለት፡ ክብሪ ኣምላኽ ንምፍላጥን ንኽብሪ ኣምላኽ ንምንባርን፡ ተጠቐምቲ ሓድሕዳዊ ጸጋ ንምዃን፡ ናብ ሕብረት እምነት ንምምጻእ፡ ነቲ እነምልኾ ኣምላኽ ብዝግባእ ንኽንፈልጦ፡ ወንጌል መንግሥቲ ኣምላኽ ንምስፍሕፋሕ፡ ንምሕናፅ ማኅበር ኣምላኽ፡ ንምግላጽ መንነት ኣምላኽ፡ ንምጽንናዕ፡ ምስሊ ወዲ ኣምላኽ ንምትሓዝ፡ ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ክንዕወት ኃይሊ ንምዕጣቕ . . . ወዘተ ዕላማ ዝገበረ ኢዩ።(ኤፌ 4፡11-13)

**ኣፈጻጽማ መንፈሳዊ ውህበታት**

ሓዋርያ ጴጥሮስ ኣብታ ፈላሚት መልእኽቱ ብዛዕባ ኣፈጻጽማ ናይቲ ብዙኅ ዝዓይነቱ ጸጋ (ውህበት)

ኣምላኽ ከምዚ ብምባል ኣቐሚጡልና ኣሎ፡-“ነፍሲ ወከፍ ከምቲ እንተቐበሎ ውህበት ጸጋ፣ ከም ሕያዎት መገብቲ ናይቲ ብዙኅ ዝዓይነቱ ጸጋ ኣምላኽ ንሓድሕድኩም ኣገልግሉ። **ዚነግር** እንተኾነ ከም ቃል ኣምላኽ ገይሩ ይንገር፣ **ዜገልግል** እንተኾነ ውን ከምቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ኃይሊ ገይሩ የገልግል። ” (1ይ ጴጥ 4፡10-11)

ስለዚ መንፈሳዊ ውህበታት፡ ንትምህርቲ ሓዋርያ ጴጥሮስ መሠረት ብምግባር፡ **ብቃል ዝፍጸሙን ብግብሪ ዝፍጸሙን** ውህበታት ኢልና ኣብ ክልተ ክንከፍሎም ይከኣል ኢዩ።

## ጠባያት ናይቶም ንኣምላኽ ዘይውክሉ ኣገልገሊ እንታይ ኢዩ፧

ብሓቂ እዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ቅኑዕ ኣገልጋሊ ካብቲ ዘይቅኑዕ ክንፈሊ ክሳዕ ዘጸግም ኣዚዩ እተደናገረ ዘመን ኢዩ። ቤተ-ክርስቲያን በቶም ዘይቅኑዓትን ዘይእሙናትን ሰባት ዘምጽእዎ ምድንጋር ካብ ትሕመስ፡ ደቂ ኣምላኽ ድማ ብሰንኪ ናይቶም ዘይቅኑዓት ኣገልገልቲ ግዕዙይ ኣኻይዳ ንሽግርን መከራን ስደትን ካብ ዝስደዱ ውጉድ እዋን ኣየቐኡጸሩን። ቃል ኣምላኽ ኣብቲ ዳኅራይ ዘመን ብምባል ንዘመንና ኣመልኪቱ፡ ነቶም ዘይቅኑዓት ካብቶም ንኣምላኽ ዝውክሉ ቅኑዓት ኣገልገልቲ ክንፈልየሉ እንኽእል ምልክታትን ጠባያትን ብግልጺ ኣቀሚጡልና ኢዩ። ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ እቶም ንኣምላኽ ዝውክሉ ኣገልገልትን ብዛዕባ እቶም ንኣምላኽ ዘይውክሉ ሓሰውቲ ነብያትን ንኽነለሊ ዝተጠቐመሉ ቀንዲ መምዘኒ “ብፍሪኦም ከተለልይዎም ኢኹም” ብምባል፡ በቲ ኣብ ሕይወቶም ዘርእይዎን ዝነብርዎን ዘይቅዱስ ናይ ናብራኦም ጠባይ ኢዩ። ንሎሚ እምበኣር ንሕይወት በለዓም ምርኩስ ብምግባር፡ ጠባያትን ሕይወትን ናይቶም ብሓሰውቲ ነብያት ዝተጠቕሱ ካብቲ ብዙኅ ብውጉድ ክንርኢ ኢና። (ማቴ 7፡16,20)

- **ልቦም ዝሰሓተ’ዩ**

ሓደ ካብ’ቲ ብዙኅ ጠባይ ናይቶም ንኣምላኽ ዘይውክሉ ኣገልገልቲ፡ ልቦም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዝሰሓተ ምዃኑ ኢዩ። ጠንቂ ውድቀት ናይቲ ድኂሩ ጠንቋሊ ዝተቐየረ በለዓም’ውን ካብዚ ዝፍለ ኣይነበረን። በለዓም ብህያባት እቲ ንጉሥ ክስሕት ግዳይ ዝገበሮ፡ ኣቀዲሙ ተጠባሪ ልቢ ስለ ዝነበሮ ኢዩ። በለዓም ነቲ እግዚኣብሔር ኣቐዲሙ ኣይፋል ዝበሎ፡ እግዚኣብሔር ቃሉ ገልቢጡ እወ ንኽብሎ ንካልኣይ ጊዜ ናብ እግዚኣብሔር ክመጽእ ዝገበሮ፡ ልቡ በቲ እቲ ንጉሥ ዝለኣኸሉ ህያባት ስለ ዝሰሓተ ኢዩ። እዚ ብከምዚ ዝበለ ስሑትን ተጠባርን ልቢ ዝምራሕ ኣገልጋሊ፡ እቲ ኣውራ ምልክቱ እምበኣር፡ እቲ ልቡ ዝጠበሮ ህያባት ምእንቲ ከይስእን ንምኽሪ እግዚኣብሔር ክግልብጥ ዝቐሎ ምዃኑ ኢዩ።

ልቡ ዝስሓተ ኣገልጋሊ ምስ ሓሳብ ኣምላኽ ዝጻረር ጥራኅ ዘይኮነ ኣንጻር እግዚኣብሔር ዝስለፍን ምስ እግዚኣብሔር ከኣ በቲ ካብኡ ዝረኸቦ ውህበት ብቐጥታ ዝዋጋእን ኢዩ። በለዓም ብህያባት እቲ ንጉሥ ልቡ ተሳሒቡ ፈለማ ንእግዚኣብሔር ድኅሪ ምሕታቱ፡ እግዚኣብሔር ብዛዕባ እቶም ባላቕ ከርግሞም ደልዩ ዘሎ ሕዝቢ “ሕዝቢ እስራኤል ምሩቕ ሕዝቢ ስለ ዝኾነ ኣይትርገሞ ምስኣቶም ከኣ ኣይትኺድ” ዝብል መብርሂ ዝተሓወሶ መጠንቐቕታ ንበለዓም ሃቦ። በለዓም ንምኽሪ እግዚኣብሔር ሰሚዑ ነቶም ብባላቕ ህያባት ሒዞም ዝተላእኩ ድማ እግዚኣብሔር ከይትከይድ ኢሉኒ’ዩ ስለዚ ኣይከይድን ኢየ በሎም። ብድኅሪ’ዚ ባላቕ እቶም ዝለኣኾም መልሲ በለዓም ምስ ኣምጽኡሉ፡ ካብቲ ቀዳማይ ዝበዝሔን ዝበለጸን ህያባት ኣሰኪሙ ክቡራት ዝብሎም ልኡኻት ሰዲዱ፡ “ብብዙኅ ከኽብረካን ክሸመካን ኢየ ንዓ በጃኻ ንደቂ እስራኤል ርገመለይ” በሎ። በለዓም በቲ ንካልኣይ ጊዜ ዝመጸ ብዙኅን ክቡርን ህያባት ልቡ ስለ ዝተሳሕበ፡ እግዚኣብሔር ቃሉ እንተቀየረ ኢሉ፡ ንካልኣይ ጊዜ ንእግዚኣብሔር ክሓቶ ከደ። እግዚኣብሔር ልቢ በለዓም በቲ ህያባት ተሳሒቡ ምስ ረኣየ፡ ምስኦም ኪድ ከይትረግሞም ግን ተጠንቀቕ በሎ። በለዓም ግን ብሰንኪ እቲ ዝሰሓተ ልቡ፡ እቲ ንልቢ ኣምላኽ ዘሕጕሶ ንልቡ ከጉህዮ ኢዩ ተራእዩ። ኣብዚ እንረኽቦ ካልእ ሓቂ ድማ፡ እቲ ንእግዚኣብሔር ዘይውክል ኣገልጋሊ ካልእ መለለዪኡ፡ እቲ ንኣምላኽ ዘሕጕሶ ዘየሕጕሶ ምዃኑ ኢዩ። በለዓም እቶም ባላቕ ከርግሞም ዝደለዮም ሕዝቢ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሕሩያት ሕዝቢ ምዃኖም ብእግዚኣብሔር ስለ ዝተነግሮ፡ እተን ዝመጽኣ ህያባት ምእንቲ ከይተርፍኦ እቶም ሕዝቢ ንመርገም ዝቃልዑሉ ክፉእ ምኽሪ ንንጉሥ ባላቕ መኸሮ።

ንዓለም ምፍቃር ንኣምላኽ ምጽላእ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ መንፈሳዊ ናብራ ዝሰሓተ ልቢ ምውናን፡ ነቲ ትስዕቦ ኣምላኽ ዘሕጉሶን ዘጉህዮን እንታይ ምዃኑ ናብ ዘይምፍላጥ ዘቃልዕ ሓደገኛ ምልክት ኢዩ። እዚ ንጉዕዞ መንፈሳዊ ሕይወት’ውን ክሳራ ይገብር ጥራኅ ዘይኮነ፡ ምስቲ ብህያባትን ካልእን ገይሩ ልብኻ ከስሕት ዝገበሮ ሰይጣን ኴንካ ምስ እግዚኣብሔር

ምውጋእ ኢዩ። ብሓቂ ልቢ በለዓም ሒዝካ ኣብ ቤት ኣምላኽ ምንባር እቲ ኣዚዩ ዝኸፍአ ሕይወት ኢዩ። እቲ ዘሕዝን! እቲ ዝዓበየ ድኻም ናይዛ ናይ ሎሚ ቤተ-ክርስቲያን ከኣ ልቢ በለዓም ሒዞም ብዘገልግሉ ኣገልገልቲ ትግልገል ብምህላዋ ኢዩ። ከም ውጽኢት ናይዚ ድማ ቤተ-ክርስቲያን ድሌት ኣምላኽ ዘይኮነ፡ ድሌት ኣገልገልትን መራሕትን ጥራኅ ትፍጽም ኮይና፡ መአንገዲት ንኣምላኽ ዘሕዝን ንኣገልገልትን መራሕቲ ቤተ-ክርስቲያንን ግን ዘሕጉስ ነገራት ኮይና ንርኢያ ኣሎና። ቤተ-ክርስቲያን ኣብ ኢድ እዞም ንኣምላኽ ዘይውክሉ ልቢ በለዓም ሒዞም ዝመላለሱ ኣገልገልቲ ምስ ወደቐት፣ ብሰንኪ ዘምጽኣቶ ድኽመት፡ እቲ ንሳ ትመርሖ ዘላ ሕብረተ-ሰብ ደኺሙ፡ ኣብ ንሓድሕዱ ዝንዳእን ዝዳፋእን ካብ ኣምላኽውን ብሕይወቱን ብግብሩን ብዙኅ ዝረሓቐ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ካብ'ቲ እቲ ወንጌላዊ ኣብ ራእይ ካብ ጐይታ ንማኅበር ጴርጋሞን "ነቲ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል መሳተቲ ንምግባር፡ ንጣኦታት እተሓርደ ኪበልዑ፡ ኪምንዝሩን ንባላቕ ዝመሃሮ ምህሮ በለዓም ዝሓዙ ስለ ዘለዉኻ ግና፡ ቍሩብ ነገር ረኺበልካ ኣሎኹ" ኢሉ ዘስፈሮ ዝፍለ ኣይኮነን። እዛ ካብ ማኅበር ጴርጋሞን ዘይተመሀረት ናይ ሎሚ ማኅበር ኣምላኽ ድማ ፡ በዞም ልቦም ዝሰዓተ ዘይቅኑዓት ብምህሮን ተመኩሮን በለዓም ዝመላለሱ ኣገልገልቲ፡ ንምእመናን መንሳተትን መዓንቓን ኮይና ኣላ። ብሓቂ! ጠንቂ ውድቀት ሓደ ሕብረተ-ሰብን ሃገርን ውድቀት ቤተ-ክርስቲያን ኣገልገልታን ኢዩ።(ራእ 2፡14)

- ***ንኽብሪ ገዛእ ርእሶም ዘቐድሙ'ዮም***

ካብ ዛንታ በለዓም እንመሃሮ ካልእ መለለዪ ባህሪ ናይቶም ንኣምላኽ ዘይውክሉ ኣገልገልቲ፡ ንኽብሪ ገዛእ ርእሶም ዘቐድሙ ምዃኖም ኢዩ። በለዓም ህያባት ባላቕ ክኸስብ ንግዚኣብሄር ከኣ ክኸስር ዝገበሮ ቀንዲ ምኽንያት ካብ ንኽብሪ እምላኽ ንላዕሊ ኣብሊጹ ንኽብሪ ገዛእ ርእሱ ስለ ዝቐደመ ኢዩ። በለዓም ነቲ በቶም ብዙኅን ክቡርን ህያባት ሒዞም ዝመጹ ልኡኻት ዝመጸ መልእኽቲ "ብብዙኅ ከኽብረካ ኢየ ንዓ ርገመለይ!" ዝብል ኢዩ ነይሩ። ነቲ ዝረኣዮ ብዙኅ ህያባትን ዝሰምዖ ብዙኅ ክብረትን ከየምልጦ ድማ ኢዩ፡ ነቲ እግዚኣብሔር "ኣይፋል" ዝበሎ "እወ" ክቕይረሉ ንእግዚኣብሔር ክሓትት ንካልኣይ ጊዜኡ ዝመጸ።

እቶም ልቢ በለዓም ሒዞም ኣብ ማኅበር ኣምላኽ ዝመላለሱ ምስሉያት ኣገልገልቲ ካብ ዘርእይዎም ምልክታት እምበኣር ከም በለዓም ንርእሶም ክኽብሩ ክብሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ግዲ ዘይብሎም ምዃኖም ኢዩ። ውህበት ንዋሃቢኡ ኣኽቢሩ ስለ ዝነብር፡ ማኅበር ኣምላኽ ብቀንዱ ንእግዚብሔርን ነቲ ናቱ ዕላማን ዝተሓዝአ ክኸውን ኢዩ ዝግባእ። ኣብ ህልውቲ ቤተ-ክርስቲያና ግና ብዙኃት ኣገልገልቲ ክንሶም ንገዛእ ርእሶም ዝኽበርሉ መድረኽ ረብሓኦም ጌሮሞ ንርኢ ኣሎና። ናይዚ ውጽኢት ከኣ ቤተክርስቲያን መድረኽ ዝተፈላለዩ ጥንቆላን ሓሰውቲ መምህራንን ውጉዳት ሰብ ረብሓ ጥራኅ ዝጥቀሙላን ዘኽታም ቤት ኮይና ተሪፉ ኣላ። ቀንዲ ምኽንያት ውድቐት ናይዛ ኣብ ኣርዑት መንግሥታትን መለኽትን ካብ እትወድቅ ሓጺር ዘይገበረት ቤተክርስቲያን ምድርና ድማ፡ ናይቶም ብፍትወት ረብሓን ስምን ዝተመልኩ፡ ናይ መንሰ ኣምላኽ ሓልዮትን ድንጋጸን ፈጺሙ ዘይብሎም፡ ብዛዕባ ድኅነት ሕዝቢ ኣምላኽ ዘይግድሶምን ኣገልገልቲ ዘውረድዎ ኣደራዕ ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ካብ'ዚ ንእግዚኣብሔር ዘይውክል ኣገልግሎትን ኣምልኾን ንምውፃእ እምበኣር፡ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ከምቲ ጐይታ ኢየሱስ ኣብ ወንጌሉ ዝመሃረና ንገዛእ ርእሶም ዝቀበጹን ንኽብሪ እቲ ዝለኣኾም ጥራኅ ዝፍጽሙ ክኾኑ ይግባእ። ሕዝቢ ኣምላኽ'ውን ካብዚ ብምግንዛብ ንኣምላኽ ዘይውክሉ ኣገልገልቲ ከለልን ንርእሱ ካብ ስሕተት ክሕሉን ይግባእ። ኣብዛ ብብዙኅ ወዲቃ ዘላ ቤተ-ክርስቲያን፡ ኣብ መድረኽ ስለ ዝደየቡ ጥራኅ ኣብ ምእመናን ናይ ምጐይታት መንፈስ ዘለዎም ውጉዳት ኣይኮኑን። እዚ ከኣ ሓደ ካብ ባሕርያት ናይ'ቲ ንገዛእ ርእሱ ዝነብር ዘይእሙን ኣገልጋሊ ምዃኑ ክንፈልጥ ይግባእ። ቤተ ክርስቲያን ዝሓለፈቶን ትሓልፍ ዘላ ኣነባብራን ንዘመናት ዋጋ ዘኽፍላ ምኳኑ ተረዲእና ፣ እቶም ኣብ ኣገልግሎት ዘለና ሕይወትና ምስ ሕይወት በለዓም ብምዝማድ፡ ነቲ ዝለኣኽና ከይነጉህን ኣምሳያኣኡ ከኣ እቲ "ንሕሱር ኣእምሮ ኣሕሊፉ ሃቦም" እተባህለ ኣብ ልዕሌና ከይፍጸም ናይ መርገም ውሉድ ከይንኸውን ልብና ክንሕሉን ካብ ፍትወት ስምን ሥልጣንን ክንሃድም ይግባእ። ምእመናን'ውን ብግዲኦም ድምፂ ኣምላኽ ክለልዩን ካብ መጋበርያ እኩያን ዝኾኑ ኣገልገልቲ ክድሕን፡ በቲ ቅኑዕ መምዘኒ መጽሓፍ ቅዱስ ብምዝማድ ዝያዳ ንድኅነት ነፍሳቶም ክዓይዩን ክነቅሑን ይግባእ።

- ***ውህበቶም ኣብ ረብሓ ገዛእ ርእሶም ዘውዕሉ'ዮም***

ካልእ ጠባያት ናይቶም ንኣምላኽ ዘይውክሉ ኣገልገልቲ ከኣ ፣ እቲ ንምሕናፅ ማኅበር እተዋህበ ጸጋ ንገዛእ ስሞምን ንገዛእ ክብሮምን ረብሕኦምን ዘውዕልዎ ኢዮም። ወላ እኳ ውህበት ኣምላኽ እንተሃለዎም፡ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ቤት ኣምላኽ መፍረስቲ ኮይኖም ኢዮም ዝርከቡ። ሓደ እሙን ኣገልጋሊ ንጸጋኡ ኣብ ንኽብሪ ጐይታኡ ምፍጻም ብዝተካእሎ ይጽዕር እምበር ፡ከም በለዓም ኣብ ቅድሚ ካልኦት ነገሥታት ከቢሩ ክርአን ክረብሕን ብምሕሳብ ኣይጥቀመሉን ኢዩ። ኣብዛ ዘለናያ ቤተ ክርስቲያን ብዙኃት እኳ ከይውሕድ ዳርጋ መብዛሕትኡ ኣገልጋሊ ነዚ ዘይእሙን ኣገልጋሊ መሲሉ ዝረኣየሉ ዘሎ መድረኽ ኢዩ። እዚ ጊዜ እታ ቤት ኣምላኽ ብብዙኅ መዳያት ክትድገፈሉ ዝግብኣ ጊዜ ዋላ'ኳ እንተኾነ ፡ብዙኃት ግና ነቲ ካብ መንፈስ ኣምላኽ ዘይኮነ ናይ ገዛእ ርእሶም ምስ ወንጌል ኣምላኽ ዝተዛናብዐ ትምህርታን ኣብ መድረኽ ቤተክርስቲያን ብምትትታው ንስሞምን ረብሕኦምን ዘኻዕብት ጽውጽዋይ ትንቢታትን ጽድቂ ገዛእ ርእሶምን ብምስባኽ ኣብ ልዕሊ ምእመናን ክጉዩትቱን ኣደራዕ እዛ ቤት ክኾኑን ምርኣይ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትና ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ።



ዕላማ ፍጥረት ብምልኡ ክብሪ ፈጣሪኡ ምዝንታውን ምምላኽን ኢዩ። በዚ ምኽንያት ኢዩ እቲ ዘማሪ "ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንትዉ፡ ጠፈራት ከኣ ግብሪ ኣእዳዉ የውርዩ።" ብምባል ዋላ'ውን እቶም ከም ናትና ውህበት ማለት መልክዕ ኣምላኽ ዘይብሎም ፍጥረት ከይተረፈ ንዕቤትን ግርማን ጐይታኦም ከምዝሰብኩ የረድኣና። እምበኣር ንሕና እቶም ብመልክዑ ዝተፈጠርናን ምስሊ ኣምላኽ ከኣ ብደም ኢየሱስ ዝረኸብና ክርስትያን'ውን ፡ኣብ እንነብሮ ሕይወትን ንኣምላኽ ወኪልና ኣብ እነገልግሎን ኩሉ፡ ዕላማ ወሃቢ ንውህበትና ንምሕናፅ ኣካል ክርስቶስ ምዃኑ ተረዲእና፡ ውህበትና ኣብ ምሕናፅ ማኅበር ናይ'ቲ ንውዳሴ ክብሩ ቀደም መዲቡ ዝፈጠረና ብደም ወዱ ድማ ውሉዱ ዝገበረና ኣምላኽ ክኸውን ይግባእ። (መዝ 19፡1 ኤፌ 1፡11-12 ኤፌ 1፡5-6)

- **ኣገልግሎቱ ምስ ኣገልግሎት ካልኦት ዘወዳድር'ዩ**

ናይ'ቶም ንኣምላኽ ዘይውክሉ ዘይቅኑዓት ኣገልገልቲ እቲ ካልእ ምልክቶም ፡ እቲ ዝፍጽምዎ ኣገልግሎት ካብ ገዛእ ርእሶም ገይሮ ስለ ዝቐጽርዎ ምስ ናይ ካልእ ኣገልግሎት ናይ ምውድዳር መንፈስ ዘለዎም ኢዮም። እዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ሰባት ብናይ ኣንነት መንፈስ'ውን ዝተዋሕጡ ስለ ዝኾኑ፡ እቲ ብእኦም ዝፍጸም ኣገልግሎት ብዝኾነ ምኽንያት ብናይ ካልእ ክዕብለል ወይ ክቕደም ልቦም ዘይፈቕደሎም ኣዝዮም ህልኸኛታት ኢዮም። ኣብ ከምዚ መንፈስ ዘለዎም ሰባት ምእዛዝ ፡ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ምፍቃር. . . ወዘተ ዝብሉ መሠረታውያን ናይ ክርስትያን ጠባያት ዘይርከብዎም ሰባት'ውን ኢዮም። ኣብ ትሕቲ ሰብ ርእሶም ብፍታም ከግዝኡ ልቦም ዝረግኣሎም ኣይኰነን። ገዛእ ርእሶም ካብ ካልኦት ጸብለል ኣቢሎም ስለ ዝርእይዋ ፡ስምዑኒ፡ ተኣዘዙኒ፡ ወዘተ ዘብዝኑ ሰባት'ውን ኢዮም። ኮታስ እዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ሰባት ኣብ ማኅበር ኣምላኽን ሕብረት ኣኅዋትን ፍንጮ ዕብየትን ሓድሕድ ምግዝዛእን ኢዮም።

ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ'ቲ ጐይታ ክኸውን ዝደሊ ንሱ ኣገልጋሊ ክኸውን ከም ዝግባእ፡ እቲ ዓቢይ ክብሃል ዝደሊ'ውን ከም ንእሽቶ ኮይኑ ክመላለስ ከም ዘድልዮ ኣርጊጹ ነጊሩና ኣሎ። እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተላእከን ንኣምላኽ ዝውክልን ኣገልጋሊ ድማ ፡ ኣብ ዉዑይ ኰነ ዝሑል ኩነታት ሕይወት ምስ'ዚ ጐይታ ዝመሃረና ትኹል ሓቂ ፈጺሙ ክሰማማዕ ይግብኦ ኢዩ። ኣገልግሎትካ ኣብ መድረኽ ካብ ኣምላኽ ዝረሓቐ ምውድዳር ምእታዉ፡ መንፈሳዊ ሕይወትካ ብምትህልላኽ ምምራሕ ስለ ዝኸውን፡ ውጽኢታዊ ዕብየት ኰነ ለውጢ ዘይርከቦ ኢዩ። ብተወሳኺ'ውን እቲ እትገበሮ ኣገልግሎት ንካልኦት ንምብላጽ ዕላማ ዝገበረ ስለ ዝኾነ፡ ኣንጻር እቲ እትነብሮ ክትሰብኽ፡ ኣንጻር እትሰብኮ ከኣ ክትነብር ዝገብር ሓደገኛ መድረኽ ኢዩ።በቲ እንገብሮ ኣገልግሎት ንሕና ክንጥቐም እንተ ዘይክኢልና፡ ካባና ሓሊፉ ንካልእ ክጠቕም ኣይክእልን'ዩ እሞ፡ ካብዚ ንዓና ዘይጠቅም ፡ ሰማዕቱን ዘይባርኽ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ድማ ሞጎስ ዘየውህብ ፡ካብ ኣምላኽ ዝረሓቐ ኣገልግሎት ክንሕሎ ይግብኣና ኢዩ። ከምቲ ጐይታ ኢየሱስ ዝመሃረና፡ ኣገልገልቲ ናይ'ቲ ልዑል ኣምላኽ ምዃንና ፡ክሳዕ ከምቲ

ጐይታ እግሪ ደቂ መዛሙርቱ ምሕጻብ ዝተሓቶ ከነትሕትን ርእስና ኣብ ኣኀዋትና ብፍታውና ክንውፍን ካብ ርእስና ገለ ሠናይ ከም ዘይብላ ንርእስና ቆጺርና ኣብ ኣኀዋትና ርእስና ክንክሕድን ኣዚዩ ይግብኣና ኢዩ። ነዚ ክንገብር ጐይታ ይደግፈና። (ሉቃ 22፡24-27)

- **ንውህበቱ ዓስቢ ዝደልየሉ'ዩ**

እዚ'ውን እቲ ካልእ መለለዪ ካብ ዛንታ በለዓም እንመሃሮ ናይ ዘይእሙን ንኣምላኽ ዘይውክል ኣገልጋሊ ኢዩ። በለዓም ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝረኸቦ ናይ ምርቃን መርገምን ውህበቱ፡ ካብ ፍቓድን ፍታውን ወሃቢኡ ወፃኢ ዓስቢ ክደልየሉ ተራእዩ ኢዩ። ከም ግቡእ በለዓም ዋና ወሃቢኡ ይፈልጥ ብምንባሩ፡ ድኅሪ ንእግዚኣብሔር ሓቲቱ "ኣይትርገም ምስኣቶም ከኣ ኣይትኺድ" ዝተባህሎ ነቶም ብዙኅን ክቡርን ህያባት ኣሰኪሞ ባላቕ ዝለኣኾም ልኡኻት፡ ምስ ህያባቶም ዘየዳግም ክመልሶም ምተገብኦ ነይሩ። በለዓም ግን ነቲ ናይ ምምራቕን ምርጋምን ውህበቱ ከም ዝውሃብ ዓስቢ ቆጺሩ፡ እቲ ከም ዓስቢ ዝቐረበሉ ብዙኅን ክቡርን ህያባት ከየምልጦ፡ ነቲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተዋህቦ ውዱእ መልሲ ገለ ከም ዝተረፎ ንኻልኣይ ጊዜ ፍቓዱ ክሓቶ ተራእየ። በለዓም ድኂሩ'ውን ምስ ባላቕ ኮይኑ ምእንቲ ዓስቢ ንውህበቱ ተጠቒሙ ደቂ እስራኤል ዝወድቕሉ ምኽርን ሓሳብን ሰሪሑ ኢዩ። ብሰንኪ'ዚ እቲ ኣቀዲሙ ኣምላኽ ዝተጠቕመሉ በለዓም፡ መወዳእትኡ ዘይከም መጀመርታኡ ዛንታኡ ብሕማቕ ክድምደም ገበሮ። መወዳእታ በለዓም ኢያሱ ክገልጾ እንከሎ፡- "ንበለዓም ጠንቋሊ ወዲ ቢዖር ድማ ብሴፍ ተቐትለ።" ብምባል በቲ ንዓስቢ ዝዘዘወ ልቡ ካብ ኣምላኽ ዝተጠቕመሉ ሰብ ናብ ፍጹም ጠንቋሊ ብምቕያር ዛንታኡ ብሕማቕ ዛዘመ። (ኢያ 13፡22 ዘኍ 22፡5-22)

ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ'ዚ ክዛረብ እንከሎ፡- "ብከምቲ ዝተወሃብክሞ ብከምኡ ሃቡ" ብምባል ነቲ ብነፃ ካብ ኣምላኽ ዝተዋሃብናዮ ከምኡ ድማ ንሕና ንካልኦት ብነፃ ክንህብ ኢና ተጸዊዕና። እዚ ድማ እቲ ኣባና ዝቕመጥ መንፈሳዊ ውህበት ንዓና ዘይኮነ ንኣኀዋትና ዝጠቕም፡ ብተመሳሳሊ ድማ እቲ ኣብ ኣኀዋትና ዝቕመጥ ውህበት ንዕኦም ዘይኮነ ንዓና ዝጠቕም፡ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ኣብ ምሕናፅ ሰብነት ክርስቶስ ዝውዕል ብምዃኑ፡ ብዝተፈላለየ ውህበታት ሓድሕድና ንተሓናነጸሉ ስለ ዝኾነ ኢዩ። እቲ ብትምህርቲ ፊሊጶስ ኣሚኑ ዝተጠምቐ ጠንቋሊ ዝነበረ ስምዖን፡ ሓደ እዋን ጴጥሮስን ዮሓንስን ብምንባር ኣእዳው ተኣምራት ክገብሩ ምስ ረኣየ፡ ናብ ጴጥሮስን ዮሓንስን ቅርብ ኢሉ ከምዚ በሎም፡- "እቲ ኣነ ኢደይ ዘንብረሉ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ክቕበል'ሲ እዚ ሥልጣን ንዓይ ሃቡኒ" ኢሉ ገንዘብ ኣምጽኣሎም። ጴጥሮስ ግን ዘይከም በለዓም ነቲ ዓስቢ ዘምጽኣሎም ስምዖን "ነቲ ህያብ ኣምላኽ ብገንዘብ ክትገዝኦ ስለ ዝሓሰብካ፡ ወርቅኻ'ሲ ምሳኻ ይጥፋእ" በሎ። ቀጺሉ'ውን "ልብኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ ስለ ዘይኮነ ከኣ፡ ኣብዚ ነገር'ዚ ክፍሊ ኰነ ግደ የብልካን" በሎ። እዚ ሓዋርያ እዚ ምስ በለ ኣዚዩ መሪር ከቢድ ለበዋ ክህቦ ደልዩ "ምናልባሽ ሓሳብ ልብኻ እንተ ሓደገልካ ንእግዚኣብሔር ለምኖ" ብምባል ብትረት ገሰጾ። እቲ ስምዖን ዝሓሰቦ ኣብ ልዕሊ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ከም ምባል ስለ ዝነበረ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ መንፈስ ቅዱስ ገለ ዝብል ኣብዚ ምድሪ ይኹን ወይሲ ኣብ ሰማይ ፈጺሙ ከም ዘይሕደገሉ ካብ ጐይታ ዝተማህሮ ምህሮ ስለ ዝነበረ'ዩ "ምናልባሽ ሓሳብ ልብኻ እንተ ሓደገልካ" ዝበሎ። (ግ.ሓ 8፣ 5-24 ማቴ 10፡8)

እምበኣር ንዘይጸዓርካሉ ውህበት ዓስቢ ምድላይ፡ካብ ዘይቅኑዕ ልቢ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝውንኑ ሰባት ዝምንጩ ጠባይ ምዃኑ ርኢና ኣሎና። ሓደ ኣገልጋሊ ኣብ ሞንጎ ኣምላኽን ሕዝቢ ኣምላኽን ክርከብ ዝግብኦ ድልድል ከም መዃኑ መጠን፡ ካብ ኣምላኽ ዘይኮነን ንኣምላኽ ዘይውክልን ውሽጣዊ ሕማምና ብዘንቀሎ ማኅበር ኣምላኽ ከነጸይፍ ግቡእ ኣይኰነን። ገለ ካብ ናይዚ ሎሚ ኣብ ቤተ-ክርስቲያንና እናገነነ ዝኸይድ ዘሎ፡ ንግድል እታ ቤተ-ክርስቲያን ድማ ኣንፈቱ ዝቕይር ዘሎ ብዙኅ ኢዩ። ገለ ብዙኃት ኣብያተ ክርስትያን ንጥምቀት ኰነ መርዓ ብናይ መርዓ/ጥምቀት ምስክር ወረቐት ምስምስ ብምግባር ካብቲ ክኽፈል ዝግብኦ ዕሽር ወፃኢ ተወሳኺ ዘኽፍልኦ ዘይተኣደነ ገንዘብ ሓደ ካብቲ ክዕረ ዝግብኦ ንዛንታ በለዓም ተቐቢሉ ንግብረ መልሲ ሓዋርያ ጴጥሮስ ዝነጽግ ብምዃኑ ካብ ከምኡ ዓይነት ዘይሓላፍነታዊ ዕዮ ክንሕሎ ይግብኣና ኢዩ። ብተወሳኺ'ውን ኣብ ገለ ኣገልገልቲ ዝርአ ከኣ ነቶም ብንስሓ ዝሕዝዎም ደቆም ካብቲ ቤተ-ክርስቲያን እትእዝዞ ዕሽር ወፃኢ ክንዲ ደስ ዝበሎም ክፈሉኒ፡ ኣዋጹኡለይ . . .ወዘተ ዝብል ኣዚዩ ገኒኑ ይርኤ ካብ ዘሎ ኢዩ እሞ ካብዚ'ውን ክንሕሎ ይግብኣና ኢዩ። እዚ ኣብ በለዓም ዝተራኢየ ጠባይ ሎሚ ኣባና ከይህሉ ክንጥንቀቕ ይግብኣና ኢዩ።

**ንምጥቕላል . . .**

ውህበትን እቲ ንውህበት ዝጥቀም ሰብን መራኸቢ ዘይብሎም ክልተ ጫፋት ምዃኖም ብከፊል ኣብ ልዕሊ ርኢና ኣሎና። እቲ ንመገዲ ቃየል ቅድሚት ሰሪዑ ዘጠንቀቐና ሓዋርያ'ውን ኣብታ ሓንቲ ምዕራፍ ትውንን መልእኽቱ፡ ንሓደጋነት ናይዞም ዘይቅኑዓት ኣገልገልቲ ኣብ ማኅበር ኣምላኽን ሕብረት ኣኅዋትን ኣዚዩ ስለ ዘሰከፎ'ዩ፡ ካብኦም ንኽንጥንቀቕ ነታ እንኮ ምዕራፍ ዝሓዘት መልእኽቱ ብዛዕባ ውድቐቶምን ዘይቅኑዕ ኣገልግሎቶምን ጸቒጡ ዝጸሓፈልና። እዚ ሓዋርያ ነዞም ንኣምላኽ ዘይውክሉ ኣገልገልቲ ክገልጾም ከሎ፡- "ገለ ሰባት ካብ ቀደም ነዚ ፍርዲ እዚ እተጻሕፉ፡ ፍርሃት ኣምላኽ ዘይብሎም፡ ነቲ ጸጋ ኣምላኽና ናብ ርኽሰት ዝልውጥዎ፡ ነቲ ሓደ በይኑ ገዛእን ጐይታናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኽሕድዎ፡ ስሉኽ ኢሎም ኣትዮሙኹም ኣለዉ።!" ድኅሪ ምባሉ ትሕት ኢሉ ድማ፡- "እዚኣቶም ብዘይ ፍርሃት ምሳኻትኩም እናበልዑ ንርእሶም ዝጓስዩ፡ ኣብቲ ናይ ፍቕሪ መኣድኹም ጸያቒቶ ኢዮም። ንፋስ ንየው ነጀው ዝደፍኦ፡ ማይ ዘይብሉ ደመና፡ ዘይፈርያ ክልተ ሳዕ ዝሞታ ካብ ሡረን ዝተመንቖሳ ኣእዋም ሓጋይ፡ ነቲ ነውሪ ርእሶም ዘዕፍርዎ ብብርቱዕ ማዕበል ባሕሪ፡ ብርግርግ ዝብሉ ከዋኽብቲ ኢዮም። ነዚኣቶም ግብ ዝበለ ጸልማት ንዘለዓለም ተዓቚርሎም ኣሎ።" ቀጺሉ'ውን "ንስኻትኩም ግና፡ ኣቱም ፍቑራተይ፡ ነቲ እቶም ሓዋርያት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብቲ ዳኅረዋይ ዘመን ብእኩይ ፍትወቶም ዝመላለሱ፡ መላገጽቲ ክትንሥኡ ኢዮም፡ ኢሎም ቅድም ዝነገርኹም ቃላት ዘክርዎ። እዚኣቶም ምፍልላይ ዘምጽኡ፡ መንፈስ ዘይብሎም ሥጋውያን ኢዮም" ይብል። (ይሁ 4, 6, 11-16)

ጐይታ ኢየሱስ ነቶም ውህበት ዝነበሮም ግን ከኣ ካብ ቍጣዓኡ ዘየምለጡ ሰባት ኣብነት ገይሩ፡- "ካብ ሓሰውቲ ነብያት ተጠንቀቑ፡ ውሽጦም ዚምንጥሉ ተዃሉ ክነሶም'ሲ፡ ክዳን ኣባጊዕ ተኸዲኖም ኢዮም ዝመጽኡኹም። ብፍሪኦም ከተለልይዎም ኢኹም። ካብ እሾኽ'ዶ ወይኒ ይቕንጠብ፡ ካብ ተኾርባ'ስ በለስ፤ ከምኡ'ኸስ እቲ ጽቡቕ ኦም ክፉእ ፍረ ክፈሪ፡ ወይ'ሲ እቲ ክፉእ ኦም ጽቡቕ ፍረ ክፈሪ ኣይኰነሉን ኢዩ። ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኦም፡ ይቍረጽ፡ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ። እምበኣር ብፍሪኦም ከተለልይዎም ኢኹም። ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዝገብር እምበር፡ "ጐይታይ፡ ጐይታይ!" ዝብለኒ ኲሉ መንግሥተ-ሰማይ ዝኣቱ ኣይኰነን። በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙኃት፡ "ጐይታይ፡ ብስምካ እተነበና'ዶ ኣይኴንናን፡ ኣጋንንትን ብስምካ'ዶ ኣየውጻእናን፡ ብስምካ'ስ ብዙኅ ኃይሊ'ዶ ኣይገበርናን ክብሉኒ ኢዮም። ሽዑ ኣነ፡ ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ፡ ከቶ ኣይፈልጠኩምን'የ፡ ካባይ ርሓቑ ክብሎም ኢየ።" ዝብለና። (ማቴ 7፡15-23)

ነዚ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ብዝግባእ እንተ ደኣ ኣስተውዒልናዮ፡ ኣጋንንቲ ምውፃእ፡ ምንባይ፡ ብዙኅ ኃይሊ ምግባር ገለ ካብ መንፈሳዊ ውህበት ኢዩ። እዞም ነዚ ውህበታት ዘለዎም ሰባት ብኣምላኽ ኣይፈልጠኩምን ኢየ ዝተባህሉ ክነሶም ፡ እቲ ኣብኦም ተቐሚጡ ዝነበረ መንፈሳዊ ውህበት ግን፡ ኣጋንንቲ የውፅእ፡ ይንበ፡ ብዙኅ ኃይሊ ይገብር ነይሩ ኢዩ። ካብዚ ብንጹር እንመሃሮ እምበኣር፡ መንፈሳዊ ውህበትን እቲ ነቲ ውህበት ዝጥቐመሉ ሰብን ይፈላለዩ ምዃኖም ኢዩ። እቶም ነቲ መንፈሳዊ ውህበቶም ኣብ ምሕናፅ ኣካል ክርስቶስ ዘውዕልዎን፡ ንመንፈሳዊ ሕይወቶም ከኣ ብግብሪ ዝነብርዎ እቶም ቅኑዓት ንኣምላኽ ዝውክሉ ኣገልገልቲ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ንመንፈሳዊ ውህበቶም ኣብ ረብሓ ገዛእ ርእሶም እናውዓሉ፡ ልቢ ብዙኃት ገርህታት ዝጠውዩን ብውህበት ኣምላኽ ኣንጻር ኣምላኽ ዝጻረሩን ብስሑት ልቢ ዝመላለሱን ከኣ እቶም ኣብ ቃል ኣምላኽ ሓሰውቲ ነብያት ዝብል ዝተጠቕሱ ኢዮም። እዚ ዝተባህልሉ ድማ፡ በቲ ብቃሎም ሓቂ ዝብልዎ፡ ብሕይወቶም ሓሶት ይገብርዎ፡ ነቲ ብሕይወቶምን ኣነባብራኦምን ሓቂ ዝቕጽርዎ ከኣ፡ ኣብቲ ዝዓይሉ ኣገልግሎት፡ ንውህበቶም ተጠቒሞም ናብ ረብሓ ገዛእ ርእሶም ስለ ዝጠውይዎ ኢዩ።

እምበኣር ዘመንና ኣዚዩ ሕሱምን ክፉእን ከም ዝኾነ ተገንዚብና፡ ከም ደቂ ኣምላኽ መንፈስ ዘበለ እናመርመርና ፡ነቶም ቅኑዓት ካብቶም ሓሰውቲ ነብያት ዝፈሊ መንፈሳዊ መንፈት ኣብ ሕይወትና ከነቐምጥ ይግባእ። እዚ ድማ ሕይወትና ምስ ቃል ኣምላኽ ብጥቡቕ ክንዛመድን ካብ ኣምላኽ ድማ ፡ ጥበብ ክወሃበና ብምልማን ኢዩ። እግዚኣብሔር ይደግፈና።

(ኃው ሳሙኤል ሓድጉ)

# ክርስትያናዊ ቤተ-ሰብ

እዚ ኣርእስቲ ብዙኅ ክንዛረበሉ እንኽእል ዓሚቕ መጽናዕቲ ዘድልዮ ኢዩ። ኣብዚ ኣርእስቲ ብዛዕባ እቲ እግዚኣብሔር ክርእዮ ዝደሊ ዓይነት ቤተ-ሰብ ደኣ እምበር ባህላዊ ሓደው ድማ ልምዳዊ ምጥርናፋት ኣይኰናን ክንዛረብ። ኣብ ኅብረተ-ሰብ ትግርይና ብዙኅ ዓይነት ባህላዊ ሓዳር ኣሎ። እዚ ባህላዊ መውስቦ ከም እኒ መርዓ መንቀጺ ደም፡ መርዓ ቍጻር፡ መርዓ ዝርፎት፡ መርዓ ደሞዝ፡ መርዓ ጭንገረድ ዝብሃሉ ኣይኰናን ንዛረብ ዘሎና። እቲ ፍቓድ እግዚኣብሔር ዝኾነ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ንረኽቦ ቤተ ሰብ ኢና ክንዛረብ። ቅድሚ ናብቲ መሠረታዊ ትኅዝቶና ምእታውና እቲ ናይ መውስቦ ጽርኣዊ መበቆል ቃል "ጋመዮ" ዝብል ቃል’ዩ። እዚ ድማ ክፈላለ ዘይክእል ፍጹም ውህደት፡ ፈጺምካ ሓደ ምኳኑ ማለት ኢዩ። ስለዚ፡ እዚ ቅዱስ ዝኾነ መውስቦ ኣብታ ቀዳመይቲ ምዕራፍ ኣብ ቀዳመይቲ መጽሓፍ እተን ቅዱሳት ጽሑፋት ንረኽቦ። እግዚኣብሔር ንሰብ ብመልክዑ ምስ ፈጠሮ፡ ብምስሉ ከኣ ምስ ገበሮ ዝጀመረ ጥንታዊ መደብ ኣምላኽ ኢዩ። "ኣምላኽ ከኣ፥ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ። ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም። ኣምላኽ ከኣ ባረኾም። ኣምላኽ ድማ፤ ፍረዩን ተባዝኁን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ፡ በሎም" (ዘፍ 2:26-28)። ኣምላኽ ክልተ ዝተፈላለዩ ፆታ ዘለዎም ኢዩ ዝፈጠረ፡ ክልቲኦም ክፈርዩን ንምድሪ ክመልእዋን ባሪኹ ኣብ ምድሪ ኣንገሦም። ኵለን ምሥጢራት ቤተ-ክርስቲያን ድኅሪ ውድቀት ሰብ ኢየን ጀሚረን፡ ቃል ኪዳን (ምሥጢረ ተክሊል) ግን ሰባት ካብ ዝተፈጠርሉ ጊዜ ጀሚሩ ዝነበረ ኢዩ። ስለዚ፡ ቅዱስ መውስቦ ሰባት ዘምጽእዎ ፈጠራ ወይ ድማ ዘማዕበልዎ ኣገባብ ኣነባብራ ኣይኰነን። "እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ፡ ሰብኣይ በይኑ ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኰነን፡ ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ክገብረሉ ኢየ፡ በለ" (ዘፍ 2፡18)። እግዚኣብሔር ጽቡቕቲ ኮይና ዘይረኸባ ሰብኣይ ንበይኑ ክኸውን የብሉን እትብል ኢያ። እቲ ስለ ኵሉ ዝኃሊ እግዚኣብሔር ንኣዳም ደጋፊት ትኾኖ፡ ካብ ጎድኑ ገበረሉ። በዚ ድማ ብሓደ ክነብሩ ክፈርዩ ባሪኹ ዝጀመሮ እግዚኣብሔር ባዕሉ ኢዩ።

ስለዚ፡ ሓደ ሰብኣይ ምስ ሓንቲ ሰበይቲ ክዋሰቡ ፍቓድ ኣምላኽ ኢዩ፡ በዚ ድማ ኣብ ሓዳሮም ማእከላይ ዝኾኖም ኣምላኽ ኢዩ። ኣብ መውስቦ ዝበጽሐ ሰብ ክጥምቶ ዘለዎ ክብሪ ኣምላኽ ክኸውን ይግባእ። ብሠናይ መደብ እግዚኣብሔር ዝተጀመረ ብምኳኑ ቃል ኪዳን ኣብ ሕይወት ደቂ ሰባት ዓቢ ቦታ ኣለዎ። እቲ ጥበበኛ ከም ዝበሎ፡ "ብሠለስተ ዝኸረረ ገመድ ቀልጢፉ ኣይብተኽን" (መክ 4፡ 12)። ብክርስቶስ ሓደ ዝኾኑ ሰባት ቅዱስ ናብራ ክመርሑን ናብ መገዲ ዓመት ክበጽሑን ኣይጽገሙን ኢዮም። ብእግዚኣብሔርን ሰብኣይን ሰበይትን ዝኸረረ ገመድ ፈጺሙ ኣይብተኽን ኢዩ፡ ምናልባት ብኽልተ ዝኸረረ ክፈኩስን፡ ክብተኽን ይኽእል ይኸውን። ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ፍቕሪ በይኑ ክጸንዕ ኣይክእልን ኢዩ፡ ኣብ ሞንጎ ክዝሕልን ክውዳእን ወይ ከኣ ክኣርግን ይኽእል። እግዚኣብሔር ማእከል ዝገበረ መውስቦ ዕውትን ማሙቕን ኢዩ፡ በዚ’ውን ኅብረቶም እናወሰኸ ይኸይድ እምበር ፈጺሙ ኣይጐድልን ኢዩ። ጐይታ ኢየሱስ ነቶም ብዛዕባ ሕጊ ሙሴ መሠረት ዝገበረ መውስቦ ዝሓተትዎ መልሲ ክህብ እንከሎ፡ እታ ኣብ ዘፍጥረት ከም ዘላታ ጠቒሱ ክነግሮም ንርኢ። "ምእንትዚ ሰብኣይ ነቦኡን ነዲኡን ይኃድግ፡ ምስ ሰበይቱ ኸኣ ይጣበቕ፡ ክልቲኦም ሓደ ሥጋ ይኾኑ፡ ከም ዝበለጾ ኣየንበብኩምን፤ ደጊም ሓደ ሥጋ ኢዮም እምበር፡ ክልተ ኣይኰኑን። ነቲ ኣምላኽ ዘጋጠሞስ፡ ሰብ ኣይፍለዮ" (ማቴ 19፡5-6)። ስለዚ፡ ሰብኣይ ነቦኡን ነዲኡን ዝኃድገሉ ምስ ሰበይቱ ድማ ሓደ ዝኾነሉ ምሥጢር ኢዩ። ሓደ ዝኾኑሉ ምሥጢር ካብ ኰነ እምበኣር ክልተ ፈጺሞም ኣይኰኑን፡ በዚ ድማ ንእግዚኣብሔር ዘሥምር ዓይነት መውስቦ የካይዱ። ሰብኣይን ልዕሊ ማንም ኣብ ሕይወቱ ክሰርዓ ዘለዎ ሰበይቱ ኢያ፡ ንሰበይቲ ልዕሊ ማንም ክትሰርዖ ዘለዋ ድማ ሰብኣያ

ኢዩ። እዚ ምባልና ግን ኽልተ መጻምድቲ ቅድሚ ቃል ኪዳኖም ምስ ስድርኦም ዝነበሮም ዝምድና ይብተኽዎ ማለት ኣይኰነን።

እዚ ቅዱስ መውስቦ ህያብን ክቡርን ምሥጢርን ኪዳንን ኢዩ። ኣብ ቅዱስ መውስቦ ዝበጽሕ ሰብ ናይዚ ህያብ ተኻፋሊ ምስ ዝኸውን ኢዩ። ንእግዚኣብሔር ብድንግልናዊ ወይ ከኣ መውስቦኣዊ ሕይወት ከተሥምሮ ነናቱ ህያባት ኣለዎ። ናብዚ ቅዱስ መውስቦ ዝተጸውዐ ሰብ ክሳብ ብሕይወተ ሥጋ ዘሎ ዝቕጽል ቃል ኪዳናዊ ኢዩ። "ድማ፡ ምእንትዚ ሰብኣይ ነቦኡን ነዲኡን ይኃድግ፡ ምስ ሰበይቱ ኽኣ ይጣበቕ፡ ክልቲኦም ሓደ ሥጋ ይኾኑ፡ ከም ዝበለዶ ኣየንበብኩምን፤ እቶም ደቀ መዛሙርቱ፡ ሥርዓት ሰብኣይን ሰበይትን ከምዚ እንተ ኾይኑስ፡ ምትእትታው ጽቡቕ ኣይኰነን፡ በልዎ" (ማቴ 19፡ 5,10)። እቶም ክቡራት ወለድኻ ኃዲግካ ምስ መጻምድትኻ ትጣበቐሉ ህያብ ኢዩ፡ ጐይታ ቃል ኪዳን ክሳብ ሞት ዘሎ ሥርዓት ምዃኑ ኢዩ ዝመሃረና። እቶም ደቂ መዛሙርቲ በዚ ዝሰንበዱ እኳ እንተ ነበሩ፡ መልሲ ጐይታ ኢየሱስ ግና እዚ ነቶም ዝተዋህቦም ደኣ እምበር ንኹሉ ሰብ ኣይኰነን ዝብል ነበረ። ድንግልናዊ ሕይወት ንዝተዋህቦም፡ መውስቦኣዊ ሕይወት እውን ንዝተዋህቦም ጸጋታት ኢዮም። ኣብ ገነት ኤደን ዝጀመረ መውስቦ እግዚኣብሔር ዘበገሶ ሠናይ ህያቡ ኢዩ። ቅዱስ ጳውሎስ፡ "ኲሉ ሰብ ከምዚ ኸማይ ኪኸውን ምፈቶኹ ነይረ፡ ግናኸ እቲ ሓደ ኸምዚ እቲ ሓደውን ከምቲ ነፍሲ ወከፍ ካብ ኣምላኽ ናይ ጸጋ ወውህበቱ ኣለዎ" (1ይ ቆረ 7፡7)። ስለዚ፡ ዝኾነ ሰብ ከምቲ ናይ ጳውሎስ ብድንግልናዊ ሕይወት ክነብር ህያብ ኢዩ፡ ብቅዱስ መውስቦ ምንባር እውን ህያብ ኣምላኽ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ቅዱስ መውስቦ ክቡር ኢዩ። ነዚ ሓዳር ክቡር ዝገብሮ ግን በቶም መጻምድቲ ምስ ዝሕሎ ኢዩ። ኣብዚ ዘመን ክብረት ቃል ኪዳን ዘውደቕዎ እቶም ሰብ ሓዳር ኢዮም ምኽንያቱ ንመጻምድቶም ገዲፎም ምስ ካልእ ይዝምዉ ምህላዎም ኢዩ። "ንኣመንዝራታትን ንዘመውትንሲ ኣምላኽ ኪፈርዶም ኢዩ እሞ፡ መውስቦ ኣብ ኵሉ ኽቡር፡ እቲ መደቀሲ ኣሚን ከኣ ዘይረኽሰ ይኹን" (ዕብ 13፡4)። እዚ እግዚኣብሔር ዝመደቦ መውስቦ ኣብ ኲሉ ኽቡር ኢዩ፡ ብዘይፍቓድ ኣምላኽ ዝምራሕ ሓዳር ካብ ክብረት ናብ ሕስረት ይወርድ። ኣብዚ ምዕራባዊ ዓለም ክብረት ናይ መውስቦ ዘይርድእዎ ሰባት በዚኖም ምስ ዓርከይ ሓዲረ፡ ምስ ቀዳመይቲ ሰበይተይ ደቂሰ፡ ምስ ጓል ክላሰይ መንዚረ ክብሉ ዘይሓንኩ። ክብረት ሓዳር ዘይርድኦ ሰብ ኣብ ሓዳሩ ንእግዚኣብሔር ዘዋርድ ኢዩ፡ ኣብኡ ከኣ ሰላም ኰነ ማሙቕ ፍቕሪ ዝብሃል የልቦን። ናብ ሓዳር ዝኣሎ ሰብ ክብረት መውስቦ ብግቡእ ክርዳእ ኣለዎ፡ እንተ ዘይኮይኑ ኣብዚ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ዝኾነ ሰብነቱ ንኣምላኽ ከዋርድ ይነብር። እግዚኣብሔር ዘይመርሖ መውስቦ ግርጭትን ሀኰትን ዝመልኦ ስለ ዝኾነ ዝተመርዓዉሉ መዓልቲ ክረግሙ ይነብሩ። "ብዋጋ ተዐዲግኩም ኢኹም እሞ፡ ሥጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ፡ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፡ ናይ ርእስኹምውን ከም ዘይኰንኩምዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፤ ስለዚ ብሥጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ" (1ይ ቆረ 6፡19-20)። ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብሥጋኡ ንኣምላኽ ከኽብር ደኣ እምበር ነዚ መሕደሪ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ሰብነቱ ብኃጢኣት ንኣምላኽ ከዋርደሉ ኣይተጸውዐን።

መውስቦ ምሥጢር ኢዩ፡ ሓዋርያ ጳውሎስ ክገልጾ ቃላት ምስ ሓጸሮ ብናይ ክርስቶስን ማኅበሩን መሲልዎ። "እዚ ምሥጢር እዚ ዓብዪ ኢዩ፡ ኣነ ግና ብናይ ክርስቶስን ማኅበሩን እብሎ ኣሎኹ" (ኤፌ 5፡32)። መውስቦ ዓቢ ምሥጢር ኢዩ ንዕኡ ዝበቕዕ ምስላ ኸኣ ናይ ክርስቶስን መኅበሩን ጥራኅ ኢዩ። ብዙኅ ጊዜ ናይ እንዳ እከለ ሓዳር ከቕንኣካ፡ ሓዳር ከምኡ ክኸውን ኣለዎ ንብል ኢና። እቲ ሓቀይና መለክዒና ግን ናይ ክርስቶስን ቤተ-ክርስቲያን ክኸውን ኣለዎ። ክርስቶስ ንማኅበሩ ገዛእ ርእሱ በጃ ክሳብ ምሃብ ከም ዘፍቐራ፡ ሰብኣይ ከኣ ንሰበይቱ ከምኡ ከፍቕራ ተነግሮ። ቤተ-ክርስቲያን ብደም ክርስቶስ ዝጠረየት ስለ ዝኾነት ንክርስቶስ ብፍጹም ተኣዛዝነት ትእዘዞ፡ ልክዕ ከምኡ ኸኣ እታ ሰበይቲ ንሰብኣያ ክትእዘዞ ይግባእ። ስለዚ፡ ሓዳር እቶም ክልተ ሰባት ሓደ ዝኾኑሉ ምሥጢር ደኣ እምበር እቲ ሓደ ንጉሥ እቲ ሓደ ባርያ ዝኾነሉ መድረኽ ኣይኰነን። ኣብ ሓዳር ብዙኅ ጊዜ ዘጋጥም ግርጭት ሰብኣይ ንሰበይቱ ከምቲ ናይ ክርስቶስ ከፍቕራ ስለ ዘይርእ፡ ሰበይቲ ከኣ ንሰብኣያ ከምቲ ናይ ቤተ-ክርስቲያን ስለ ዘይትእዘዞ ኢያ። ሰብኣይ ክብሪ ይፈቱ፡ ሰበይቲ ከኣ ፍቕሪ ትፈቱ። ናይ ሰብኣይ ፍቕሪ ኣብ ውሽጡ ክብሪ ኣለዎ፡ ክጐልሕ

ከሎ ግና እቲ ዝገሃድ ፍቕሪ ኢዩ። ናይ ሰበይቲ ምእዛዝ ኣብ ውሽጡ ክብሪ ፍቕሪ ኣለዎ፡ ክኾልሕ ከሎ ግና እቲ ዝርአ ክብሪ ኢዩ። በዚ መሠረት ከኣ ሰብኡት ክኸብሩ ክብሉ ኣንስቲ ድማ ከፍቅር ክብላ ንኽይሰማምዑ ዓቢ ምርጻም ይፍጠር። ክርስቶስ ንማኅበሩ ከመይ ገይሩ ኢዩ ዘፍቐራ፤ "ከምቲ ክርስቶስ ንማኅበሩ ዘፍቀራ፡ ኣቱም ሰብኡት፡ ኣንስትኹም ኣፍቅሩ። ክርስቶስ ብቓሉ ገይሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ ኣጽረያ ምእንቲ ኪቕድሳ፡ ርስሓት ወይስ ዕጣር ወይስ ገለ ነዚ ዚመስል ዜብላ፡ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን ክብርትን ማኅበር ገይሩ ንእኡ ምእንቲ ኬቕውማ ኢሉ፡ ርእሱ በጃኣ ሃበ" (ኤፌ 5፡25-27)። ክርስቶስ ንቤቱ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን ክብርትን ክገብራ ካልእ ዋጋ ኣይኰነን ከፊሉ ገዛእ ርእሱ ኢዩ ወፊዩ። ርስሓት ኰነ ዕጣር ዘይብላ ንኽትከውን ድማ ገዛእ ደም ብምፍሳስ ኣጽረያ፡ እምበኣርከ ክርስቶስ ንቤቱ ከምዚ ካብ ኣፍቐራ ሰብኣይ ንሰበይቱ ከምኡ ገይሩ የፍቕራ ዝተባህለ። ኣብ ሓዳሩ ንሰበይቱ ዝጭፍልቕን ዝቐትልን ዝዝልፍን ከምቲ ናይ ክርስቶስ ኣተሓሳስባ ዘይብሉ፡ ነዚ ክቡር ምሥጢር ብፍጹም ዘይተረድአ ኢዩ። ንሰበይትኻ ከተኽብር ኢልካ እትኸፍሎ ዋጋ ኣሎ፡ ነዚ ክትኸፍል ምስ ዘይትደሊ ናብዚ መውስቦ እንተ ዘይተሃንደድካ ይምረጽ። ምኽንያቱ፣ ብግቡእ ዘይተረዳእካዮ ሓዳር፣ ባዕልኻ ኢኻ እተፍርሶ። ሰበይቲ ብግዲኣ ትኸፍሎ ናይ ምእዛዝ ዋጋ ኣሎ፡ ንሰብኣያ ከም ሓደ ወተሃደር ትተኣዘዞ ዘይኮነስ ከም ሓደ ርእሲ ናይታ ቤተ ክትሰምዖን ብምልዛብ ክትረዳድኦን ኣለዋ። "ከምቲ ሳራ ንኣብርሃም ጐይታይ እናበለት እተኣዘዘቶ፡ ንስኻትክን ከኣ ሠናይ እንተ ገበርክን፡ ብሓደ ዜሰምብድ ነገርውን እንተ ዘይፈራህክንሲ፡ ኣዋልዳ ኢኽን" (1 ጴጥ 3፡6)። ሰበይቲ ልክዕ ከም ሳራ ንሰብኣያ ብኽብረትን ብተኣዛዝነትን ክትሰምዖ እንተ ዘይክኢላ ኣብ ሓዳር ብዙኅ ፍሕፍሕ ክትፈጥር ትኽእል፡ በዚ ድማ ነቲ ብክርስቶስን ብማኅበሩን ዝተመሰለ መውስቦ ዘይትበቕዖ ትኸውን። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ ክልቲኦም ዝርርብን ዕለታዊ ፍቕሮም ዝገልጸሉ መድረኽ ክኸውን ይግባእ። ፍቕሪ ዘለዎ ሰብኣይ እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ ይፈልጥ ኢዩ። ኣኽብሮት ዘለዋ ሰበይቲ ድማ እንታይ ክትከውን ከም ዝግብኣ ትፈልጥ ኢያ። ስለዚ፡ በዚ ምሥጢር ሓደ ዝኾኑ መጻምድቲ ክሳብ ብሞት ዝፈላለዩ ብሕጊ ኣምላኽ እሱራት ኢዮም። "ሰበይቲ፡ ሰብኣያ ብሕይወቱ ኽሳዕ ዘሎ፡ ብሕጊ ኣብኡ እስርቲ ኢያ። ሰብኣያ እንተ ሞተ ግና፡ ካብቲ ሕጊ ሰብኣያ ፍትሕቲ ኢያ" (ሮሜ 7፡2)።



መውስቦ ቃል ኪዳን ኢዩ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እግዚኣብሔር ምስ ብዙኃት ቅዱሳት ሰባት ኪዳን ከም ዝኣተወ ንርኢ። እግዚኣብሔር ንዘመናት ብቃል ኪዳናዊ ተስፍኡ የናብረና ኣሎ፡ ምኽንያቱ ኪዳን ኣብ ውሽጡ ምፍቓር፡ ምድግጋፍ፡ ምትእምማን ናይ ድኻም ውሕስነት ኣለዎ። ብሰብነታዊን መንፈሳዊን ስነ-ልቦናዊን ፋይናንሳዊን ዝኣኸለ ሰብ ጥራኅ ናብዚ ቅዱስ መውስቦ ከምርሕ ዝኽእል። ንስምዒት ሥጋኻ ክትቖጻጸር ስለ ዘይከኣልካ ጥራኅ ናብ ሓዳር እንተደኣ ኣቲኻ፡ ስምዒት ሥጋኻ ምስ ዘሓለ ድማ ካብኡ ክትሃድም ኢኻ። ቃል ኪዳን ኣብ ሞንጎ ክልተ ኣካላት ዝግበር ናይ ስምምዕ ዋዕላ ኢዩ፡ ናብ መውስቦ ከምርሕ ዝደሊ ምስታ ካብ ኲለን ደቀ-ኣንስትዮ ንዓይ ትኾነኒ ኢያ ዝበልካያ ጓል ኣንስተይቲ ኲሉ ዘሎካ ክትህባ ምስ ትመርጽ ኢዩ። እታ ሰበይቲ ድማ ልክዕ ከምኡ ክትገብር ምስ ትኽእል ኢያ። "ሰበይቲ፡ ሰብኣያ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ሥጋኣ ኣይትመልኽን ኢያ፡ ከምኡ ኸኣ ሰብኣይ፡ ሰበይቱ ደኣ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ሥጋኡ ኣይመልኽን ኢዩ" (1ይ ቆሮ 7፡4)። ኪዳን ብስም ኣምላኽ ክትጸንዕ ዝተዋህበ ሥልጣን ኢዩ፡ በዚ ድማ ገዛእ ርእስኻ ንሓድሕድካ ንኽትወሃሃብ ዓቕሚ ይፈጥረልካ። ናይዚ ቃል ኪዳን መወዳእታኡ ሞት

ጥራጎ ኢዩ። ስለዚ፡ በዚ ኪዳን ቅድሚ ምእሳርካ ብግቡእ ተረዲኡካን ፈቲኻዮን እተዎ።

ዓበይቲ ዕላማታት ናይ ተክሊል እዞም ዝስዕቡ ክንጠቅስ ንኽእል።

- ንእግዚኣብሔር ምኽባር
- ናይ እግዚኣብሔር ግዙኣት ምዃን
- ውሉድ ንምውላድ
- ካብ ዝሙት ንምርሓቕ
- ብሓሳብ ምድግጋፍ
- ብፍጹም ልቢ ምፍቕቃር

- <u>ንእግዚኣብሔር ምኽባር</u>

ናይ ተክሊል ቀንዲ ዕላማ ኽብሪ እግዚኣብሔር ክኸውን ኣለዎ። ሰብ ንምሥጋናን ኣምልኾን ዝተፈጠረ ስለ ዝኾነ ኲሉ ዝገብሮ ንኽብሪ ኣምላኽ ክኸውን ኣለዎ። “እቲ ንኣይ ዝደኰንክዎ ሕዝቢ ምሥጋናይ ኬዘንቱ ኢዩ” (ኢሳ 43፡21)። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ሕይወትና ንኽብሪ ኣምላኽ እንተ ደኣ ኣቐዲምና፡ ኣብ ኲሉ ሰግምና ብልጽግና ምተንናጸፍና ነይርና። ኽብሪ እግዚኣብሔር ዘለዎ ተክሊል ኣብ ድቕድቕ ዝበለ ጸልማት ከም እተብርህ ሽምዓ ኢያ። ንኽብሪ ኣምላኽ ዘቐደሙ መጻምድቲ ነቶም ዉሉዶም በቲ ተግባራዊ ሕይወቶም ክከባበሩ ከም ዘለዎም ኣርኣያኦም ኢዮም። ኣብ ሓዳር እቲ ሠናይ ኵነ ሕማቕ ካብቶም ወለዲ'ዩ ዝውረስ። ወላዲኡ ንወላዲቱ ክኽብራ ዝረኣየ ውሉድ፣ ንበዓልቲ-ቤቱ ክኽብር ከም ዘለዎ ኢዩ ዝፈልጥ። ንሰበይቱ ክወቅዕ ዝረኣየ ውሉድ ምስ ዓበየ ከም ናይ ኣቡኡ ንሰበይቱ ምውቃዕን ምጽራፍን ምቍንጻብን ይመሃር። ስለዚ፡ ሓዳር ናይ ክልተ ሰባት ሓድነት ጥራጎ ዘይኮነስ፡ ናይ ውሉድካ ቤት ትምህርቲ ኢዩ። ኣብ ቤቱ ኽብሪ ኣምላኽ ዝሰፈኖ ሰብኣይ ካብ ሥራሕ ናብ ገዝኡ ክኣቱ ይህንጥ፡ መናቜቲ ዝኾነ ገዛ ዝውንን ግና ንገዝኡ ኣዚዩ ስለ ዝጸልእ ናብ ካልእ ቦታ ብምኻድ ንሓዳሩ ንፋስ የእትወላ። “እምብኣርሲ እንተ በላዕኩም፡ ወይስ እንተ ሰቴኹም፡ ወይስ ዝኾነ ይኹን እንተ ገበርኩም፡ ኲሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ግበርዎ” (1ይ ቆሮ 10፡31)። ኲሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ግበርዎ ተባሂልና ኢና፡ ንነገራት ብመንጽር ኽብሪ ኣምላኽ እንተ ደኣ ርኢና ብዙሕ ክንፍወስ ኢና። ኽብሪ ኣምላኽ ዘለዋ ቤት ከም ናይ ጲርስኪላስን ኣኪላስን ኢያ ትኸውን። ኣብ ቤትካ ንኣገልግሎት ወንጌል ደገ ትኸፍት፡ ክልቴኻ ነፍሳት ናብ ደምበ ኣምላኽ ክመጻ ግዴኻ ትገብር። “ንሱ ኣብ ቤት ጸሎት ብትብዓት ኪምህር ጀመረ። ጵርስኪላን ኣኪላስን ምስ ሰምዕዎ ኸኣ፡ ወሲዶም መገዲ ኣምላኽ ኣጸቢቖም ኣረድእዎ” (ግብ 18፡ 26)። ናይ ኣገልግሎት ዕድል ምስ ትረክብ ብዛዕባ እቲ መድኃኒ ኵላትና ዝኾነ ጐይታ ኢየሱስ ትምህርን ንኽብሪ ኣምላኽ ደው ትብልን። “... ኣኪላስን ጵርስኪላን ምስታ ኣብ ቤቶም ዘላ ማኅበር ኮይኖም፡ ብጐይታ ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ” (1ይ ቆሮ 16፡19)። ማኅበር ኣምላኽ ኣብ ቤት ጲርስኪላን ኣኪላስን ነይራ፡ ብቅዱስ መውስቦ ዝተሓንፀት ቤት ንኣገልግሎት ወንጌል ወርትግ ርሕብቲ ኢያ። ንኽብሪ እግዚኣብሔር ደው ዝብሉ መጻምድቲ እታ ሰበይቲ ንሰብኣያ ንኣገልግሎት ብዘድልዮ ነገራት ኣስኒቓ ተፋንዎ። በዚ ከኣ እታ ስድራ ናይ ቅዱሳን ሰባት ምንጪ ትኸውን።

- <u>ናይ እግዚኣብሔር ግዙኣት ምዃን</u>

ብተክሊል ሓደ ዝኾኑ ሰባት ኣብዛ ምድሪ ወኪል (ኣምበሳደራት) ክርስቶስ ኢዮም። ዝኾነ ትካል ካብ ስድራ-ቤት ኢዩ ዝጅምር፡ ኣብ ውሽጢ ስድራ ዝኾነ ጣልቃ ክኣትዎ ዘይክእል ምሕደራ ኢዩ። ሰብኣይ ከም ርእሲ፡ ሰበይቲ ከኣ ከም ሰብነት ናይቲ ኣካል፡ እቶም ዘፍረይዎም ደቆም ድማ ከም ተመራሕቲ ይኹኑ። ወኪል ናይ ሓንቲ ሃገር ኣብ ካልእ ሃገር ዝርከብ ኢዩ፡ ኲሉ ምሕደርኣን ሕግታታን ግን ናይታ እትውክላ ሃገር ኢዩ። ተክሊል ልክዕ ናይታ ሰማያዊት ሃገር ኣብዛ ምድሪ ወኪል ኢያ። ኣገልግሎት ኣምላኽ ኣብ ጥዑያት ስድራ ጥራኅ ብግቡእ ክዓቢ ይኽእል። ኤልያስ ኣብ ቤት ሰራጺ-ታዊት መበለት፡ ኤልሳዕ ከኣ ኣብ ቤት ሱናማዊት ሰበይቲ ኣዕሪፎም ንእግዚኣብሔር የገልግሉ ነበሩ (1ይ ነገ 18፣ 2ይ ነገ 4 ርአ)። ተክሊል ናይ እግዚኣብሔር ግዙኣት ንምዃን እንተ ደኣ ኣዳልዩካ፡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዝኾነ ሓዳር ክትመርሕ ትኽእል ኢኻ።

- <u>ውሉድ ንምውላድ</u>

“ኣምላኽ ከኣ ባረኾም። ኣምላኽ ድማ፤ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን፡ በሎም...” (ዘፍ 1፡28)። ኣብ ሓዳር ክትፈርን

ክትባዛኅን ፍቓድ ኣምላኽ ኢዩ፡ ውላድ ስለ ዘይረኸብካ ክትፋታሕ ግን ኣንጻር ፍቓድ ኣምላኽ ኢዩ። ውላድ ከም መለክዒ ሓዳር ገቢሮም ዝቼጽርዎ ብዙኃት ስለ ዘለዉ ፍትሓያ ምስ ካልእ ፈትን፡ ንስኻ መንእሰይ ኢኻ ጊዜኻ ኣይትባኽን ምስ ካልእ ተመርያ፡ ንስኺ ዕድሜኺ ምስዚ መኻን ኣይተሕልፍዮ ዝብሉ መርዛማት ቃላት ንሰምዕ ኢና። እግዚኣብሔር ብቌልዑ እንተ ደኣ ባረኸካ ሠናይ፡ ፍቓድ ኣምላኽ እንተ ዘይኮይኑ ድማ ብፍቕርን ብሓድነት ክትነብር ይግበኣካ። "እንሆ፣ ውሉድ ውህበት እግዚኣብሔር ኢዮም። ፍረ ኸርሲ ኸኣ ዓስቢ ኢዩ። ሰበይትኻ ኣብ ውሽጢ ቤትካ ኸም ፈራይት ወይኒ ኽትከውን። ውሉድካ ኣብ ዙርያ መኣድኻ ኸም ተኽሊ ኣውሊዕ ኪኾኑ ኢዮም" (መዝ 127፡3 መዝ 128፡3)። ውሉድ ውህበት እግዚኣብሔር ካብ ኰኑ ንስኻ ከም ዝወሃቡ እትገብሮም ኣይትኽእልን፡ ሰበይቲኻ/ሰብኣይካ ከም ፈራይ ወይኒ ክኸውን/ክትከውንን ኣምላኽ ፍቓዱ እንተ ኮይኑ ግርም። ብሰሪ ውላድ ንሓዳር ምብታን ግን ብፍጹም ዘይመጽሓፍ ቅዱሳዊ ከይዲ ኢዩ። ኣምላኽ ንኣብርሃም ውላድ ካብ ሳራ ንጊዜኡ ከም ዘይሃቦ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንረክብ፡ ጊዜኡ ምስ ኣኸለ ግን ዓቢ ነገር ገበረሉ። "ስለዚ ኣዝየ ኽባርኸካ ኢየ፡ ንዘርእኻ ድማ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ኣዝየ ኽብዝኖ ኢየ። ዘርእኻ ድማ ደጌታት ጸላእቱ ኺወርስ ኢዩ" (ዘፍ 22፡17)። ነቶም እሙናት ዝኾኑ ዘርኦም ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ከም ሑጻ ባሕሪ ይገብሮም። ኣብቲ ዝዓበኸሉ ገዛውቲ ኣዝየ ዝፈትዎም ጐረባብቲ ነይሮም፡ ካብ ዝምርዓዉ ነዊኅ ዓመታት እኳ ይግበሩ፡ ውላድ ዝበሃል ግን ኣይነበሮምን። ንሳቶም ብፍቕሪ ኣምላኽ ዝተኣሰሩ ስለ ዝነበሩ፡ እቶም ስድራኦም ንከፋትሕዎም ዘይፈንቐልዎ እምኒ ኣይነበረን። ኣብ ኣምላኽ እሙናት ስለ ዝነበሩ፡ ንኹሉ ብድዐ ቃላት ተጻዊሮም፡ ኣምላኽ ከኣ ድኅሪ 12 ዓመት ወዲ ሃቦም። እግዚኣብሔር ንዝእመንዎ ከም ፍቓዱ ድኅሪ ነዊኅ ዓመታት ውላድ ክህቦም ከም ዝኽእል ርእየ ብዙኅ ኣስተንኪረ። ሰባት ብቅዱስ መውስቦ ክባዝኁን ክፈርዩን ፍቓድ ኣምላኽና ኢዩ።

- <u>ካብ ምንዝርና ምርሓቕ</u>

ሓደ ካብቲ ቀንዲ ዕላማታት ተክሊል ካብ ምንዝርና ምህዳም ኢዩ። ኣብ ሞንጎ ምንዝርናን ዝሙትን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ፡ ኣመንዝራ ዝብሃል ቅድሚ ቃል ኪዳን ኣብ ግብረ ሥጋ ዝወድቕ ክኸውን እንከሎ፡ ዝሙት ከኣ ድኅሪ ምስ ሰበይቱ ብቃል ኪዳን ምእሳሩ ምስ ካልእ ሰበይቲ ብግብሪ ሥጋ ዝራኸብ ወይ ድማ ብዘይግቡእ ዝፋታሕ እሞ ድጊሙ ዝምርያ ኢዩ። "ስለ ኻብ ምንዝርና ምርሓቕ ግና ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ገዛእ ሰበይቱ ትሃልዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲውን ገዛእ ሰብኣያ ይሃልዋ" (1ይ ቆሮ 7፡2)። ሰብኣይ ናይ ገዛእ ርእሱ ሰበይቲ፡ ሰበይቲ ከኣ ናይ ገዛእ ርእሳ ሰብኣይ ክህልዎ ቀንዲ ምኽንያቱ ካብ ምንዝርና ምህዳም ኢዩ። ኣብዚ ጊዜ ሰብ ንምንዝርና ከም ሓደ ምዕባለ ዝርእየሉ ኢና ዘሎና፡ ሰብኣይ ከም ሓደ እንስሳ ክነብር እግዚኣብሔር ኣይደልን። ስለዚ፡ ምስ ሓዳሩ ክቕየድን ኣብዚ ቅዱስ መውስቦ ድማ ንሰበይቱ ካብ ምንዝርና ብምህዳም ይኃብራ። ናይ ጕብዝና ዕድመ ዝበጽሐ ሰብ ሥጋዊ ፍትወት ስለ ዝለዓሎ ብዙኅ ጊዜ ዘይገትኦም ስምዒታት ክወርዎ ይኽእሉ። ነቲ ዝልዓለካ ስምዒታት ከተዕግብ ምፍታን ናብ ኣመንዝራ ምኻድ ንገዛእ ርእስኻ ናብ ሓቂ ምእታዉ ኢዩ። እዚኣ ሓንቲ ካብተን ዕላማታት ደኣ እምበር ዋና ናይዚ ሓዳር ክትከውን ኣይግባእን። ኣብ ሓዳር እቲ ዝግበር ፆታዊ ርክብ ብፍቓድ ክልቲኦም መጻምድቲ፡ ደረት ዘለዎ ከኣ ክኸውን እምበር ከም ሓደ ኣቕሓ ምጥቃም ክርሕቕ ኣለዎ። ብዛዕባዚ ኣብቲ ዝቕጽል ኅታምና ክንርኢ ኢና። "ከናፍር ኣመንዝራ ሰበይትስ መዓር ወለላ የንጠብጥብ፡ ኣፋ ኸኣ ካብ ዘይቲ ትልስልስ። መወዳእታኣ ግና ከም ዕረ መሪር፡ ክልተ ኣፍ ከም ዘለዎ ሴፍ ከኣ በሊሕ ኢዩ" (ምሳ 5፡3-4)። ምንዝርና ብመዓር ዝተጠቕለለ መርዚ ማለት ኢዩ፡ ከምቲ ጥበበይና ዝበሎ ከናፍራ መዓል ወለላ እዚ ግና መሪር ዕረ ይኸውን። ካብ ምንዝርና ምርሓቕ ጥራኅ ዘይኮነስ ምህዳም የድሊ። "ካብ ትምኒት ጕብዝና ህደም፡ ምስቶም ብንጹሕ ልቢ ንእግዚኣብሔር ዚጽውዕዎ ኸኣ ኣሰኣሰር ጽድቅን እምነትን ፍቕርን ሰላምን ስዓብ" (2ይ ጢሞ 2፡22)። ምኽሪ ሓዋርያ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ካብ ትምኒት ህደም ደኣ እምበር ርሓቕ ኣይኰነን ዝነበረ። ዝኾነ ሰብ ብተክሊል ምስ መጻምድቱ ከይኃበረ ምስ ዝኾነ ሥጋዊ ርክብ ዝፍጽም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር

ጽያፍ ፍጻሜ ኢዩ ዝኸውን። "ካብ ምንዝርና ህደሙ። ሰብ ዚገብሮ ዘበለ ኃጢኣት ካብ ሥጋኡ ብወፃኢ ኢዩ፡ ዚንምዝር ግና ኣብ ገዛእ ሥጋኡ ኢዩ ኃጢኣት ዚገብር" (1 ቆረ 6፡18)። ኣመንዝራ ሰብ ኣብ ገዛእ ሥጋኡ ኢዩ ዝብድል፡ ነቲ ቤት መቕደስ ኣምላኽ ዝተባህለ ሰብነቱ ከአ ቤት ጣኦት ይቕይሮ። ኣብ ሓንቲ መጽሓፍ ንምንዝርና ብግሩም መገዲ ይገልፆ፡ ክምንዝር ዝደሊ ሰብ ንቤት መቕደስ ኣምላኽ ወሲድካ ብኃጢኣት ዘርክስ ኢዩ። ስለዚ፡ ናይ ምንዝርና መንፈስ እንተ ደአ መጺኡካ ይብል እቲ ጸሓፊ፡ እዚአ ኃውቲ/ኃው ናይ ኣምላኽ ቤት መቕደስ ስለ ዝኾኑ ቅዱሳን ኢዮም ንቅዱስ ከረክስ ድማ ኣይደልን ኢየ በሎ።

- <u>ብሓሳብ ምድግጋፍ</u>

ሰብ ብተፈጥርኡ ኃባራዊ ደኣ እምበር ብሕታዊ ኣይኮነን። ሰብ ሓሳብ ዝቕበልን ዝገልፅን ከም ዝኸውን ኮይኑ ተፈጢሩ። ኣብ ሓዳር ናይ ሓሳብ ደገፍን ምምልላእን ክህሉ ኣለዎ፡ ኣብ ሓደ ገዛ እትነብር ክልተ ተሃላለኽቲ ምኽን ኣየድልን። እዞም ኣንጻር ፆታ ዝኾኑ ክልተ ሰባት ብሓሳብ ምፍልላዮም ንምሕናፅ ደኣ እምበር ንምፍራስ ክኸውን የብሉን። "እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከአ፡ ሰብኣይ በይኑ ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ክገብረሉ ኢየ፡ በለ" (ዘፍ 2፡ 18)። እግዚኣብሔር ኵሉ ዝፈጠሮ ሠናይ ምኻኑ ምስ ረአየ፡ ሓንቲ ባህ ዘየበለቶ ነይራ፡ ንሳ ድማ ሰብኣይ ንበይኑ ክነብር ጽቡቕ ኣይኮነን ትብል ኢያ። እምበኣርከስ፡ ንዕኡ እትበቕዕ ደጋፊት ኣድላይት ኴይና ተረኺባ፡ እግዚኣብሔር ንኊድለት ኣዳም እተማልእ ሰበይቲ ፈጠረሉ። ተክሊል ናይ ሥጋን ነፍስን መንፈስን ኅብረት ኢዩ። ናይ ሥጋ ኅብረት ብፆታዊ ርክብ፡ ናይ ነፍሲ ብሓሳብ ምድግጋፍ፡ ናይ መንፈስ ኅብረት ምስ እግዚኣብሔር ብምጒዓዝ ኢዩ።

- <u>ብፍጹም ልቢ ምፍቕቓር</u>

ኣብ ክርስትና ፍቕሪ መሥዋዕታዊት (ኣጋፒ) ኢያ፡ ንርእስኻ ኣኅሊፍካ ክሳብ ምሃብ ድልው ምኻን። ፍቕሪ ንካልኦት ዝወሃብ ደኣ እምበር ካልኦት ንዓና ዝህቡና እንጽበዮ ኣይኮነን። ብዙኅ ሰብ ሕፍርቲ ሰበይቲ ይደሊ፡ ንገዛእ ርእሱ ግና ሕፉር ኣይኮነን። ሓደ መጻምድቲ ሰበይቱ ኣዝያ ከም ተፍቕሮ ይዛረብ፡ ንሱ ንሰበይቱ ኣዚዩ ከም ዘፍቕራ ግና ኣይዛረብን። "ቤትን ሃብትን ካብ ወላዲ ይውረስ፡ ለባም ሰበይቲ ግና ካብ እግዚኣብሔር ኢያ" (ምሳ 19፡14)። ለባምን ፈቓርን ካብ እግዚኣብሔር እትረኽባ ህያብ ኢያ። ኣብ ሓዳር ዘይበጽሐ ሰብ ፍቕሩ ክሳብ ሕጹኖት ጥራኅ ትጸንሕ ምኽንያቱ ጊዜያዊት ፍቕሪ ደኣ እምበር ንመዋዕል ትጸንሕ ኣይኮነትን። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ሰብኣይ ንሓንቲ ኣፍቂርዋ እሞ ክትምርዓዎ ምስ ሓንገደት፡ ሓረቑ ቀቲልዋ ትሰምዕ። ኣብ ሞንጎ ፍቕርን ትምኒትን ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ኣብ ሓዳር ንብጸይትኻ ምፍቓር ደኣ እምበር ምምናይ ዓቢ ጌጋ ኢዩ። ስለዚ፡ ንሰብነት ሰበይትኻ ዘይኮነስ ንነፍሲ ሰበይትኻ ኣፍቕር። ከምዚ እንተ ዘይገቢርካ ምስ ኣረገት ክትጸልኣ ኢኻ ማለት ኢዩ።

**ኣድላይነት ሕጻ፡ ምድላው ንመርዓ**

ሕጻ ናብ መውስቦ ቅድሚ ምእታውካ እትኃልፎ መሳልል ኢዩ፡ ኣብ ጥዑይ ሓዳር ድማ ዓቢ ግደ ኣለዎ። ኣብዚ ደረጃ ባሕርያቶምን ውልቓዊ ጠባያቶም ዝመዛዘንሉ፡ ሓፈሻዊ ሌይላ ዘካይድሉ ኢዩ። እቲ ቀንዲ ዕላማ ሕጻ እቶም ክልተ መጻምድቲ ቅድሚ ናብ ሓዳር ምእታዎም ብግቡእ ዝፋለጥሉ ኢዩ። ሕጹያት ኣብ ሓደ ገዛ ክነብሩ ኰነ ፆታዊ ርክብ ክገብሩ ብፍጹም ክልኩል ኢዩ። ሕጻ ናይ መውስቦ ተኪኡ ክኸይድ ብፍጹም ጽያፍ ኢዩ። ብሓደ ክዕልሉ ሻሂ ክሰትዩ፡ ዘዋጽኦም ክውስኑን ክመያየጡን ደኣ እምበር ናብ ዝኾነ ዘይተደለየ ምቕርራብ ክበጽሕ ኣይግባእን ኢዩ። ኣብዚ ናይ ሕጻ ጊዜ ከምዚ ዝስዕብ ዓይነት ሕቶታት ብምቕራብ ትፋለጥ፡-

- ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክንመላለስ ወሲንና ዲና፧
- ፆታዊ ፍልልያትና ከም መረዳድኢ ደኣ እምበር ከም መገራጨዊ ከይንጥቀመሉ ቃልና ድዩ፧
- ዘይተገለጸ ወልፊ ከም እኒ ሽጋራ፡ ፖርኖግራፊ እንተ ኣለካ/ኣለኪ ብግልፂ ዶ ምነገርካኒ/ምነገርክኒ፧
- ዝኾነ ግጭት ምስ ዘጋጥም ብፍቕሪ ደኣ እምበር ብበትሪ ከይፍታሕ ፍቓድና ድዩ፧
- ዘሎካ ደሞዝን ሃብትን ናይ ኃባር ከም ዝኾነ ትኣምን ዲኻ፧

- ናይ ኃባር ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስን ምጽላይ ጊዜ ክንፈሊ ድልዋት ዲና፧

ኣብዚ ጊዜ ቤተ-ክርስቲያን ነቶም ሕጹያት ምሉእ ፍልጠት ብዛዕባ ሓዳር ከተዕጥቖም ኣለዋ። እንተ ወሓደ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ኮርስ ክትህቦም ኣለዋ፡ ምጽእ ኢልካ ቃል-ኪዳን ምእሳር ክተርፍ ኣለዎ። ምኽንያቱ፣ ኣብ ሓዳር ብዙኅ ውዑይን ዝሑልን ስለ ዘሎ፣ እቶም መጻምድቲ ክፈልጥዎ ይግባእ። ካብ ምኩራት ሰብ ሓዳር ምኽሪ ምቕባል፡ ናይ ሓዳር መጻሕፍቲ ባዕልኻ ንበብ። በዚ ድማ ናብቲ እትደልዮ ብምሉእ ቅሩብነት ትኣቱ።

ቅዱስ መውስቦ ጥዕና ዘለዎ ስድራ ቤት የፍሪ፡ ጥዕና ዘለዎ ስድራ-ቤት መሠረት ኅብረት ሰብ፣ ቤተ-ክርስትያንን ሃገርን ኢዩ። ቅዱስ መውስቦ፣ መሠረት እቲ ኩሉ ጥዑይ ምሕደራ ኢዩ። ክርስትያናዊ ስድራ-ቤት ክፈርዩ ብቅዱስ መውስቦ ሓደ ክኾኑ ኣለዎም። ስለዚ፡ ተክሊል ሓደ ካብቶም ቅድሚ ውድቀት ደቂ ሰባት ዝነበረ ጥንታዊ መደብ ኣምላኽ ምዃኑ ተረዲእና ኣብ ግቡእ መዓላ ከነውዕሎ ይግባእ።

**ኣብ ዝመጽእ ኅታምና ይቕጽል . . .**

**(ዲያቆን ኣሮን ገብረሥላሰ)**


**<u>መወከሲ ጽሑፋት</u>**

ቅዱስ መውስቦ ገጽ. 35-52

ምሥጢረ ምሥጢራት ገጽ. 54-57

Is Dating your road map to Engagement? P. 28-57

ABC Christian Marriage p. 27-75


እቲ ጸልማት ኃሊፉ፡ ብርሃን ዳግም መጺኡ፡ ግብጺ ብጸልማት ተቐጽዐት፡ እስራኤል ኸኣ ብዓንዲ ብርሃን ደሚቓ (ዘፀ 14፡20)። እቶም ኣብ ጸልማት ናይ ድንቍርና ዝነብሩ፡ ንዓቢ ብርሃን እቲ ምሉእ ፍልጠት ረኣዩ (ኢሳ 9፡6)። እቲ ብሉይ ኃሊፉ፡ እንሆ፡ ኵሉ ሓድሽ ኮይኑ (2ይ ቆረ 5፡17)። እቲ ፊደል ተዋህበ፡ መንፈስ ግና ናብ ቅድሚት መጽአ። እቲ ድኔ ሃደመ፡ ሓቂ ኸኣ ኣባታቶም መጽአ። ንሱ ብዘይ ኣቦ፡ ብዘይ ኣደ፡ መልከጼዴቅ ድማ መደምደምታ ኮይኑ። ሕግታት ናይ ተፈጥሮ ድማ ተቔጥዐ፡ ዓለም እውን ልዕሊ እዚ ተመሊኣ። ክርስቶስ ኣዚዙና ኢዩ፡ ንሕና ኩላትና ኣንጻሩ ከይንኸውን ክንጥንቀቕ ኣሎና። ኩላትኩም ሕዝብታት ኣእዳውኩም ኣጣቕዑ ምኽንያቱ ሕፃን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተውሂብና ኢዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኩቡ ኢዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለዓለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ ኢዩ (ኢሳ 9፡6)። ኣብ በረኻ ዚእውጅ ድምፂ ኣዋጅ ነጋሪ (ማቴ 3፡3)፣ ኣነ`ውን ነዚ ብምሉእ ኃይለይ ይእውጅ ኣለኹ። እቲ ዘይሥጋዊ ሕጂ ግና ተሠገወ፡ እቲ ወዲ ኣምላኽ ወዲ ሰብ ኰነ። ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለዓለምን ንሱ ኢዩ (ዕብ 13፡8)። ንሕና ግና ነቲ ንኣይሁድን መዓንቀፊ፡ ንኣሕዛብን ዕሽነት ዝኾነ እተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብኽ ኣሎና (1 ቆረ 1፡23)። እቶም መናፍቓን መልሓሶም ክሳብ ዝሕሞም ይዛረቡ። ንሱ ናብ ሰማይ ክዓርግ እንከሎ ምስ ረኣይዎ ክኣምኑ ኢዮም፡ እንተ ዘይኮይኑ ካብ ሰማያት ኣብ መንበር ክብሩ ክወርድ ከሎ ክርእይዎ ኢዮም።

**ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ**

# ሾብዓተ ኣገደስቲ ልማዳት ኣብ መንፈሳዊ ሕይወት

ካብ ዝሓለፈ ኅታምና ዝቐጸለ . . .

## 2. ጸሎት

ካብ ኵሉ መሳርሒ ዝበርትዐን ዝበለጸን፡ ቅድሚ ኵሉ ክንገብሮን ክነዘውትሮን ዝግብኣና ነገር እንተ ሃሊዩ፡ ጸሎት ኢዩ። ጸሎት መንፈሳዊ ዕጥቂ ኮይኑ ምስቲ ምንጪ ኃይልናን መሠረት ህላውነትናን ዝኾነ እግዚኣብሔር ንራኽብ ኢዩ። ሓደ ክርስትያን ዕዉት ኮይኑ ክርከብ ነቶም ዘድልይዎ መንፈሳዊ ዕጥቅታቱ ብዝግባእ ከማልእ ኣለዎ። ከምቲ ብሕይወት ክንነብር ከነተንፍስ ዘሎና ምስ እግዚኣብሔር ክንነብር ሕብረት ክህልወና ዝገብር ድማ ጸሎት ኢዩ፡ እቲ ዘይጽሊ ሰብ ብደው ዝመላለስ ዝሞተ ረሳ ኢዩ። መጽሓፍ ቅዱስ "ደቂስካ ዘሎካ ተንሥእ" ዝብለና ነቲ ብሥጋ እንድቅሶ ምድቃስ ኣመልኪቱ ኣይኰነን፡ ብደዉ ዝንቀሳቐስ ግናኸ ድቁሳት ዝብሎም፡ ክትንሥኡ ደወል ዝድውለሎም ሰባት ነቶም ምስ እግዚኣብሔር ሕብረት ዘይብሎም ኢዩ። ንመጽሓፍ ቅዱስ ምንባብን፡ ትምህርቲ ምምሃርን፡ ኣገልግሎት ምግልጋልን ጥራኅ ንበይኑ ብዘይ ጸሎት ንመንፈሳዊ ሕይወትና ምልኣት ኣይህቦን ኢዩ። ፍልጠት ኣምላኽ ሃልዩካ ምስቲ ኣምልኾ'የ፡ እኣምኖ'የ፡ እስዕቦ'የ እትብሎ ኣምላኽ ብጸሎት ምስኡ ናይ ልብኻ እንተ ዘይተዛሪብካዮ፡ እንተ ዘይጸሊኻ ኃይሊ ዘይብልካ ስለ እትኾውን ሙማትካ ኣይተርፍን ኢዩ'ሞ ልዕሊ ኵሉ ብጸሎት ምስ እግዚኣብሔር ሕብረት ይሃሉኻ።

ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ንጸሎት ክትቀርብ ከሎኻ ኵሉ ጊዜ ጐይታ "ፍትወይ ኣዝየ ኢየ ዘፍቅረካ" ከም ዝበለካ ነዚ ተረዳእ፡ ንስኻ ብእምነት ኣእዳውካ ናብኡ ክትዝርግሕ ልብኻ ከፊትካ ክትዛረቦ ከሎኻ "ውልደይ ሰሚዐካ ኣሎኹ፡ ነቲ ንዓኻ ዝጠቅም ድማ ብጊዚኡ ክህበካ ኢየ" ኢሉ ከም ዝመለሰልካ እመን። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብሥጋ ጥራኅ ምንቃሕ መንፈሳውነትካ ኣድካሚ ምኻኑ ብምስትውዓል መንፈስካ ንእግዚኣብሔር ሃረር ይበሎ። ዘወትር ብመንፈስ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ሰማያዊ ኣቦና ምስ እንቀርብ፡ ካብቲ ንሕና እንሓስቦን እንደልዮን ዘሎና ነገር፡ ልዕሊ ግምትና ዝኾነ ግብሪ ኣምላኽ ንሕይወት ክንረብሕ ኢና።

ጐልበት ኣማኒ ጸሎት ኢዩ እሞ፡ ንጸሎት ኣይንተሃከ፡ ጸሎት ካብ ዝተርፈና፡ ካልእ ኵሉ እንተ ተረፈና ይሓይሽ። ጐይታ "ኣንጊሁ ተንሢኡ፡ ገና ለይቲ ኸሎ፡ ወፀ። ናብ ጽምዊ ቦታ ኸይዱ ድማ ኣብኡ ጸለየ፡" [ማር 1፡35] ይብለና ወንጌላዊ ማርቆስ። ፍጹም መምህር ሕይወትን ሥነ-ምግባርን መንፈሳውነትን ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ፡ ካብኡ ዝተማህሩ ንምሁራት ክምህሩ ንፍላስፋታት ክረትዑ ተረኺቦም ኢዮም። "ዘይተማህሩ ጭዋታት ሰባት ምዃኖም ከኣ ምስ ተረድኡ፡ ገረሞም፡ ምስ ኢየሱስ ከም ዝነበሩ ድማ ኣለለይዎም።" [ግ.ሓ 4፡13] ነቶም ብዛዕባ ወንጌል ኣምላኽ ከተበሥሮም እትሓስብ ዘሎኻ ሕዝቢ፡ ቅድሚ ምስኦም ምዝራብካ ምስ እግዚኣብሔር ብጸሎት ተዘራረብ። ኣብ መንፈሳዊ ጕዕዞኻ ቀዳማይ ክሕዝ ዝግብኦ ኣብ ካልኣይ ቦታ እንተ ኣትሓዝካዮ ኣይከውንን። መንፈሳዊ ኣየርና ጸሎት ኢዩ እሞ ብሕይወት ክንነብር ቀዳምነት ቦታ ይሃልዎ ኣብ ኵሉ ዕዮታትና።

## 3. እምነት

እምነት መሠረት ኢዩ፡ ኣገዳስነት ጸሎት ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ክንርኢ ጸኒሕና ኣሎና፡ መሠረቱ ግና ኣብ ጸሎት ዝተሠረተ ኢዩ። ክትጽሊ እምነት የድሊ፡ ብዘይ እምነት ምጽላይ ድማ ኣይከኣልን ኢዩ፡ ይከኣል ኢዩ እንተ በልካውን ትቅበሎ ነገር የብልካን። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መንን ብመንን ክንኣምን ከም ዘሎና ብንጹር ነጊሩና ኣሎ። ክርስትያን ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ማለት ኣብ ሥላሰ ዝኣምን ኢዩ። ኵሎም እንገብሮም ንጥፈታት ንእምነትና ዝጸልዉ ኢዩ። ክንጽሊ፡ ክንህብ፡ ይቅረታ ክንገብር፡ ጥዕናና ኲነ ምፍዋስና፡ ምስ ካልኦት ኲነ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ዝምድና ኵሉ ንእምነትና ዝጸሉ፡ ኣብ እምነትና ዝምሥረት ኢዩ። ናይ እምነትካ ማእከልን ዕላማን ኣብ ኣምላኽ እንተ ዘይኮይኑ ኵሉ ከንቱ ኢዩ። ኣብ እምነትና ዝዓንቅፉና ነገራት ኣለዉ፡ ቀዳማይ ምኽንያታት ናይ ደቂ ሰባት፡ ካልኣይ፡ ብምርኣይ ምንባር፡ ሣልሳይ፡ ብዝህልወና ስሚዒት ምምላእ ንእኡ ድማ ምእዛዝ፡ ራብዓይ ኣሉታዊ ምኽርታት፡ ሓሙሻይ ናይ በደለኛ ስምዒት ሒዝካ ምጕዓዝ፡

ሻዱሻይ ንቃል ኣምላኽ ምንጻግ ዘይምቅባል፡ ሻብዓይ ኣብ ኃጢኣት ብቀጻሊ ምንባር፡ ሻሙናይ ሰይጣናዊ ስልቲ ወይ ብልሓታት ኢዮም። እዚኣቶም ኵሎም ኣብ እምነት ዝዓናቕፉና ጠንቅታት ኢዮም። ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብለና፡ “ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ከሥምርዎ ኣይከኣልን ኢዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ፡ ንሱ ኸም ዘሎን ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ኸም ዚህቦምን፡ ኪኣምን ይግብኦ ኢዩ።” [ዕብ 11፡6] እዞም ዝበልናዮም ዕንቅፋታት እንስዕሮም ብኸመይ ኢና፡ ነዚውን ቃል ኣምላኽ መልሲ ኣለዎ፡ “ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ዅሉ ንዓለም ይስዕራ፡ እታ ንዓለም እንስዕረላ ስዕረት ከኣ፡ ንሳ እምነትና ኢያ። ንዓለም ዚስዕራኸ፡ እቲ ንኢየሱስ፡ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ዚኣምኖ እንተ ዘይኮይኑስ፡ መን ኢዩ፧” [1ይ ዮሓ 5፡4-5]


## ደረጃታት እምነትና

ኣብ እምነተይ ከመይ ኣሎኹ፧ ይዓቢ ዶ ኣሎኹ፧ ብእምነተይ ዘምጻእክዎ ዝተለወጥክዎ እንታይ ኣሎ፧ እዚ ሕቶታት እዚ ክንምልሶም ዝግብኣና ኢዩ። ኣበየናይ ደረጃ ናይ እምነት ኢየ ዘለኹ ክምርምር ይግብኣኒ ኢዩ። ስለዚ እምበኣር ደረጃታት እምነት ንርአ፦

### 3.1 ጕደሎ እምነት

ጐዶሎ እምነት ዘለዎ ፈጺሙ ኣየዕርፍን ኢዩ። እዛ እምነት እዚኣ ኵሉ ጊዜ ምልኣት ስለ ዘይብላ ዕረፍቲ ዝበሃል የብላን። ርግጸኛ ኣይኮንኩን፡ ይመስለኒ፡ ከምኡታት ኢዩ .. ወዘተ ብዝብሉ ዘረባታት እተሰነየት ኢያ። ነዚ ነስተውዕል፡ እቲ ቀንዲ ነገር ኣብ እምነት **ኣተኩሮ** ኢዩ። ስለዚ ኣቶኲሮይ ኣብ ምንታይ ኢየ ዝገብር ዘለኹ፧ ወንጌላዊ ማቴዎስ ከምዚ ዝብል ቃል ጸሓፈ “እንሆ ኸኣ፡ ማዕበል ነታ ጃልባ ኽሳዕ ዜጐልብባ፡ ኣብቲ ባሕሪ ዓብዪ ምንዋጽ ኰነ። ኢየሱስ ግና ደቂሱ ነበረ፡” ይብል። እቶም ደቀ መዛሙርቱ በቲ ዝርእይዎ ዝነበሩ፡ ኣቶኲሮ ሂቦምሉ ዘለዉ ማዕበል ተናወጹ፡ ስለዚ “ቕሪቦም፡ ጐይታይ፡ ጠፋእና፡ ኣድኅነና፡ እናበሉ ኣተንሥእዎ፡” ይብለና፡ ኢየሱስ ኸኣ፡ “ኣቱም ጕዱላት እምነት፡ ከመይከ እትፈርሁ፧ በሎም። ሽዑ ተንሢኡ ንንፋስ ንባሕርን ገንሖም። ዓብዪ ህድኣት ከኣ ኾነ።” [ማቴ 8፡23-26] እቶም ደቂ መዛሙርቲ ኣብ ምንታይ ኣተኲሮ ገይሮም ይጥምቱ ከም ዝነበሩ ኣይንስሕቶን፡ ከም ውጺኢት ናይ ጠመትኦም ድማ ከመይ ከም ዝተረበሹን ጐይታ ድማ “ኣንቱም ጕዱላት እምነት” ክብሎም ከሎ ኢና እንዕዘብ። በቲ ዘጕደልዎ እምነት ከዕርፉ ፈጺሞም ኣይከኣሉን፡ ንጕድሎቶም ህድኣት ዝሃበ ግና ንሱ ጐይታ ኢየሱስ ኢዩ።

ኣብ ድልየታትና፡ ብእምነት ዝጸለናዮ ዋላ እንተኰነ ነቲ እንጽልየሉ ዘሎና ፍቃድ ኣምላኽ ዘይኮነ ነገር ፈጺሙ ክከውን ኣይክእልን ኢዩ። ከመይ እቲ ኣምላኽ ዝብሎን ክብሎ ዝደለን ደኣ እምበር እቲ ንስኻ እትደልዮን እትብሎን ኣይኰነን ዝከውን። ስለዚ ኣብ ኵሉ ብኵሉ ብእምነት ምጽናዕ የድሊ፡ እግዚኣብሔር ኵሉ ከም ዝክእል፡ ኵሉ ዝመደቦ ከም ዝገብር እምነት ይሃሉካ። ጐደሎ እምነት ግና፡ ትክእል እንተ ኴንካ ኢያ እትብል። “ኬጥፍኦ ብዙኅ ሳዕ ኣብ ሓውን ኣብ ማይን ደርብይዎ። ገለ ትክእል እንተ ኼንካ ግና፡ ደንግጸልናን ርድኣናን፡ በሎ። ኢየሱስ ከኣ፡ እትኽእል እንተ ኼንካ፡ ትብል ኣሎኻ። ንዚኣምን ኵሉ ይክኣል ኢዩ፡ በሎ።” ስለዚ ካባና እምነት እትድለ።



**3.2 ዓባይ እምነት**

እዛ እምነት እዚኣ ኣብ ሓቂ ዝተመሥረተት፡ ብቀጻሊ እናዓበየት እትኸይድ ኢያ። ኣቶኲረኣ ኣብ ኲነታት ዘይኮነ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኲነታት ሥልጣንን ኃይልን ዘለዎ ኵሉ ዝክእል ኣምላኽ ኣቶኲሮ እናገበረት እትጓዓዝ እምነት ኢያ። እቲ ሓደ እሙን ተስፋታት ዘለዎ ዝእመን ኣምላኽ ኢዩ፡ እዛ ዓባይ እምነት ኣብዚ ተሠሪታ ኢያ እትዓቢ። እዛ እምነት እዚኣ፡ "ጐይታይ፡ ኣነ፡ ንስኻ ናብ ቤተይ ክትኣቱ፡ ኣይበቕዕን፡ ኣየ እሞ፡ ሓንቲ ቓል ጥራኅ ደኣ በል፡ ቈልዓይ ድማ ይሐዊ።" [ማቴ 6፡8] እትብል ኢያ፡ ካብቲ እትኣምኖ ጐይታኣ ድማ "ከምዚ ዝበለት ዓባይ እምነትሲ ኣብ እስራኤል እኳ ኸም ዘይረኸብኩ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡" ኢሉ ይምስክረላ። ዓባይ እምነት ንእግዚኣብሔር እትጽበ፡ ትዕግስቲ ድማ እትገብር ኢያ።

**3.3 ፍጽምቲ እምነት**

እታ ፍጽምቲ እምነት ከምቲ እግዚኣብሔር ዝርእዮ ገይራ እትርኢ ኢያ። ፍጹም ሰላምን ዕረፍትን ምሥጋናን ፍቕርን ለውሃትን ሕያውነትን ዘለዋ ኢያ። ኣብ ውሽጣ ኵሎም ሓቅታት ኣምላኽ ዝተተኽሉላን እትነብረሎምን ፍጽምቲ እምነት ኢያ። ዝኾነ ይኹን ዘጋጠመ የጋጥም ብዘየገድስ ፍጹም እምነት ዘለዋ ስለ ዝኾነት ርእሰ ተኣማንነት ዘለዋ ኢያ። ጠመትኣ ኣተኲረኣ ኣብ ዕብየትን ግርማ ኣምላኽን ኢያ፡ በዚ ድማ ብምሥጋና ብመዝሙር ምልእቲ ኢያ። እታ ፍጽምቲ እምነት፡ ፍጹም ግብሪ እተማልእ ኢያ። "እምነት ምስ ግብሩ ኾይና ኸም ዝዐየየት፡ እምነት ብግብሪ ገይራውን ከም እተፈጸመት፡ ትርኢ ኣሎኻ።" [ያዕ 2፡22]

ይቕጽል ...

(ዲያቆን ባስልዮስ ተስፋማርያም)

"ነቲ ቃል [ሎጐስ] እግዚኣብሔር ኣቦ ናባና ሰደዶ፡ በዚ ኸኣ ድኅሪ ደጊም ብነቢያት ከይዛረበና ብእኡ ተዛረበና። ብዛዕባ ቃል ብጥብቒ ክነግረና ጥራኅ ዘይኮነስ ብምግላፅ ከርእየና፡ በዚ ኸኣ ብኣዒንትና ረኣናዮ። ነዚ ቃል እግዚኣብሔር ኣቦ ሰዲድዎ ንብል ኣሎና፡ ነቲ መልእኽተኛ ብፍጹም ከነኽብሮ ድማ ይግበኣና። መልእኽቱ ብነቢያት ወይ ኸኣ ብመላእኽቲ ዘይኮነስ ብገዛእ ርእሱ ኣምፅኣልና፡ ኣብ ሞንጎና ተረኺቡ ድማ ባዕሉ ተዛረበና። እዚ ቃል ሥጋ ካብ ድንግል ከም ዝወሰደን፡ ነቲ ቀዳማይ ፍጥረት ከም ብሓድሽ ከምዘሐደሶ ንፈልጥ ኢና። እዚ ቃል ብኹሉ ደረጃታት ሕይወት ከም ዝኃለፈ ንፈልጥ ኢና፡ ንነፍሲ ወከፍና ከም ሕጊ ከገልግለና በዚ ደረጃታት ከም ዝኃልፈ ንኣምን። ኣብ ሞንጎና ብምርካቡ ሰብኣውነቱ [ተሠጋውነቱ] ንዕላማ ኲሉ ሰብ ኣርኣየ። በዚ ድማ ኣምላኽ ንኹሉ ሠናይ ደኣ እምበር ገለ ክፋእ ከም ዘይገበረ ኣረጋገጸልና። ሰብ ንኣምላኽ ክእዘዞ ኰነ ዘይክእዘዞ ግና ኣብኡ ከም ዝምርኰስ ሓበረና።"

(ቅዱስ ኣቡሊዲስ ዘሮም)

# ጥምቀት ሕፃናት ብትምህርቲ ኦርቶዶክስ

ጥምቀት ሕፃናት ካብ መጀመርታ እዋናት ናይ ክርስትና ጀሚሩ ክፍጸም ዝጸንሐ፣ ሓደ ካብቶም ናይ ፈለማ ሥርዓታት ናይ ቅድስት ቤተ-ክርስትያን ኢዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንተ ደኣ ተመልኪትና፣ ብዙኃት ስድራቤታት ምስ ውሉዶም ከም ዝተጠመቑ ብንጹር ተገሊጹ ንረኽቦ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ዝብል መልእኽቲ ነንብብ፡- *"ጴጥሮስ ከኣ፡ እቲ ተስፋ* ***ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን*** *ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኹሎም፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዚጽውዖም ዘበሉን ኢዩ እተዋህበ እሞ፡ ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ንኅድገት ኃጢኣት ይጠመቕ፡ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም በሎም። " (ግ.ሓ 2፡ 38-39)* ብተመሳሳሊ ብዛዕባ እቲ ሓለቓ ቤት-ማእሰርቲ ዝነበረ ሰብ ከዘንቱ ከሎ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ *ይብል፡- "ሽዑ ንሱ ምስ ኵሎም ስድራ ቤቱ ተጠምቀ።" (ግ.ሓ 16፡ 33)* ክብል እቲ ጸጋ ጥምቀት ንኵሎም እቶም ስድራ-ቤት ካብ ዓበይቲ ክሳዕ ሕፃናት ከም ዝተኻፈልዎ የብርህ። ኣብ ጽሑፋት ናይቶም ድኅሪ ሓዋርያት ቀጺሎም ዝመጹ ቀዳሞት ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን እንተ ብጥልቀት ኣጽኒዕናዮውን እዚ ሥርዓት ልሙድ ተግባር ከም ዝነበረ ብዝያዳ በሪሁ ንረኽቦ። "ኢየሱስ ክርስቶስ ብኣኡ ኣቢሉ ንኵሎም ምእንቲ ከድኅኖም ኢሉ መጺኡ። ኹላቶም ይብል ኣሎኹ ኣነ፣ ናጽላታት፣ ሕፃናት፣ መንእሰያትን ኣረጋውያንን እቶም ብኣኡ ኣቢሎም ካብ ኣምላኽ ዳግማይ ዝተወልዱ። ስለዚ፣ ንሱ ብኹሉ ዕድመ ኣቢሉ ሓለፈ። ምእንቲ ነቶም ናጽላታት ከድኅን፣ ናጽላ ኰነ፣ ምእንቲ ሕፃናት ሕፃን ኮይኑ ነቶም ኣብቲ ዕድመ ዘሎው ኣድኃኖም . . . ስለዚ ንሱ ንኣብ ኵሉ ነገር ፍጹም መምህር ምእንቲ ክኸውን ገበሮ። ፍጹም ነቲ ሓቂ ኣብ ምግላጽ ጥራኅ ዘይኮነ፣ ፍጹም ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዕድመ ኢዩ። (ሄራንዮስ *Against Heresies* 2:22:4). ከምዚ እውን ካልእ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን ከምዚ ይብል፡- "ብመጀመርታ ነቶም ሕፃናት ኣጠምቑ፣ ብገዛእ ርእሶም ክዛረቡ ዝኽእሉ እንተ ኮይኖም፣ ክዛረቡ ግደፍዎም። እንተ ዘይኮነ ግና፣ ወለዶም ወይ መቕርቦም ኣብ ክንዳኦም ይዛረቡ።" (ሂፖሊቶስ *The Apostolic Tradition* 21:16).

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ኣብነታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስን ኣቦታት ቤተ-ክርስትያንን፣ ንጥንታዊ ሥርዓት ምሥጢረ ጥምቀት ከም መእተዊ ክኾነናን ጥንታዊ ተግባር ምዃን ክንገልጽ ደሊና እንበር ቀንዲ መልእኽትና ብዛዕባ እቲ መንፈሳዊ ትርጉምን ኣገዳስነትን ምሥጢረ ጥምቀት ኣብ ሕፃናት ንምብራህ ኢዩ። ስለዚ ነዚ ከም መሠረታዊ መበገሲ ዝኾነና ነገር ናብ ምንጪ ምኽንያት ናይ ጥምቀት ኣቢና ክንድህስስ ኣገዳሲ ኢዩ። ስለዚ ከም መበገሲ ዝኾነና ብሕቶ ኣቢልና እንተ ጀመርናዮ ሠናይ ኢዩ።

## ፩ ስለምንታይ ሕፃናት ክጥመቑ ተደልዩ፧

ስለ ድኅነት ደቂ ሰባትን ታሪኹን እንተ ደኣ ክንዛረብ ጀሚርና፣ ከም ምንጪ መበገሲ ታሪኽና ገይርና ንብገሰሉ ቀንዲ ፍጻሜ ታሪኽ ሥነ-ፍጥረት ኣዳምን ውድቀቱን ኢዩ። ካብ ታሪኽ ሥነ-ፍጥረትን ውድቀቱን ወዲእካ ንታሪኽ ድኅነት ደቂ ሰባት ክትገልጾ ምፍታን ንሓደ ምሉእ ዘይኮነ ታሪኽ ምንጋርን ኣብ ሰማዕቱ ኸኣ ዘይምሉእ ትምህርቲ ምትሕልላፍን ከም ማለት ኢዩ። ስለዚ፣ ስለምንታይ ንጥመቕ ክንፈልጥ እንተ ደኣ ደሊና ግድን በቲ መሠረታዊ ነገር ክንፈልጥ ግድነት ኢዩ። እቲ ታሪኽ ድኅነት ደቂ ሰባት ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ኢዩ ዝጅምር።

### ሀ) ታሪኽ ሥነ-ፍጥረት ኣዳም

እግዚኣብሔር ኣምላኽ ነዚ ኣብዚ ዓለም ዘሎ ኵሉ ፍጥረታት ፈጢሩ ምስ ወድአ ኣብ መወዳእታ ገዛኢን ሓላውን ናይ ኵሉ ፍጥረታት ምእንቲ ክኸውን ኣብ መወዳእታ ብኽብሪ ንኣዳም ኣብ ሻዱሻይ መዓልቲ ፈጢርዎ። ኣዳም ካብ ካልኦት ፍጥረታት ዝፍለየሉ ቀንዲ ምኽንያት፣ ኵሎም ፍጥረታት ብትእዛዝ ናይ ቃል ኣምላኽ ብይኵን ክፍጠሩ ከለው። ኣዳም ግና ብኢድ እግዚኣብሔር

ተገይሩ፣ ካብ እስትንፋስ እግዚኣብሔር ኸኣ ሕይወት ተቐቢሉ ዝተፈጥረ እንኮ ፍጡር ኢዩ። እቲ ካብ ኵሎም ፍጥረታት በሊጹን ከቢሩን ኣብ መወዳእታ ዝተፈጥረሉ ምኽንያት ኸኣ፣ ከምቲ ክቡር ጋሻ ናብ ቤትካ ምስ ዓደምካዮ ኵሉ ነገር ኣዳሊኻ ትጽበዮ ወይ ሓደ ንጉሥ ኣብ ወንበር ክብሩ ክግለጽ ከሎ ድኅሪ ኵሎም ኣገልግልቱን ዓሳኽሩን ንሕዝቢ ዝግለጽ፣ ልክዕ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ኸኣ ብኽብሪ ስለ ዝፈጠሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ፍጥረታት ፈጠሮ። ብዛዕባ ኣፈጣጥራ ወዲ-ሰብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ክብል ይነግረና፡- *“ኣምላኽ ከኣ፥* ***ብመልክዕና ኽም ምስልና*** *ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ። ኣምላኽ ድማ* ***ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ።*** *ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም።” (ዘፍ 1፡ 26-27)* ቀጺሉ እውን ከምዚ ይብል፡- *“እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ* ***ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ፡ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ሕይወት ኡፍ በለሉ እሞ እቲ ሰብ ሕያው ነፍሲ ኾነ።”*** *(ዘፍ 2፡ 7)*

ኣምላኽ ካብ ሓመድ ወሲዱ ንሰብ ገበሮ ክብል ከሎ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ሰብ ካብቲ ናይታ ድንግል ዝነበረት መሬት ሓመድ ዝተወሰደ መሬታዊ ትሕዝቶ ከም ዘሎዎ፣ በዚ ኸኣ ምስ ኵሎም እንስሳታትን ኣትክልትን ሓደ ዓይነት ጠባያዊ ባሕርይ ከም ዘሎዎ ብዝያዳ ንርዳእ። በቲ ካልእ ወገን ኸኣ ኣብ ኣፍንጭኡ እስትንፋስ እግዚኣብሔር ኡፍ ዝተባህለሉ፣ ሕያው ነፍሲ ዘሎዎ ብመልክዕ ኣምላኽ ዝተፈጥረ ብምዃኑ ኸኣ ናብ መላእኽቲ ኣቢሉ ዝዘወ ባሕርያት ዘሎዎ ፍጡር ኢዩ።

ኣብ መጀመርታ ኣዳም ሕያውን ምስ ኣምላኽ ፍጹም ኅብረት ዘሎዎን ኮይኑ ተፈጢሩ። እቲ መልክዕ ነቲ ምስ እግዚኣብሔር ዘሎዎ ኅብረት ዘውሕስ ጸጋ ኢዩ። ነዚ ዝዕቅቦ ግና ትእዛዝ እግዚኣብሔር ብምሕላው ኢዩ። ቅዱስ ቴዎፍሎስ ከምዚ ይብል፡- “ሰብ ብተፈጥርኡ መዋቲ ወይ ዘይመዋቲ ኣይኰነን። እቲ ዘይመዋትነት ትእዛዝ ኣምላኽ እንተ ደኣ ሓልዩ ከም ዓስቢ ምረኸቦ ነይሩ። ከም ኣምላኽ ከኣ ምኾነ። ሰብ፣ ትእዛዝ ኣምላኽ እንተ ዘይሓልዩ ኸኣ ጠንቂ ሞት ምኾነ። ኣምላኽ፣ ንሰብ ኣብ ገዛእ ነብሱ ኃይሊ ዘሎዎ ነፃ ገይሩ ፈጢርዎ።” (Theophilus to Autolycus 27)

ሰብ ብመልክዕን ከም ምስልን እግዚኣብሔር ተፈጢሩ ክንብል ከሎና ብመሠረት ትምህርቲ ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን፣ እቲ መልክዕ ብፍጥረት ኣቢሉ ዝተዋህቦ ውዱእ ጸጋ ክኸውን ከሎ፣ እቲ ምስሊ ግና በቲ ዝተፈጥረሉ መልክዕ ኣቢሉ እናተመላለሰ፣ ብገዛእ ድልየቱን ተግባሩን ናብ ምስሊ ኣምላኽ ኣቢሉ ክዓቢ ምእንቲ ነፃ ገደፎ። እቲ መልክዕ ኣምላኽ ተባሂሉ ዘሎ ኸኣ ነዚ ዝስዕብ ኢዩ፡- ሥልጣን፡ ኣእምሮ፡ ነፃ ምርጫ፡ ዘይመዋትነት፡ ዘይምሥቓይ፡ ዘይምምሳን (ኢማሳኒ) ዘኣመሰሉ ጸጋታት ንወዲ-ሰብ ሂብዎ ማለትና ኢዩ።

ቀዳሞት ሊቃውንቲ ቤተ-ክርስትያን ብሕጽር ዝበለ ብኸምዚ ይገልጽዎ፡- “ብተፈጥሮ ነቲ ቀዳማይ ንዉንን፡ ብነፃ ምርጫና ኸኣ ነቲ ካልኣይ ንሓንፅ። ኣብቲ ቀዳማይ ቊመናና ብመልክዕ እግዚኣብሔር ናይ ምኳን ህላዌ ይጅምርን ይህልውን። ብነፃ ምርጫና ከኣ ከም ምስሊ እግዚኣብሔር ምዃና ንገልጽ። እዚ እቲ ብነፃ ምርጫ ዝኸዉን'ዩ። እቲ ኃይሊ ኣብ ዉሽጥና ኣሎ። እንተ ኾነ ግና ብተግባርና ኣቢልና ኢና እነምጽኦ። ኣቐዲሙ ጐይታ ክፈጥረና ከሎ “ንፍጠር”ን “ከም ምስልና”ን እንተ ዘይብል፡ ከም ምስሉ ክንከዉን እዉን ኃይሊ እንተ ደኣ ዘይህበና ነይሩ፣ ንሕና ብገዛእ ሥልጣንና ነቲ ከም ኣምላኽ ምምሳል ኣይምረኸብናዮን ኔርና። ሕጂውን ከይተረፈ፣ ምስ ከም ኣምላኽ ክንመስል ዘኽእለና ኃይሊ ገይሩ ፈጠረና። ከም ኣምላኽ ክንመስል ዘኽእል ኃይሊ ብምሃብ፣ ናይቲ ከም ኣምላኽ ናይ ምምሳል ቀረጽቲ ክንከዉን ፈቐደልና።... ምኽንያቱ ብመልክዕ እግዚኣብሔር ዝኽወን ኣእምሮ ብምዉናን'ዩ። ከም ምስሊ እግዚኣብሔር ዝኽወን ግና ክርስትያን ብምዃን'ዩ።” **(ቅዱስ ባስልዮስ ዓቢ** On The Human Condition 1,16) እቲ ናይ እስክንድርያ ሊቅ ዝነበረ ኦሪገን እውን ከምዚ ይብል፡- “ኣምላኽ ከምዚ በለ ‘ብመልክዕናን ከም ምስልናን ሰብ ንፍጠር’ ቀጺሉ ከምዚ ክብል ይዉስኽ፡- ‘ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ፡ ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስታይን ገይሩ ፈጠሮም

ባረኾም ድማ’ ኣብዚ እዋን ‘ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ’ ዝብል ኣገላልጻ፣ ብዛዕባ ምስሊ ዝብል ቃል ዘይጠቀሰሉ ምኽንያት ብዘይካ’ዚ ካልእ ትርጉም የብሉን፣ ንሱ ኸኣ ወዲ-ሰብ ክብሪ መልክዕ እግዚኣብሔር ኣብ ናይ ፈለማ ክፍጠር ከሎ ተቐበለ። እንተኾነ፣ ብቕዓት ከም ምስሊ እግዚኣብሔር ግና ኣብ መፈጸምታ’ዩ ተዳልዩሉ ዘሎ። ዕላማ ናይዚ ከኣ ሰብ ባዕሉ ብገዛእ ጻዕሩ ንኣምላኽ ክመስል ክጽዕር’ዩ።” (ኦሪገን On first principles 3፡ 6,1)

ወዲ-ሰብ ብውሕደት ሥጋን ነፍስን ዝተፈጥረ ፍጡር ኢዩ። እዚ ማለት ሥጋን ነፍስን ብተዋሕዶ ኣብ ኣካል ሓደ ሰብ ይግለጹ። ብዙኃት ሊቃውንቲ ንሥነ-ፍጥረት ናይ ሰብ ከስተንትኑ ከሎው፣ ሰብ ብገዛእ ርእሱ ንእሽተይ ዓለም ኢዩ ይብልዎ። ነፍሲ ወዲ-ሰብ ክልተ ነገራት ተጣምር፣ ንሳተን ኸኣ ኣካላዊት ነፍስን መንፈስን ኢየን። እታ ኣካላዊት ነፍሲ ብልምዲ ሕያዊት ኢልና ንጽውዓ ኢያ። እዚኣ ንኹሉ ኣካላትና ሕይወት እትህቦ ኢያ። እታ ካልኣይቲ ኸኣ መንፈስና ኢያ። እዛ መንፈስና ንኹሉ እቲ ኣእምሮናን ልሳንናን ዘቐመት ብልምዲ ለባዊትን ነባቢትን ኢልና ንሰምያ ኢያ። ብዙኃት ሊቃውንቲ ዝሰምምዕሉ ነገር እታ ብመልክዕ እግዚኣብሔር ዝተፈጥረት እታ መንፈስና ኢያ ይብሉ።

## ለ) ውድቀት ኣዳም

ኣዳም ኣብ ገነት ምስ ተፈጥረ፣ ካብ ኣምላኽ ሓደ ትእዛዝ ተቐቢሉ ነይሩ። ንሱ ኸኣ ከምዚ ዝብል ኢዩ፡- “እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፡ ካብ ኵሉ ኦም ገነት ከም ዝደሌኻ ብላዕ፡ ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ።” (ዘፍ 2፡ 16-17) እግዚኣብሔር ነዚ ትእዛዝ ክህቦ ከሎ፣ ምእንቲ ኣዳም ብፍቓዱን ምርጫኡን በቲ ዝተፈጥረሉ መልክዕ ኣቢሉ ናብ ምስሊ ኣምላኽ ንኽዓቢ ኢሉ ኢዩ። ናብ ምስሊ ኣምላኽ ክዓቢ እንተ ኮይኑ ኸኣ ግድን ምስ ኣምላኽ ኅብረት ክህልዎ ኣሎዎ። እቲ ካብ መጀመርታ ብመልክዕ ኣምላኽን ምስ ኣምላኽ ኅብረት ዘሎዎን ኮይኑ ዝተፈጥረ ኣዳም ናብ ምስሊ እግዚኣብሔር ኣቢሉ ዝዓቢ ግና ብተግባር ኣቢሉ ኢዩ። እቲ ተግባር ኸኣ ትእዛዝ እግዚኣብሔር ብምሕላው ኢዩ። ትእዛዙ ሓሊዩ ፍጹም ምስሊ ኣምላኽ ክለብስ ምእንቲ ኸኣ ኣብ ገነት ሓደ ትእዛዝ ሃቦ። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ከምዚ ይብል፡- “ኣምላኽ ነቲ ንደቂ ሰብ ዚሃቦ ጸጋ ካብ ፈለማ ብክልተ ኵነት ገይሩ ሓዚእዎ፡ ንሳቶም ኸኣ ሕግን ቦታን ኢዮም። ንሱ ኣብ ናቱ ገነት ኣንቢርዎም፣ ኣብ ልዕሊኦም ኸኣ ሓደ ትእዛዝ ኣቐሚጥሎም። እንተድኣ ነቲ እተዋህቦም ጸጋ ሓልይዎምዎን ነቲ ናይ መጀምርታ ንጽሕናኦም ዓቂቦምዎምን፣ እቲ ሓዘን፡ ሥቅያትን ጭንቀትን ዘይብሉ ሕይወት ገነት ናቶም ምኾነ፣ ብድኅሪዚ ድማ ኣብ መንግሥተ-ሰማይ ናይ ዘይሙማት ውሕስነትን ይውሃቦም። ካብ መገዱም ዘንቢሎምን ነውሪ ገይሮምን ነቲ ዝተወልድሉ ጽባቐ እንተደኣ ኣጥፊኦሞ ግና ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ተፈጥሮኣዊ ሕጊ ሞት ክወድቁ፣ ካብ ገነት ክባረሩን ካብኣ ወፂኦም ክሞቱ፣ ኣብ ሞትን ሙስናን ክቕጽሉ ኢዩ። ስለዚ’ዩ ቅዱስ መጽሓፍ ከምዚ ብምባል ብዛዕባ ትእዛዝ ኣምላኽ ዚነግረና “እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፡ ከምዚ ዝስዕብ እናበለ ኣዘዞ ‘ካብ ፍረ እቲ ኣብ ገነት ዘሎ ኦም ኵሉ ብላዕ። ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ዝበላዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ።’ ዘፍ 2፡16-17። ‘ካብኣ ዝበላዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ’ ብምባል ሞት ከም ዝመውት ጥራኅ ዘይኮነስ ኣብ ኵነት ናይ ሞትን ብልሸውናን ከም ዚነብር ነገሮ። ” (On Incarnation 1. 3)

ኣዳም ግና ብምኽሪ ናይ ሰይጣን ተታሊሉ ካብታ ኣይትብልዓያ ዝተባህለ ኦም በለስ ምስ በልዐ፣ ኃጢኣት ሰርሐ። ብሰሪ እዚ ዝሠርሖ ኃጢኣት ኸኣ ሞት ሞተ። “እግዚኣብሔር ንሰብ ዘይመዉት ገይሩ’ዩ ፈጢርዎ። ሞት ግና ብቕንኣት ሰይጣን’ያ ናብ ዓለም ዝኣተወት። እቶም ዝሞቱ ከኣ እቶም ናቱ ዘበሉ ጥራሕ’ዮም።” (ጥበብ ሰሎሞን 2: 23-24) እቲ ዝተዋህቦ ጸጋ ናይ ነፃ ምርጫ ተጠቂሙ ናብ ምስሊ እግዚኣብሔር ዝዓቢ፣ ብኣንፃሩ በቲ ዘይቅዱስ ሓሳብን ምኽርን ናይ ሰይጣን ተሓቢሉ ከም ኣምላኽ ንኽኸውን ኢየ ካብ ዝብል ትምኒት ተበጊሱ፣ ሞትን ሙስናን ኣብ ሕይወቱ ከም ዝነግሥ ገበረ። ቅዱስ ባስልዮስ ዓቢይ ነቲ ፍጻሜ ከምዚ እናበለ ይገልጾ፡- “ኣዳም ኣብ በሪኽ ዝተቐመጠሉ ጊዜ ነይሩ። ኣብ ቦታ ዘይኮነ ብነፃ ድልየት’ዩ። እዚ ዓይነት ሕይወት ምስ ተዋህቦ ናብ ገነት ኣቢሉ ይጥምት ነይሩ። በቲ ዝጥምቶ ዝነበረ ከኣ ኣዚዩ

ሕጉስ ነበረ። ነቲ ሓጐስን ዘለዓለማዊ ሕይወትን ዝሃቦ፣ ኣብ ማእከል ገነት ከም ዝሕጐስ ዝገበሮ፣ ከም መላእኽቲ ሥልጣን ዝሃቦ፡ ሕይወቱ ከም ናይ ሊቀ-መላእኽቲ ዝገበሮ ንኣምላኻዊ ቃል ክሰምዕ ዝፈቐደሉ ፈጣሪኡ ኣዚዩ የፍቅሮ ነይሩ። ነዚ ኵሉ ነገራት ብኣምላኽ ምስ ተሓዝኣሉ፡ ነቲ ኵሉ ዝተዋህቦ ጸጋ የስተማቕሮ ነይሩ። ብኵሉ ነገር ከኣ ምሉእ ነይሩ። በዚ ምዕጋብ ምስ ስኣነ ግና፡ ካብቲ ንመንፈሳዊ ጽባቐ ዝማርኽ ትርኢት ንላዕሊ ነቲ ንሥጋዊ ዓይኒ ዝማርኽ መሪጹ። ካብ መንፈሳዊ ሓጐስ ንላዕሊ ነቲ ንኽብዲ ዝዕንግል ነገር ኣብሊጹ ርኢዩ። ብኡንብኡ ከኣ ካብ ገነት ተሰጊጉ። ካብቲ ቅዱስ ሕይወት ተባሪሩ። ብስእነት ዘይኮነ ብሰንኪ ስስዔ ኣብ ኣበሳ ወዲቑ። ብሰንኪ እቲ ድኹም ነፃ ድልየት፡ ኃጢኣት ገይሩ። በቲ ኃጢኣት ከኣ ሞይቱ "ዓስቢ ሓጢኣት ሞት'ዩ" (ሮሜ *6:2*) ክሳብ ክንድኡ ካብ ሕይወት ረሓቐ፡ ማዕረ ማዕሪኡ ከኣ ናብ ሞት ቀረበ። ኣምላኽ ሕይወት'ዩ፡ ሕይወት ምስኣን ከኣ ሞት'ዩ። ብመሠረት እቲ ጽሑፍ "እንሆ እቶም ካባኻ ዝርሕቁ ኪጠፍኡ ኢዮም፡ ነቶም ካባኻ ዝዓልዉ ዘበሉ ከተጽንቶም ኢኻ። "(መዝ 73:27) ስለዚ ኣዳም ካብ ኣምላኽ ብምርሓቕ ንገዛእ ርእሱ ሞት ኣዳለወ።" (On the Human Condition 3: 7)

ኣዳም በቲ ዝበደሎ በደል፣ ነቲ ከም መላእኽቲ ዝነበረ ባሕርያቱ ናብ እንስሳዊ ባሕርይ ገጹ ከም ዝዝምብል ኰነ። ኣዕይንቱ ተኻፍታ እሞ ሕማቕን ጽቡቕን ፈለጠን ከይዱ ሕፍረቱ ሸፈነን። ልዕሊ ኵሉ ኸኣ ሞት ሞተ፣እዛ ሞት እዚኣ ካብቲ ሕይወት ዝኰነ እግዚኣብሔር ምፍላይ ኢያ። ብሰሪ ኃጢኣት ኸኣ ካብቲ ብጸጋ ኣቢሉ ተዋሂብዎ ዝነበረ ዘይመዋትነት ተቐንጠጠ። ኣምላኽ ኸኣ ከምዚ ዝብል ቃል :- "ናብታ እተፈጠርካላ ምድሪ ኽሳዕ እትምለስ፡ እንጌራ ብረሃጽ ገጽካ ኽትበልዕ ኢኻ። መሬት ኢኻ እሞ፡ ናብ መሬት ድማ ትምለስ" (ዘፍ 3፡19) ከም ውጽኢት ናይቲ ዝገበሮ ኃጥኣት ነገሮ። እዚ ጥራኅ ዘይኮነ፣ ብሰሪ ኣዳም ምድሪ ተረግመትን ጻዕሪ፣ ድኻም፣ ሓዘን፣ ሥቓይ ናብ ብሕርይ ወዲ-ሰብ ኣተወን። ኣዳምን ዘርኡን ኸኣ ንሞትን ሙስናን ተጋለጹ፣ ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ግዝኣት ኃጢኣት ብሞት ኣቢሉ ተገልጸ።(ሮሜ 5፡21) ቅዱስ ሳዊሮስ ዘኣንጻኪያ ከምዚ ይብል፡- "እቲ ፍጥረት ንኽንቱ ተገዚኡ ኣሎ፣ እንታይ ማለት ኢዩ፧ ብልሽው ኰነ ማለት ኢዩ። ብኽመይን ኣበይን፧ ብዛዕባኻ ብዛዕባ ወዲ-ሰብ ኢዩ። ምኽንያቱ፣ መዋትን ተሣቓይን ኣካል ስለ ዝተቐበልካ፣ ምድሪውን ስለ ዝተረግመትን እሸኹን ተኾርባን ስለ ዘፍረየት።(Letter XXVII https://www.tertullian.org/fathers/severus_coll_2_letters.htm) ኣብ መወዳእታ ኸኣ ኣዳምን ሔዋንን ካብ ገነት ወፂኦም ናብታ ዝተፈጥሩላ መሬት ተመሊሶም ክዓዩ ተፈርዱ።

## ሐ) ምሕላፍ መቕጻዕቲ ኃጢኣት ኣዳም ናብ ዘርኢ ኣዳም

ኣዳም ኣብ ገነት ከሎ ትእዛዝ ኣምላኽ ምስ ኣፍረሰ፣ ኵሉ እቲ ኣብ ልዕሊ ኣዳም ዝተፈርደ ፍርዲ ኵነኔ ናብ ዘርኢ ኣዳም ሓሊፉ ኢዩ። እቲ ኵነኔ ናብ ዘርኢ ኣዳም ኃሊፉ ክንብል ከሎና እቲ መቕጻዕቲ ደኣ እንበር እቲ ውልቃዊ ኃጢኣት ኣዳም ናብ ዘርኡ ይሓልፍ ማለት ኣይኰነን። ብዛዕባ ኃጢኣት ኣዳምን ጽልውኡን ቅዱስ ቄርሎስ ከምዚ ክብል ብንጹር የብርሃልና፡- "በደል ኣዳም ምሳና እንታይ ምትሕሓዝ ኣሎዎ፧ ኣዳም ኃጢኣት ክገብር ከሎ ዘይተወለድና ክነስና፣ ከመይ ኢልና በቲ ናቱ ኃጢኣት ተሓተቲ ንኸውን፧ ኣምላኽ'ዶ ከምዚ ኣይበለን ኢዩ፡[ "ኣቦታት ብኃጢኣት ደቆም ኣይሙቱ፡ ደቒ ከኣ ብኃጢኣት ኣቦታት ኣይሙቱ፡ ነፍሲ ወከፍ በብኃጢኣቱ ደኣ ይሙት።" (ዘዳ *24:16*)] ነቲ 'እታ ኃጢኣት እትገብር ነፍሲ ንሳ ኽትመውት ኢያ።' ዝብል ትምህርቲ ብኽመይ ክንድግፎ ኢና። ንሕና ብሰሪ ዘይምእዛዝ ኣዳም ኃጢኣተኛታት ዝኾንና በዚ ዝስዕብ ምኽንያት ኢዩ። ኣዳም ኣብ ኃጢኣት ድኅሪ ምዉዳቑ፡ ብብልሽዉና ተማረኸ። ዘይንጹሕ ትምኒት ነቲ ሥጋዊ ባሕርይኡ ተቘጻጸሮ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን፣ እቲ ክፉእ ሕጊ ናይ ሰብነትና ተወልደ። ብምኽንያት ዘይተኣዛዝነት ሓደ ሰብኣይ ንሱ ከኣ ኣዳም ባሕርና ብሕማም ኃጢኣት ተታሕዘ፣ በዚ ኸኣ ብዙኃት ሓጢኣተኛታት ኰኑ። እዚ ምስ ኣዳም ኮይኖም ኃጢኣት ስለ ዝገበሩ ኣይኰነን። ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ጊዜ

ኣይነበሩን፡ እንታይ ደኣ ብምኽንያት ኣብ ትሕቲ ሕጊ ኃጢኣት ዝወደቐ ተመሳሳሊ ባሕርይ ከም ኣዳም ስለ ዘለዎም'ዩ። ስለዚ፣ ከምቲ ብሰሪ ዘይምእዛዝ ብኣዳም ባሕርይ ወዲ-ሰብ ድኻም ናይ ብልሽውና ዝረኸበን ክፉእ ትምኒት ዝሓዞን፣ እቲ ተመሳሳሊ ባሕርይ፣ በቲ ኃጢኣት ዘይፈጸመን ንእግዚኣብሔር ኣቦ እዙዝ ዝኾነን ክርስቶስ ኣቢሉ ግና ነፃ ወጽአ።" (Homilies on the Romans 10) ኣብ ተመሳሳሊ ኣርእስቲ ቅዱስ ሳዊሮስ ናይ ኣንጾኪያ ብዛዕባ'ዚ ከብርህ ከሎ ከምዚ ይብል፦ "ካብ መወቲ ስድራ ስለ ንውለድ፣ መወቲ ኘኸውን። ካብ ኃጢኣተኛታት ዝኾኑ ስድራ ስለ ዝተወለድና ግና ኃጢኣተኛታት ኣይንኸውንን ኢና። ምኽንያቱ፣ ኃጢኣት ግዑዝ ኣይኮነን፣ ብምፍራይ ኸኣ ካብ ወለዲ ናብ ውሉድ ብተፈጥሮ ኣይሓልፍን ኢዩ።" . . . "ኃጢኣት ናይቶም ኣብ ሓደጋ ዘውደቑና፣ ተረድኦ ኃጢኣት ኣዳምን ሔዋንን ምስ ባሕርና ብተፈጥሮ ኣይተሓዋወሰን" (ቅዱስ ሳዊሮስ Excerpt from St Severus against Julian [http://www.stgeorgeministry.com/translation-st-severus-and-the-sinful-nature/](http://www.stgeorgeministry.com/translation-st-severus-and-the-sinful-nature/))

እቲ ንሕና ካብ ኣዳም ሒዝናዮ ንውለድ ዘነተ ባሕርይ፣ እቲ ብሰሪ ኣዳም ዝተፈርደ ፍርዲ ኢዩ። ንሱ ኸኣ ሞትን ሙስናን ኢዩ። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፦ "ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ኃጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብኃጢኣትውን ሞት፡ ኩላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሐለፈ። . . .ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ኽሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ኃጢኣት ዘይገበሩውን ሠልጠነ፡ ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ ኢዩ።" (ሮማ 5፡ 12, 14) እቲ ናብ ዅሉ ዘርኢ ኣዳም ዝሓልፍ ሞት ኢዩ ደኣ እንበር ውልቃው ኃጢኣት ናይ ኣዳም ኣይኮነን። እቲ ግዝኣት ናይ ኃጢኣት ብሰሪ ኣዳም ስለ ዝኣተወ፣ ኃጢኣት ብሞት ኣቢሉ ክገዝእ ጀመረ። "ሓጢኣት ብሞት ዝገዝኤ" (ሮማ 5፡ 21) በዚ ምኽንያት ኸኣ ኵሎም ኃጢኦም ክብሪ ኣምላኽ ስኢኖም ተባህለልና።

ሓደ ሕፃን ክውለድ ከሎ፣ ነቲ ዝወደቐ ባሕርይ ናይ ኣዳም ኂዙ ይውለድ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኸኣ ተመሳሳሊ ባሕርይ ከም ኣዳም ስለ ዘሎዎ ኢዩ። ኣዳም ክፍጠር ከሎ ዋላ ኣብቲ እዋን ኣይንበር፣ ዅልና ግና ካብ ዘርኢ ኣዳም ስለ ዝመጻእና፣ ተኻፊልቲ እቲ ዝወደቐ ባሕርይ ኢና። "ኣብቲ ቀዳማይ እዋን ብኣዳም ኣቢልና ተሰዓርናን ወደቕናን". . . "ብብልዒ ኣቢልና ኣብ ኣዳም ተሰዓርና" ቅዱስ ቄርሎስ ዘእስክንድርያ (Interpretation of the Gospel Saint Luke, sermon 12)

ሕፃናት እቲ ዝወደቐ ባሕርይ ሒዞም ይውለዱ እንተ ደኣ ኢልና፣ ዅሉ እቲ ንኣዳም ዝተፈርዶ ፍርዲ ዅነኔ ሒዞም ይውለዱ ማለትና ኢዩ። እቲ ሒዞሞ ዝውለዱ ኸኣ ዅሉ ኣቐዲምና ገሊጽናዮ ነይርና። ብመሠረት እቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፣ መዋትን ማሳንን ባሕርይ ዘሎዎ ኣካል ሒዞም ይውለዱ ማለት ኢዩ። እዚ ማለት ምስ ኣምላኽ ሕብረት ዘይብሎም፣ እቲ ካብ መጀመርታ ዝተፈጥረሉ መልክዕ ኣምላኽ ዝተበላሸወ፣ ናብ ምስሊ ኣምላኽ ክዓብዩ ዘይክእሉ፣ ውሉድነት ዘይብሎምን ኣብ ርስቲ ናይ መንግሥተ-ሰማይ ክወርሱ መሰልን ግደን ዘይብሎም ኮይኖም ይውለዱ ማለት ኢዩ።

ኣብዚ እዋን ከነስተውዕሎ ዘሎና፣ ሓደ ሓዲስ ትምህርቲ ኣብ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፣ ብጉልባብ ጉባኤ ሊቃውንቲ ተሰይሙ ዝቕልቀል ዘሎ ኣሎ። ንሱ ኸኣ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ምትሕልላፍ መቕጻዕቲ ኣዳም የልቦን ዝብል ኢዩ። እዚ ትምህርቲ እዚ ናይቲ ኣብ ቅድስት ቤተ-ክርስትያን ዝተወገዘ መናፍቕ ዝኾነ ፐላግዮስን ወደ-መዝሙሩ ዝነበረ ካሌስቲዮስን ([Caelestius](Caelestius)) ኢዩ። እዞም ክልተ ሰባት ኸኣ ኣብ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን ዝተወገዙ ሰባት ኢዮም። ኣብ ዝኾነ ጽሑፍ ናይ ቀዳሞት ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን ጉባኤ ቤተ-ክርስትያንን እንተ ርኢና፣ መቕጻዕቲ ኃጢኣት ኣዳም ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ምትሕልላፍ ኣቋሪጹ ኢዩ ዝብል የብልናን። ብኣንፃሩ መጽሓፍ ቅዱስ ክምህረና ከሎ፣ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፦ "ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ኽሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ሓጢኣት ዘይገበሩውን ሠልጠነ፡ ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ ኢዩ።" (ሮሜ 5፡ 14) ኣዳም ምስሊ ናይቲ ዅሉ ካብኡ ቀጺሉ ዝመጽእ ወለዶ ኢዩ። ኣብ ሓዲስ ኪዳን መቕጻዕቲ ኃጢኣት ኣዳም ኣይሓልፍን ኢዩ እንተ ኢልና፣ ጥምቀት እውን ትርጉም የብሉን ወይ ንምልክት ጥራሕ ኢዩ ንብል ከም ዘሎና ክርድኣና ኣሎዎ። ምኽንያቱ፣

ውድቀት ኣዳምን ጥምቀትን ቀጥታዊ ምትእስሳር ስለ ዘሎዎም። ካብቲ ቀዳማይ ኣዳም ከይተወለድካ፣ ካብቲ ካልኣይ ኣዳም ክትውለድ ስለ ዘይከኣል። እቲ ኣረጊት ሰብነት ከይሓዝካ፣ ምሕዳስ ሰብነት ኣየድልየካን ኢዩ። ስለዚ ነዚ ሓደገኛ ሓዲስ ትምህርቲ ክንጥንቀቐሉ ኣሎና። ቅዱስ ሳዊሮስ ዘእስሙናይን ብዛዕባ ውድቀት ኣዳምን ጥምቀትን ኣነጻጺሩ ክገልጽ ከሎ፣ እግዚኣብሔር ንቶም ቅድሚ ትንሣኤኡ ዝሞቱ ካብ ሲኦል ባዕሉ ከውፅኦም ከሎ፣ ንቶም ብሕይወት ዘለው ኸኣ ክድኅንሉ ዝኽእሉ ጥምቀት ሃቦም ኢዩ ዝብል። ብዝያዳ ኣብዚ መላግቦ ዘሎ መጽሓፍ ኣቲኻ ምሉእ ትሕዝቶኡ ከተንብቦ ትኽእል ኢኻ። [https://drive.google.com/file/d/1_lyhQifuXQClDE0gVBeFurtClXI6qZfF/view?usp=sharing](https://drive.google.com/file/d/1_lyhQifuXQClDE0gVBeFurtClXI6qZfF/view?usp=sharing)

## ፪ ሕፃናት ብጥምቀት እንታይ ይረኽቡ፧

ዕላማ ጥምቀት ንሕፃናት ከም ኵሉ ሰብ ካብቲ ብሰሪ ኣዳም ዝወደቖ ባሕርይ ክትንሥኡ ኢዩ። ንሥጋዊ ልደቶም ነቲ ቀዳማይ ኣዳም መሲሎም ስለ ዝውለዱ፣ ብመንፈሳዊ ልደቶም ነቲ ካልኣይ ክለብስዎ ግድነት የድልዮም። ምኽንያቱ እቲ ሞትን ሙስናን በቲ ቀዳማይ ኣዳም ናብ ባሕርይ ደቂ ሰባት ስለ ዝኣተወ ኵሉ እቲ ዝውለድ ሰብ ነቲ ዝወደቐ ቀዳማይ ኣዳም መሲሉ ኢዩ ዝውለድ። እዚ ማለት ኸኣ ከምቲ ልዒልና ዝጠቐስናዮ ምስ ኣምላኽ ኅብረት ዘይብሉ ኮይኑ ይውለድ። እታ ምስ ኣምላኽ ክትህልዎ ዘሎዋ ኅብረት ስለ ዘይብሉ ኸኣ ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝቕበሎ ኵሉ ርስትን ግደትን ክቕበል ዘይክእል ኮይኑ ኣሎ ማለት ኢዩ። ስለዚ፣ ጥምቀት ናብቲ ናይ ኣምላኽ ርስትን ግደትን ተኻፋሊ ምእንቲ ክኸውን እተኽእሎ፣ እታ ናይ መጀመርታ ኣፍ-ደገኡ ኢያ።

እቲ ቀንዲ ዕላማን ትርጉም ናይ ጥምቀት ምስ ክርስቶስ ሞይትካ ምትንሣእ ኢዩ። ዝኾነ ሰብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ክጥመቕ ከሎ፣ ኣብቲ ናይ ክርስቶስ ሞት ኅብረት ይፍጽም ኣሎ ማለት ኢዩ። ብኸመይ ኢዩ ምስ ናይ ክርስቶስ ሞት ዝኃብር፧ እንተ ደኣ ኢልና፣ ነቲ ብቀዳማይ ኣዳም ኣቢሉ ዝረኸቦ ኣረጊት ሰብነት ኂዙ ናብ ከርሲ ናይቲ ማይ ምስ ኣተወ፣ እቲ ማይ መቓብሩ ይኸውን፣ ካብቲ መቓብር ናይ ማይ ክወፅእ ከሎ ኸኣ ልክዕ ነቲ ካልኣይ ኣዳም ዝኾነ ክርስቶስ መሲሉ ይትሥእ። ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፡- “ወይስ ብክርስቶስ ኢየሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኹላትና ብሞቱ ኸም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እምብኣርሲ ኸምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ኻብ ምዉታት ዝተንሥአ፡ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ሕይወት ምእንቲ ኽንመላለስ፡ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና። ሞትና ንሞቱ መሲሉ ሕቡራቱ እንተ ኾንናስ፡ ከምኡ ኸኣ ብትንሣኤኡ ኽንሕብሮ ኢና። እቲ ዝሞተ ኻብ ኃጢኣት ሓራ ወጺኡ ኢዩ እሞ፡ እዚ ደጊም ንኃጢኣት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ኃጢኣት ሥጋ ምእንቲ ኺጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ኸም እተሰቕለ፡ ፈሊጥና ኣሎና።” (ሮሜ 6፡ 3 -7) ቅዱስ ቄርሎስ ናይ ኢየሩሳሌም እውን ነዚ ሓሳብ ብኸምዚ የብርሆ፡- “እታ ማይ ድኅነት ኣብ ሓደ ጊዜ መቓብርካን ወላዲትካን ነይራ” (*Catechetical Lectures* 20፡4). ክብል ብጥምቀት ኣብ ሓደ እዋን ሞትን ልደትን ከም ዝፍጸም የብርሃልና። ቀጺሉ እውን ከምዚ ይብል እዚ ኣቦ፡- “ሓደ ሰብ ጥምቀት ጸጋ ናይ ኅድገት ኃጢኣት ወይ እውን ብተወሳኺ ንውሉድነት፣ ከምቲ ናይ ዮሓንስ ጥምቀት ንንስሓ ጥራኅ ዝነበር ገይሩ ከይሓስብ። እንታይ ደኣ ጽቡቕ ገይርና ክንፈልጦ ዘሎና፣ ከምቲ ኃጢኣትና ዘጽርየልናን ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣባና ዘውህበናን፣ ኣብቲ ሥቓይ ናይ ክርስቶስውን ተሳታፍቲ ከም ንኸውን ይገብረና ኢዩ። በዚ ምኽንያት ጳውሎስ ዓው ኢሉ ብምጭራሕ ከምዚ ዝበለ፣ ‘ወይስ ብክርስቶስ ኢየሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኹላትና ብሞቱ ኸም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧’ ስለዚ ብጥምቀት ኣቢልና ናብ ሞቱ ምስኡ ንቕበር።” (Catechetical Lecture 20፡ 6) እዚ ዘረድኣና እንተ’ሎ ብጥምቀት ኣቢልና ምስ ክርስቶስ ጥራኅ ዘይኮንና ንመውት፣ ኣብቲ ሥቓይ ናይ ክርስቶስ እውን ተሳተፍቲ ኢና ንኸውን።

እቲ ብጥምቀት ኣቢሉ ካብ ከርሲ ማይ ሞይቱ ዝተንሥእ ሕፃን፣ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ኣብ ሕይወቱ ይፍጸሙ።

## ሀ) ውሉድ ኣምላኽ ይኸውን

ኣዳም ምስ በደለ ሞይቱ፣ እዛ ሞት እዚኣ ኸኣ ካብቲ ምንጪ ሕይወቱ ዝኾነ እግዚኣብሔር ከም ዝብተኽ ገይራቶ ፣ ኩሉ እቲ ብመልክዕ ኣቢሉ ዝረኸቦ ጸጋታት ተበላሽዩ (ልቢ በል! ተበላሽዩ ደኣ እንበር ጨሪሱ ኣይጠፍአን)፣ ምስ ኣምላኽ ዘሎዎ ኅብረት ተበቲኹ፣ በዚ ምኽንያት ውሉድነቱ ኣጥፊኡ። ስለዚ፣ ኩልና ዘርኢ ኣዳም ኸኣ ውሉድነት ዘይብልና ኰይንና ንውለድ፣ እንተኾነ ግን ብጥምቀት ኣቢልና ውሉድ ኣምላኽ ንኸውን። ጐይታና መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኒቆዲሞስ ክዛረቦ ከሎ ከምዚ ክብል ነጊርዎ ነይሩ፡- "ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ካብ ማይን መንፈስን እንተ ዘይተወልደ፡ ኣብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል የልቦን። ካብ ሥጋ እተወልደ ሥጋ ኢዩ፡ ካብ መንፈስ እተወልደ ኸኣ መንፈስ ኢዩ።" (ዮሓ 3፡ 5-6) እዛ መንፈሳዊ ውሉድነት ኣብቲ ርስቲ ናይ ኣምላኽ ግደን ብጽሒትን ከም ዝህልወና ትገብረና። እዛ ውሉድነት ዕርቡን ናይ ድኅነትና ኢያ። ምኽንያቱ ውሉድ ከይኰንካ ኣብቲ ርስቲ ወራሲ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ክረድኦ ኢዩ፣ ከምዚ ዝበለ፡- "ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ፡ ኣቦ፡ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም እተቐበልኹም እምበር፡ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቐበልኩምን፡ ስለዚ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ ኢዮም። ውሉድ ኣምላኽ ምዃንና ኸኣ እቲ መንፈስ ባዕሉ ኢዩ ምስ መንፈስና ኾይኑ ዚምስክር። ውሉድ ካብ ኰንናኸ፡ ወረስቲ ድማ ኢና፡ ንኣምላኽ ወረስቱ፡ ንክርስቶስ መዋርስቱ ኢና።" (ሮማ 8፡ 14-17) ንኣምላኽ ወረስቱ ንኸውን ናይ ጸጋ ውሉድነት ስለ ዘሎና ኢዩ። "ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም። ንሳቶም ከኣ ካብ ኣምላኽ እምበር፡ ካብ ደም፡ ወይ ካብ ፍቓድ ሥጋ፡ ወይ ካብ ፍቓድ ሰብኣይ ዘይተወልዱ ኢዮም።" (ዮሓ 1፡ 12 -13)

ቅዱስ ቀለሜንጦስ ናይ እስክንድርያ ብዛዕባ ጥምቀት ብልዝብ ዝበለ ኣገላልጻ ገይሩ ከምዚ እናበለ ይግልጾ፡- "ምስ ተጠመቕና፣ ብርሃን ኣባና ይበርህ፣ ምስ በራህና ውሉዳት ንኸውን። ውሉዳን ምስ ኰንና ፍጹማን ንኸውን፣ ፍጹማን ምስ ኰንና ኸኣ ዘይመወቲ ንኸውን። ኣነ ይብል ንሱ፣ 'ኣማልኽቲ ኢኹም፣ ኲላኻትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኹም በልኩ።' እዚ ዕዩዚ ኣብ ዝተፈላለየ ጸጋ፣ ብርሃን፣ ፍጽምናን ምሕጻብን ተባሂሉ ተጠቒሱ ኢዩ። ምሕጻብ፣ ኃጢኣትና እነጽርየሉ። ጸጋ፣ ብሰሪ ኣበሳ ዝመጽአ መቕጻዕቲ ዝሥረየሉ። ብርሃን፣ በቲ ቅዱስ ጨራ ናይ ድኅነት ዝረኣየሉ፣ ንሱ ኸኣ ንኣምላኽ ብንጹር እንርእየሉ ኢዩ።" (The Paedagogus, Book I chapter 6) እዚ ማለት ውሉዳን ምስ ኰንና እቲ ካብ መጀመርታ ብጸጋ ኣቢሉ ተዋሂቡና ሥልጣን ይምለሰልና። እዚ ሥልጣን'ዚ ኣብ ልዕሊ ፍጥረታት ጥራኅ ዘይኮነ ኣብ ገዛእ ርእስና እውን ኢዩ ነይሩ። እቲ ኣብ ውሽጥና ኮይኑ ናብ ምስሊ ኣምላኽ ክንዓቢ ዝመርሓና ኃይሊ ኣብ እዋን ጥምቀትና ዳግም ይውለድ። ቅዱስ ባስልዮስ ከምዚ እናበለ ይምህረና፡- "ይግዝኡ ማለት ንደቂ ሰባት ዝቁጥዑ፣ ዝሓዝኑ፣ ዝረኽሱ ክንከዉን ኣይኰነን። ስምዒት ኣብቲ መልክዕ እግዚኣብሔር እትዉ ኣይኰነን። ኣተሓሳስባ ግና ጐይታ ስምዒት'ዩ። ንዓሳታት ባሕሪ ይግዝኡ። ኣብቲ ዝተፈጠርካሉ ጊዜ ገዛኢ ኸኣ ኴንካ. . . ይግዝኡ. . . ካብ ኣምላኽ ተቐቢልካዮ። ኣብ ብራና ወይ ወረቐት ዝተጻሕፈ ኣብ ኣዋርሕ ዝበርስ ኣይነበረን። ነገር ግን ባህርኻ ብኣምላኻዊ ቃል ዝተጻሕፈ "ይግዝኡ" ዝብል'ዩ። . .ብመጀምርታ ናይ ሥልጣን ኃይሊ ተዓደለካ . . . ኦ! ወዲ- ሰብ ንስኻ ገዛኢ ኢኻ። ስለምንታይ ደኣ ንስሚዕትካ ከም ባርያ ኴንካ ትግዛእ፤ ስለምንታይ ነቲ ናትካ ክብሪ ደርቢኻ፡ ባርያ ናይ ኃጢኣት ኴንካ፤ ብምንታይ ምኽንያት ንገዛእ ርእስኻ ናይ ዲያብሎስ እስርቲ ገበርካያ፤ ንስኻ ገዛኢ ፍጥረታት ክትከዉን ዝተሓጸኻ ኢኻ። ክብሪ ናይ ባህሪኻ ግና ባዕልኻ ነጸግካዮ........ስለ'ዚ "ንሰብ ንፍጠር፡ ይግዛእ ከኣ" ኣብ'ቲ ኃይሊ ናይ ሥልጣን ዘለዎ፡ መልክዕ እግዚኣብሔር ኣለዎ።" (On The Human Condition 1,8) ስለዚ ብጥምቀት ኣቢልካ ዝረኸብካዮ ኃይሊ፣ ንውዲት ዲያብሎስን መናፍስቱን ክትቃወምን ክትስዕርን ሥልጣን ዘሎካ ትኸውን።

## ለ) መንፈሳዊ ግዝረት ይግዘሩ

ኣብ ብሉይ ኪዳን ሥጋዊ ግዝረት ናይቶም ደቂ ኣብርሃም ዝኾኑ ሕዝቢ ምልክት ነይሩ። ካብ ኣካላት እቶም ደቂ ኣብርሃም ሥጋ ተቖሪጹ ይመውት፣ ብድኅሪ'ዚ ኣብቲ ኪዳን ናይ ኣብርሃም ብግዝረት ኣቢሎም ይሳተፉ። እዚ ነቲ ናይ ሓዲስ ኪዳን ምሳሌ ወይ ጽላልት ኢዩ። ክርስቶስ ከም ሕጊ ናይ ኣይሁድ ከም ተስፋ ናይ ኣብርሃምን ብሥጋ ዝተገዝረ፣ ንዓና

ግና ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ክቡር ደሙን ንጹሕ ሥጋኡን መሥዋዕቲ ብምቕራብ ነታ ዘይትበርስን ዘይትቕየርን መንፈሳዊት ግዝረት ሃበና። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፡- "ነቶም ጽድቂ ምእንቲ ኪቝጸረሎም ኢሎም ከይተገዝሩ ኸለዉ ዚኣምኑ ዂሎም፡ ኣቦኦም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ንማኅተም እታ ብዘይግዝረት ከሎ ዝረኸባ ጽድቂ እምነት ናይ ግዝረት መፈለጥታ ተቐበለ።" (ሮሜ 4፡ 11)

ከምቲ ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮ፣ ብዘሎ እቲ ኣካል ናብቲ ከርሲ እቲ መጥመቒ ማይ ምስ ኣተወ፣ እቲ ሰብነት ምስ ክርስቶስ ይመውት እሞ፣ ካብቲ ሓንሳብ ምስ ሰተኻዮ ዘይተጽምኦ ማይ ሕይወት ብጸጋ መንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ ይቕበል። ክርስቶስ ነታ ሳምራዊት ሰበይቲ ብዛዕባ ማይ ሕይወት ዝበላ ቃል እንተ ደኣ ዘኪርናዮ እቲ ሓቂ ኣብኡ ንረኽቦ። ጐይታ ከምዚ ኢልዋ ነይሩ፡- "እቲ ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዚሰቲ ግና፡ እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለዓለም ሕይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኸውን ኢዩ እምበር፡ ንዘለዓለም ኣይጸምእን ኢዩ።" (ዮሓ 4፡ 14) ፈልፋሊ ማይ ሕይወት ምእንቲ ክትከውን ብጥምቀት ኣቢልካ ማኅተም ናይ ክርስትና ካብ እግዚኣብሔር ተቐበልካ። ሓዋርያ ጳውሎስ እውን ነዚ መንፈሳዊ ግዝረት ብኸምዚ ይገልጾ፡- "ንስኻትኩም ድማ ብግዝረት ክርስቶስ ነቲ ናይ ሥጋ ሰብነት ቀንጢጥኩም ብኢድ ብዘይኮነት ግዝረት ብእኡ ተገዘርኩም።" (ቆሎ 2፡11) ኣብዚ ቅዱስ ጳውሎስ ናይ ሥጋ ሰብነት ዝብሎ ዘሎ፣ እቲ ሙውት ሰብነት፣ ኣብ ገለ እውን እቲ ናይ ኃጢኣት ሰብነት ዝብሎ ኢዩ። ስለዚ፣ ምቕንጣጥ እቲ ሙውት ወይ ኃጥእ ሰብነት ኢዩ እቲ መንፈሳዊ ግዝረትና። ኣብ ካልእ መልእኽቱ እውን ብኸምዚ ይገልጾ፡- "እቲ ዝሞተ ኻብ ኃጢኣት ሓራ ወፂኡ ኢዩ እሞ፡ እዚ ደጊም ንኃጢኣት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ኃጢኣት ሥጋ ምእንቲ ኺጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብነትና ምስኡ ኸም እተሰቕለ፡ ፈሊጥና ኣሎና።" (ሮማ 6፡ 6-7) እቲ ኣረጊት ሰብነት እንብሎ ዘሎና ብኣዳም ኣቢሉ ኃጥእን ማሳንን ዝኾነ፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናይ ኃጢኣት ዝወደቐ ኢዩ። ስለዚ ብጥምቀት ኣቢልና ኣባላት ናይታ ክርስቶስ ዝርእሳ ዝኾነት ቅድስት ቤተ-ክርስትያን ንኸውን። ኣባላት ጥራኅ ዘይኰንና ንኸውን፣ ንክርስቶስ ብዂለንተናና ንለብሶ። "ከመይ ብክርስቶስ ዝተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስክምዎ ኢኹም" (ገላ 3:27) ንክርስቶስ ከይለበስና ናብ ምስሊ እግዚኣብሔር ክንዓቢ ኣይንኽእልን ኢና። መንፈሳዊ ግዝረት ናይቲ ተስፋ መንግሥተ-ሰማያት ምልክት ኢዩ። ብዘይካኡ ኸኣ ኣፍ-ደገ መንግሥቲ ኣምላኽ ክራሓወልካን፣ ምስሊ ወዲ-ኣምላኽ ክተንጸባርቕን ክትለብስንውን ኣይትኽእልን ኢኻ። "ንሕና ዅላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፡ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ኻብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።" (2ይ ቆሮ 3፡ 18)

## ሐ) ምሕዳስ ባሕርያት ብመልክዕ እግዚኣብሔር

ኣዳም ምስ ወደቐ መልኽዑ ተበላሸወ ኢልና ኣቐዲምና ኣንቢብና ኔርና። እዚ ብውድቀት ኣዳም ዝተበላሸወ ናይ ደቂ-ሰባት መልክዕ እግዚብሔር፣ በቲ ንዋጋ ዕዳና፣ ንገዛእ ርእሱ መሥዋዕቲ ገይሩ ዝኸፈለ ኣምላኽ ናብቲ ቐዳማይ ክብሩ ተመሊሱ። "ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን ኢዩ ዘድኃነና እምበር፡ ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኰነን።" (ቲቶ 3፡5) እቲ ምሕጻብ ሓዲሽ ልደት ተባሂሉ ዘሎ ንምሥጢረ ጥምቀት ክኸውን ከሎ፣ እቲ ምሕዳስ ተባሂሉ ዘሎ ኸኣ ነቲ ካብ መጀመርታ ተዋሂቡና ዝነበረ ጸጋን ቅድስናን ብኣዳም ኣቢሉ ስለ ዝዓነወ መንፈስ ቅዱስ ካብ መሠረቱ ኣሓዲሱ ሓዲስ ፍጥረት ከም ዝገበረና'ዩ ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ ዝምህረና።

ቀዳሞት ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን ነዚ ምሕዳስ ብመልክዕ እግዚኣብሔር ብሥእልን ሠኣላይን ገይሮም ይገልጽዎ። ቅዱስ ኣትናቴዎስ ናይ እስክንድርያ ብዛዕባ'ዚ ክምህር ከሎ ከምዚ ይብል፡- "ሓደ ኣብ ሰሌዳ እተሣእለ ሥእሊ፡ ብደጋዊ ርስሓት እንተ ተበላሽዩ ከመይ ከም ዝኸውን ትፈልጥ ኢኻ። እቲ ሠኣላይ ነቲ ናይ ሥእሊ ሰሌዳ ኣይድርብዮን ኢዩ፡ እንተኰነ ግና ትሕዝቶ ናይቲ ስእሊ ክምለስን ዳግማይ ክሰፍርን ስለ ዘሎዎ፡ ብድኅርዚ ነቲ ምስሊ ኣብቲ ሰሌዳ ዳግማይ ይስእሎ። ከምኡውን እቲ ልዕሊ ኵሉ ቅዱስ ዝኾነ ወዲ ኣምላኽ ኣብኡ ከምኡ ኢዩ። ንሱ፡ እቲ መልክዕ እግዚኣብሔር ኣቦ ዝኾነ፡ ምእንቲ ነቲ ብመልክዑ ዝተፈጥረ ወዲ-ሰብ ከሐድሶን ነታ ዝጠፍኤት በጊዕ ክደልን፣ መጺኡ ኣብ ማእከልና ተመላለሰ። ከምቲ ኣብ ወንጌል እውን "ወዲ ሰብ ንጥፉእ ኪደልን ኬድኅንን ኢዩ ዝመጸ" (ሉቃ 19፡10) ዝበሎ። ነቶም ኣይሁዳውያን ዝተዛረቦ እውን ነዚ ይገልጸልና'ዩ "ኢየሱስ ድማ 'ሰብ ካልኣይ ጊዜ እንተ ዘይተወልደ ..." (ዮሓ 3፡ 3)። ንሱ፣ ከምቲ ንሳቶም ዝሓስብዎ ብዛዕባ ናይ

ሰብ ተፈጥሮኣዊ ልደት ካብ ኣደ ኣይኲነን ዝጠቕስ ዘሎ፡ እንታይ ደኣ ብዛዕባ ዳግማይ ልደትን ዳግማይ ፍጥረትን ናይ ነፍሲ ብመልክዕ ኣምላኽ ኢዩ ነይሩ” (On the Incarnation 3: 14) ክብል ነፍስና ብጥምቀት ኣቢላ ናብቲ ቀዳማይ መልክዕን ከም ምስሊ ኣምላኽ ኰይና ከም ትውሉድ ኢዩ ዘብርሃልና። ካልእ ካብ ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን ዝኾነ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘኑሲስ እውን ነዚ ሓቂ’ዚ መሊሱ ይደግሞ፦ “ደቂ ሰባት መልክዕ ናይቲ ብሉጽ ባርኾት ኢና። . . . እንተኾነ ግና ኃጢኣት ኣርሲሑናን ነቲ መልክዕ ኣምላኽ ኣብ ደቂ-ሰባት ኸኣ ኣበላሽዎን። በዚ ምኽንያት ከምቲ ክንኰኖ ዝግብኣና ብመልክዕ ኣምላኽ ኣይኰንናን። ግና ክርስቶስ በቲ ናቱ ናይ መጽረይ ተግባር ንሱ ኸኣ ሕያው ማይ ምስ መጽአ (እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለዓለም ሕይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኸውን ኢዩ እምበር፡ ንዘለዓለም ኣይጸምእን ኢዩ። (ዮሓ 4፡ 14) እቲ ዘፍርህ ረስሓት ኃጢኣት ተሓጽበ፣ እቲ መልክዕ ኣምላኽ ኸኣ ተመልሰ።” (sermons on the beatitude 1)

ስለዚ ሓደ ሕፃን ክጥመቕ ከሎ፣ ናብቲ ኣዳም ቅድሚ ምብዳሉ ዝነበሮ ኵነት ህላዌ ይምለስ ኣሎ ማለት ኢዩ።ኣስተውዕል ኵነት ደኣ እንበር ባሕርይ ኣይኰናን ንብል ዘሎና። ምኽንያቱ፣ ባሕርይ ካብ መጀመርታ ምስ ተፈጥረ ኣይተለወጠን፣ እቲ ዝተለወጠ ኵነት ህላዌ ኢዩ። ክብሪ ንጉይታና ይኹን፣ እቲ ኵነት ህላዌ ኸኣ ብንሕና ዝሰራሕናዮ ግብሪ ጽድቂ ዘይኮነ፣ በቲ ኣምላኽ ኣባና ዝገበሮ ፍቕርን ምሕረትን ኣቢሉ ተመልሰልና። ነዚ ዝተመልሰና መልክዕ ከምቲ ቀዳማይ ኣዳም ከይነበላሽዎ ግና ጥንቃቔ የድልየና። “ንስኻትኩም፡ ነቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ግብሩ ቐንጢጥኩም፡ ከምቲ ምስሊ እቲ ዝፈጠሮ ጌርኩም፡ ነቲ ንፍልጠት ዚሕደስ ሓድሽ ሰብ ዝለበስኩም፡ ንሓድሕድኩም ኣይትተሓሳሰዉ።” (ቈሎ 3፡9)

### መ) ሥርየተ ኃጢኣት ይረኽቡ

ሓደ ሕፃን ክጥመቕ ከሎ፣ ሥርየተ ኃጢኣት ይረኽብ። ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል፦ “ጴጥሮስ ከኣ፡ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኹሎም፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዚጽውዖም ዘበሉን ኢዩ እተዋህበ እሞ፡ ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ንኅድገት ኃጢኣት ይጠመቕ፡ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም በሎም።” (ግ.ሓ 2፡38-39)

ሓደ ሕፃን ብተግባር ዝገበሮ ኃጢኣት ዘይብሉ፣ ከምኡውን ናይ ኣዳም ውልቃዊ ኃጢኣት እንተ ደኣ ዘይወረሱ፣ እቲ ዝሥረየሉ ኃጢኣት ኣየናይ ኢዩ፤ ዝብል ሕቶ ክነልዕል ንኽእል ኢና። ሓደ ከም መሠረታዊ ክንፈልጦ ዘሎና፣ እቲ ኃጢኣት ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ እንታይ ኢዩ ምፍላጥ ከድልየና ኢዩ። ኣብቲ መጽሓፍ ሓዲስ-ኪዳንን ዝበዝኄ ናይ ቀዳሞት ኣቦታት ዝተጻሕፈሉ ቋንቋ ጽርኢ እንተ ደኣ ርኢና፣ እታ ኃጢኣት እትብል ቃል ብሾብዓተ ቃላት ኢያ ትግለጽ። ካብተን ሾብዓተ እተን ክልተ እንተ ደኣ ወሲድና፣ ነዘን ዝስዕባ ቃላት ይጥቀሙ፦ Hamartema (ham-ar'-tay-mah) ሓማርቴማ፣ ንውልቃዊ ተግባራዊ ኃጢኣት ዝገልጽ ቃል ኮይኑ፣ ኣምላኻዊ ሕጊ ምጥሓስ ማለት ኢዩ። ብዙኅ ጊዜ እቶም ቀዳሞት ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን ነቲ ኣዳም ኣብ ገነት ኮይኑ ዝገበሮ ኃጢኣት ክገልጹ ከሎው ‘ኃጢኣት ኣዳም’ እናበሉ ዝጥቀሙላ ዝነበሩ ቃል ኢያ። እዚ ማለት ኸኣ ናይ ኣዳምን ሔዋንን ናይ ውልቆም ኃጢኣት ንምግላጽ ኢዩ። እዛ ቃል ኣብ ሓዲስ-ኪዳን ኣርባዕተ ጊዜ ጥራኅ ተጻሒፋ ንረኽባ። (ማር 3፡28 / 4:12 (2 ጊዜ)፣ ሮማ 3፡ 25 (1 ጊዜ)፣1ይ ቆሮ 6፡18 (1 ጊዜ))

እታ ካልኣይቲ Hamartia (ham-ar-tee'-ah) ሓማርቲያ፣ **ነቲ ክትረኽቦ ዝተዳለወካ ወይ ዝተቐረበልካ ነገር ከይረኸብካዮ ክትተርፍ ከሎኻ ወይ ውድቀት እውን ክንብሎ ንኽእል።** ብቋንቋ እንግሊዝኛ “To miss the mark” ዝብል ትርጕም ይወሃባ።ነዛ ቃል ሓዋርያ ጳውሎስ ብድኅሪ ውድቀት ኣዳም ኣብ ደቂ-ሰባት ዘጋጠመ ኵነት ናይ ኃጢኣት ንኽገልጽ ብብዝኂ ይጥቀመላ። ኣብ ሓዲስ-ኪዳን ኸኣ ከባቢ 37 ጊዜ ኣቢላ ተጠቒሳ ኣላ። ከም ኣብነት ኣብ ሮሜ 5፡12 እንተ ደኣ ወሲድና፣ ሓዋርያ ጳውሎስ ነዛ ቃል ክጥቀመላ ከሎ፣ ነቲ ቅድሚኡ ዘይንፈልጦ እንተኰነ ኣዳም ምስ በደለ ኣባና ዝተገልጸ ኃይሊ (Apoclyptic power) ከብርህ ስለ ዝደለየ ኢዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ይዛረብ፦ “ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ኃጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብኃጢኣትውን ሞት፡ ኲላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኵሉ ሰብ ሐለፈ።” ቀጺሉ ኸኣ ከምዚ

ይብል፦ “እምብኣርሲ እቶም ብዙኃት በቲ ዘይምእዛዝ ሓደ ሰብኣይ ኃጥኣን ከም ዝኾኑ” (ሮሜ 5፡18) ክብል እውን ኵሉላትና ብኣዳም ኣቢልና ኃጥኣን ከም ዝኾንና ብዘየዋላውል ቃል ይገልጾ። እዚ ማለት ኵልና ንኃጢኣት ግሉጻትን ኣብ ትሕቲ ምርኮ ኃጢኣትን ኰይንና ንውለድ ማለት ኢዩ። ምኽንያቱ፣ ካብቲ ብኣምላኽ ተዋሂቡና ዝነበረ ሕይወት ወፂእና ናብ መገዲ ሞት ስለ ዝተጓዓዝና፣ ኃጢኣት ብሞት ኣቢሉ ኣባና ምሉእ ሥልጣን ዘሎዎ ኮይኑ ተገሊጹ። “ከምቲ ኃጢኣት ብሞት ዝገዝኤ፡ ጸጋውን ከምኡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ብጽድቂ ንዘለዓለም ሕይወት ኪገዝእ ኢዩ።” (ሮማ 5፡ 21) ድኅሪ ውድቀት መወቲን ማሰንትን ስለ ዝኾንና፣ እቲ ናብ እግዚኣብሔር ዝወስድ መገዲ ተዓጽዩና። ከም ውጽኢት ናይዚ ኸኣ ኵሎም እቶም ከም ኣዳም ኃጢኣት ዘይገበሩ ዘበሉ እውን ከይተረፈ ናብ ሲኦል ተፈርዱ።

ኣብዚ ከነስተውዕሎ ዘሎና ግና እቲ ዝሓልፍ ሞት ደኣ እንበር ኃጢኣት ኣይኰነን።ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ብዛዕባ እቲ ብዙኃት በቲ ዘይምእዛዝ ሓደ ሰብኣይ ኃጥኣን ከም ዝኾኑ ንዝብል ጥቕሲ ናይ ቅዱስ ጳውሎስ ከብርሆ ከሎ፣ ከምዚ እናበለ ይገልጾ፦ “እዛ ኣብዚ ‘ኃጥኣን’ እትብል ዘላ ቃል እንታይ ኢዩ ትርጕማ፤ ንዓይ ከም ዝርድኣኒ ንፍርዲ ዝተቓልዐን ንሞት ዝተፈርደን ማለት ኢዩ። ኣብዚ ሕጂ ብናይ ኣዳም ሞት ኵልና መወቲ ከም ዝኾንና ብንጹርን ብሰፊሕን ገይሩ የርእየና።” (Homilies on Romans 10)

ስለዚ፣ መጀመርታ ክንውለድ ከሎና ንኃጢኣት ሕያዋን፣ ንጽድቂ ኸኣ ሙውታን ኰይንና ንውሉድ። ምስ ተጠመቕና ኸኣ ብኣንፃሩ ንጽድቂ ሕያዋን፣ ንኃጢኣት ኸኣ ምውታት ኰይንና ዳግማይ ንውለድ። ስለዚ ጥምቀት ንሕፃናት ካብ ፍርዲ ሞትን ጽልዋ ኃጢኣትን ነፃ ኮይኖም ምስ ኣምላኽ ኅብረት ዘሎዎም ክኾኑ ይድግፎም። እቲ ሥርየተ ኃጢኣት ዝተባህለሉ ምኽንያት ኸኣ ካብ ሥልጣን ኃጢኣት ወፂኦም፣ ናብ ብርሃንን ሕይወትን ስለ ዝሰጋገሩ ኢዩ። ቅዱስ ቄርሎስ ከምዚ ይብል ፦ “ዝኰነ ሰብ እንተ ደኣ ዘይተጠሚቑ፣ ድኅነት የብሉን። ካብዚ ፍሉያት ዝኰኑ ሰማዕታት ጥራኅ ኢዮም። ብዘይ ማይ ከይተረፈ፣ ጥምቀት ይረኽቡ። ምኽንያቱ መድኃኒና ሰማዕትነት ጥምቀት ስለ ዝበሎ። (ማር 10፡38) .... ኃጢኣትካ ጸይርካ ናብ ከርሲ ማይ ትኣቱ፣ እንተኰነ እቲ ዝወርድ ጸጋ ንነፍስካ ይኃትማን ብድኅር'ዚ በቲ ዘፍርህ ኣራዊት ንኽትውሓጥ ኣይሓድገካን። ብኃጢኣት ሙውት ኴንካ ናብ ታሕቲ ትወርድ፣ ደኃር ግና ብጽድቂ ሕያው ኴንካ ትትንሥእ።” (*Catechetical Lectures* 3:10,12).

ኣብዚ ክንርስዖ ዘይብልና ኣብቶም በጽሒታት ኮይኖም ዝጥመቑ ሰባት ግና ካብቲ ተግባራዊ ኃጢኣትን መቕጸዕቲ ኃጢኣት ኣዳምን ሥርየተ ኃጢኣት ይረኽቡ።

**(ዲያቆን ሓበን ደጀን)**

**“እቲ ኣቦ ዓለማት ዝኾነ ወዲ ኣለዎ፡ ንሱ እንኰ ቃል ኣምላኽ ኢዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ብመልክዕ ሓውን ብምስሊ መልኣኽን ንሙሴን ካልኦት ነቢያትን ዝተገለፀሉ ኢዩ። ሕጂ ግና ከምቲ ዝበሎ ካብ ድንግል ሰብ ኰነ”**

**(ዮስጢን ሰማዕት)።**

